# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 30 ጉንበት 2012 ዓ/ም ሕታም 632 ብነፃ ዝዕደል



ኣብ ቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሚኪኤለ ምሩፅ

## ኣብ ዝቕፅሉ ኣዋርሕ ዕስለ ኣምበጣ ክርአ ስለ ዝኽእል ኩሉ ሓረስታይ ቅድመ ምድላው ክገብር ይግባእ ተባሂሉ

ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ኣብ ዝቕፅል ኣዋርሕ ዕስለ ኣምበጣ ክጋጥም ስለዝሽእል ጎናጎኒ ምክልኻል ኮሮና ቫይረስ ሓረስታይ ክልልና ዝግባእ ቅድመ ምክልኻል ክገብር ከምዘለዎ ቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



ኣብ ሬጂስትራር ሆስፒታል ዓይደር መራሒት ጉጅለ ወ/ሮ ኣስኳል ገብረትንሳኤ

## ዕለታዊ ምንቅስቓስና መልክዕ ክሕዝ ይግባእ ተባሂሉ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

እኩብ ንጥፈታት እኩብ ሞት ከስዕብ ስለ ዝኽእል፣ ኣብ ኣብዛሓ ከባቢታት ክልልና፣ ንሕማም ኮረና ቫይረስ ዘጋድድ፣ ዕሽሽታ ዝተመልአ ዕለታዊ ምንቅስቓስናን ምትእኽኻብናን መልክዕ እንተዘይገርናሉ፣ ሰፍ ዘይብል ዋጋ ከኽፍለና ምኳኑ ገለ ነበርቲ ከተማ መቐለ ገሊፆም፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ ትእምት ንምምካት ቫይረስ ኮሮና ልዕሊ 28 ሚልዮን ብር ደገፍ ጌሩ፡፡

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ትእምት ፈረ-ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብምዃናን ትእምት ካብ ዝተጣየሸትሎም ቀንዲ ዕላማታት ብምኽንያት ሰብን ሰራሕን ተፈጥሮን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሑ ሓደጋታትን ማሕበራዊ ፀገማትን ንምፍታሕ ንዝንቀሳቐሱ ኣካላት ብቀጥታን ተዘዋዋርን ምድጋፍ ምሃብ እዩ፡፡

ሓላፊ ክፍሊ ኮምኒኬሽን ቤት ፅሕፈት ትእምት ኣይተ ወልዳይ ገ/መድህን ከምዝበልዎ ትእምት ነቲ ብብርኪ ዓለም ከቢድ ሰብኣውን ማሕበረ-ቑጠባውን ቅልውላው እናብፀሐ ዝርከብ ቫይረስ ኮሮና ንምምካት ልዕሊ 28 ሚልዮን 333 ሽሕን 976 ብር ደገፍ ገይሩ። እቲ ደገፍ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ምስ ኩባንያታት ትእምት ተዋዲደን ዝገበረኦ ኮይኑ፣ ካብቲ ዝተገበረ ደገፍ እቲ 14.7 ሚሊዮን ብር ብመሰረት ሕቶ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ንመግዝኢ ኣፋውስ፣ ፍሉያት ዓራውትን ኣንሶላን ዝወዓለ ምኳኑ ገሊፆም።

ብተወሳኺ ኣብ ክልልናን ክልል ዓፋርን ቫይረስ ኮሮና ከይስፉሕፉሕ ንምምካት ዝሕግዙ መከላኸሊ ናውቲ ንምምላእ ዝወዓለ እዩ ምስበሉ እቶም ሓላፊ፤ እቶም መከላኸሊ ናውቲ ብምኽንያት ስርሖም ብፍሉይ ነቲ ሕማም ክቃልዑ ንዝኽእሉን ዓቕሚ ንዘይብሎምን ወገናት ማእኸል ዝገበረ ምዃኑን ሕፅረት ማይ ከየጋጥም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝትከሉ ቀወምቲ ገንእታት ማይን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብመኪና ዝንቀሳቐሱ ቦጣትን ንምስራሕ ዝወ ዓለ ምኳኑ ሓቢሮም።

በዚ መንፅር ቅድሚ ሕዚ ኣብ ህዝቢ ትግራይን ሃገርናን ኣጋጢሞም ንዝነበሩ ሰብ ሰራሕን ተፈጥራውን ሓደጋታት ንምክልኻል ትእምት ግቡኣ እና ፈፀመት ምምፃኣን፤ ሕዚ'ውን ቫይረስ ኮሮና ኣዝዩ ሓደገኛን ከም ህዝቢ ከፅንተና ዝኽእል ብምዃኑ ትእምት ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ይግበር ዘሎ ርብርብ ካብ ዝኾነ ግዘ ንላዕሊ ምስ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኮይና ታሪኻዊ ብፅሒታ ንምብርካት ኩሉ ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ትእምት ድሉው ምዃኑን፤ ልዕሊ ድሕንነት ህዝቢ ዝስራፅ ካሊእ ውራይ ስለዘየለን ሃፍቲ ትእምት፣ ሃፍቲ ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ፤ ንቐፃሊ ዝህልዉ ኩነታትን ምዕባለታትን እናረኣየት ትእምት ደገፍ ክትገብር ምኳና ገሊፆም።



## ብልዕሊ 20 ሚልዮን ብር ዝተኣደጋ 2400 ኮምፒዩተራት ን50 ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዝተወሃበ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣፍሊጡ።

ብተስፋልደት ገ/ማርያም

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘቃልላ ንኣጠቓቕማ ዝምችዋ ዝኾና 2400 ቨርቹዋል ኮምፒዩተራት ን50 ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ተባፅሐ ምህላዋ ተገሊፁ።

መተሓባበሪ ትምህርቲ ቴክኖሎጂ ማሕበር ልምዓት ትግራይ መምህር የማነ ካሕሳይ ከምዝገለፅዎ፤ ማልት ኣብቶም ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት 6 ህንፀተን ብምዝዛም ንግልጋሎት ክበቅዓ ዝገበረት ኮይና ተወሰኽቲ 18 ድማ ኣብ ከይዲ ህንፀት ዝርከባ ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ትሃንፅ ከምዘላ ፣ 36 ማእኸላት ቨርቸዋል ኮምፒዩተር፣ 36 ድማ ኦፍ ላይን ዲጅታል ላይብረሪን ብምጥያሽ ተምሃሮ ብኣተሓሳስባ፣ ክእለትን ፍልጠትን ዝህነፅሉ ዕድል ፈጢራ እያ።

ሐዚ እውን እታ ማሕበር ትምህርቲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘበናዊ ንስግግር ዝዓለመ ብልዕሊይ 20 ነጥቢ 4 ሚልዮን ብር ዝተዓደጋ 2400 ኮምፒዩተራት ናብ 50 ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ይባፃሕ ምህላው እቶም መተሓባበሪ ገሊፆም ።

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል

ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።

Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/

Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau

Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB

ወጋሕታ ምዕራፍ ብራኸ ትግራይ ንኪጋሃድ፣ ኮሮና ቫይረስ ንመክት !

# ቅንያት ወረዳታት

ምውዳድ ብተሻለ ገ/ሄር

## ሓውዜን

ኣብ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ዝቕፅል ክራማት ልዕሊ 1.4 ሚሊዮን ፈልሲ ንምትካል ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ዝመፅእ ዘሎ ክራማት ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ዝተፋላለዩ ዓሌት ፈልሲታት ንምትካል ምድላው ይውገን ከም ዘሎ፣ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ገጠርን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ።

መተሓባባሪ ልምዓት ሓለዋን ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮን ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ወረዳ ሓውዜን ኣይተ ገ/መድህን ሃ/ስላሰ ከም ዝሓበርዎ፣ ኣብታ ወረዳ ኣብ ዝመፅእ ዘሎ ክራማት ንዝሳለጥ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ፣ ኣብ ሸውዓተ መንግስታዊ ፈልሲ ጣብያታት ቀይሕ ቀለቀሚንጦስ፣ ኣካቻ ፣ፅሕድን ዓራሲልየን ዝርከብዎም ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ዝተፋላለዩ ዓሌት ፈልስታት ኣብ ምፍላስ ከም ዝርከብን፣ እቲ ወፍሪ ዕውት ንምግባር ዘድሊ ቅድመ ምድላው ይውገን ከም ዘሎ ገሊፆም።

እቲ ወፍሪ ተኸላ ኣብ 54 መፋስስ 1500 ሄክታር መሬት ዝሽፍን ከም ዝኾነ ዝሓበሩ ኣይተ ገ/መድህን ፣ ነዚ ንምዕዋት ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ብዘይፃባእ መንገዲ ኮይኑ፣ ንኪኢላታትን ማሕበረሰብን ኣብተኸላ ዝጠመተ መብራህርሂ ብምሃብ ፣ ኳዕቲ ጎዳጉድ ይሳለጥ ከም ዘሎ ኣብሪሆም።

ዛጊድ ልዕሊ 250 ሽሕ ጉድጓድ ተኻዒቱ ከም ዘሎን ፣ ኣብ 2011 ዓ/ም ኣብታ ወረዳ ካብ ዝተተኸለ 1.4 ሚልዮን ፈልሲ፣ ኣብ ክልተ ዙር ብዝተገበረ ቆፀራ 55 ሚኢታዊ ከም ዝፀደቐን፣ ካብቲ ቤት ፅሕፈት ዝተረኸበ መረዳእታ ብምጥቃስ ኪኢላ ፕረስ እታ ወረዳ ተኽለማርያም ተካ ፀብፂቡ፡፡

## ማይጨው

ማይክሮሊንክ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ቢዝነስ ኮለጅ ጨንፈር ማይጨው ንፅጉማት ወገናት ሓጊዙ።

ማይክሮሊንክ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጅን ቢዝነስ ኮሌጅ ጨንፈር ማይጨዉ ኣብ ከተማ ማይጨዉ ንዝርከቡ 42 ፅጉማት ወገናት ንግልጋሎት ምግቢ ዝዉዕል ሓገዝ ከምዝገበረ ኣመራርሓ እቲ ኮሎጅ ኣፍሊጡ።

ዲን ኮሌጅ ማይክሮሊንክ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጅን ቢዝነስ ኮሌጅ ጨንፈር ማይጨው ኣይተ ገ/ስላሴ ዕፃይ፡ ብጣብያ ተመልምሎም ንዝመፁ 42 ፅጉማት ነበርቲ ከተማ ማይጨው ነንሕድሕዶም 10 ኪሎ ፊኖ ብምግዛእ ከም ዝተውሃቦም ገሊፆም።

ሕማም ኮረና ቫይረስ ካብ ፀገም ጥዕና ደቂሰባት ብዝዘለለ ኣብ ኢኮኖሚያዉን ማሕበራዉን ዘብፅሖ ፅዕንቶ ቀሊል ከም ዘይኾነን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ሕብረተሰብ ብተግባር ይረኣ ኣሎ፣ ዝበሉ ኣይተ ገብረስላሴ፣ ብፍላይ ነቲ ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝርከብ ሕብረተሰብ ናብርኡ ንምሽናፍ ላዕልን ታሕትን ኢሉ፣ ማዓልታዊ እቶቱ ዝረክብ ዝነበረ መብዛሕትኡ ብምኽንያት እቲ ለበዳ ጠጠዉ ከም ዝበለ ኣብሪሆም።

ነዚ ዝተረደኡ ዉልቀ ሰብሃፍትን ትካላትን እታከተማ ድማ ነቲ ዝተፀገመ ሕብረተሰብ ንምሕጋዝ ብንብረቶምን ገንዘቦምን ኣብ ምሕጋዝ ከም ዝርከቡ ኣይተ ገብረስላሴ ኣፍሊጦም።

ፀገም ሕብረተሰብ ፀገም ኩሉ ስለ ዝኾነ፣ እቲ ኮሌጅ ድማ ብዘለዎ ዓቕሚ ንምሕጋዝ ሓሲቡ ዘወፈዮ እንትኸውን፣ ኣብ ቀፃሊ ድማ ብዝበለፀ ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ኮይኑ ሓገዝ ከም ዝገብር ኣይተ ገብረስላሴ ኣረዲኦም ክብል ኪኢላ ፕረስ ከተማ ማይጨው ሃፍታሙ ንጉስ ፀብፂቡ።

## ቃፍታ ሑመራ

ብሰንኪ ሕማም ኮሮና ንዝተፀገሙ 100 ወገናት ሓገዝ ተገይሩ።

ኣብ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ፣ ጣብያ ኣደባይ ዝርከባ ክልተ ማሕበራት ብምኽንያት ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ን100 ፅጉማት ወገናት ሓገዝ ከምዝገበራ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ኣፍሊጡ፡፡

ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ኣደባይ ኣይተ ይርጋ ኣዛይ ከም ዝበልዎ፤ ኣብታ ጣብያ 800 ዝኣኽሉ ፅጉማት ወገናት ዘለዉ እንትኾኑ ነዞም ዝኸፍአ ፀገም ዘለዎም ወገናት ንምሕጋዝ ዝገበር ዘሎ ሰናይ ተግባር ኣሐይሉ ክቕፅል ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም፡፡

ማሕበር ቀዳሞት ተምሃሮ ጣብያ ኣደባይ ቅድም ክብል ተምሃሮ ብምኽንያት ፀገም ቢሮን ደፍተርን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንከይተርፉ ዝሓገዘት ማሕበር እያ፡፡ ሕዚ እውን እዋኑ ዝሓቶ ሓገዝ ተበርክት ኣላ፡፡ ሎሚ ተገይሩ ዘሎ ሓገዝ ድማ ምስ ማሕበር ምትሕግጋዝ ከተማ ኣደባይ ተዋዲዶም ብምኽንያት ሕማም ኮሮና ቫይረስ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተንቀሳቒሶም ዕለታዊ ናብራኦም ንምድፋእ ንዝተፀገሙ 100 ወገናት ብ100,000 ቅርሺ ዝተዓደጉ ምሽላ ምስ መጥሓኒኡ፣ ሳሙናን ዘይትን ሓገዝ ከም ዝገበሩ ሓቢሮም፡፡

ሓገዝ ዝተገበረሎም ኣይተ ተኽላይ ገ/መድህንን ወ/ሮ ይሕደጋ ኪሮስን ብወገኖም፤ እዚ ሓገዝ ብጣዕሚ ከም ዘሐጎሶምን ነዚ ሓገዝ ዝገበሩ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝነብሩ ተወለድቲ ከተማ ኣደባይ ኣመስጊኖም ክብል ኪኢላ ፕረስ እታ ወረዳ ቢንያም ብርሃነ ፀብፂቡ።

## እንዳ መኾኒ

ገባሪ ሰናይ ትካል ኢማጅን ዋንደይ ኣብ ወረዳ እንዳ መኾኒ ን50 ፅጉማት ተምሃሮ ሓጊዙ።

ገባሪ ሰናይ ትካል ኢማጅን ዋንደይ ኣብ ወረዳ እንዳ መኾኒ ዝርከቡ 50 ፅጉማት ተምሃሮ ራድዮ፣ ፍለሽን 3000 ደረቕ ሳሙናን ከምዝሓገዘ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ፡፡

እቶም ሓገዝ ዝተገበረሎም ተምሃሮ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ወለዶም ዝሰኣኑን ወለዶም ሃልዮም ግን ድማ ፍሉይ ፀገም ዘለዎምን ተምሃሮ ከምዝኾኑ ዝገለፀ እቲ ቤት ፅሕፈት፣ እቲ ዝተገበረሎም ሓገዝ ብራድዮ ንዝመሓላለፍ ትምህርቲ ከይፅገሙን እቲ ሳሙና እውን ካብ ኮሮና ቫይረስ ክከላኸልሉን ተባሂሉ ከምዝኾነ ገሊፁ፡፡

እቲ ገባሪሰናይ ትካል ቅድም ክብል እውን ኣብቲ ወረዳ ንሱ ዓዲ ዓጋም ኣብ እትብሃል ቁሸት ቤት ትምህርቲ ምስ ምሉእ መሳሪሒኡ ሃኒፁ ከምዘረከቦም እቲ ቤት ፅሕፈት ወሲኹ ገሊፁ፡፡

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ እንዳመኾኒ እቲ ገባሪ ሰናይ ትካል ንዝገበረሎም ሓገዝ ኣመስጊኖም ክብል እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ድሕረ ገፁ ኣሲፉሩ፡፡

## ጉሎ መኸዳ

ሓረስቶት ወረዳ ጉሎመኸዳ ኮሮና ቫይረስ እናመከቱ ኣብ ምድንፋዕ ማእቶት ይነጥፉ ከምዘለዉ ተፈሊጡ

ጎናጎኒ መኸተ ኮሮና ቫይረስ መፍረያይነት ሕርሻ ንምዕባይ ዝተትሓዘ ትልሚ ካብ 8910 ኩንታል ሰብ ስራሕ ድኽዒ እቲ 7330 ናብ ሕድሕድ ጣብያ ከምዝበፅሐ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ጉሎመኸዳ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ጉሎመኾዳ ኣይተ ሃይላይ ገ/ሄር፣ ጎናጎኒ መኸተ ኮሮና ቫይረስ ሓረስቶት እቲ ወረዳ ምህርቶም ንምድንፋዕ ዝተፈላለዩ እታወታት ብምጥላብ መሬቶም ብምልስላስን፣ ኣብ ዘመነ ምህርቲ 2012/2013 ዓ.ም ብኣጠቓላሊ 11 ሽሕን 204 ሄክታር መሬት ብዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ብምሽፋን 262 ሽሕን 448 ኩንታል ምህርቲ ንምርካብ ተሓሲቡ ይስራሕ ከም ዘሎ ገሊፆም።

ሙሩፅ ዘርኢ ዝምልከት 700 ኩንታል ንምቕራብ ተሓሲቡ ይስራሕ ከምዘሎን ናብ ተጠቀምቲ እናተባፅሐ ከምዝርከብን፣ ኩነታት ማሕረስ ዝምልከት ቀዳማይ ማሕረስ 77 ሚኢታዊ ካልኣይ ማሕረስ 67ሚኢታዊ ሳልሳይ ማሕረስ 24ሚኢታዊ ከምዝተሓረሰን መስኖ ልምዓት 64ሚኢታዊ ከምዝበፅሐን ኣይተ ሃይላይ ኣፍሊጦም።

ኣብ 14 ጣብያታት ዝርከቡ 8ሽሕን 400 ሓረስቶት ብስርናይ ክላስተር ተጠቀምቲ ንም ግባር ዝተትሓዘ ትልሚ 56ሽሕን 700 ኩንታል ስርናይ ንምርካብ ተሓሲቡ እናተሰርሐ ምዃኑ እቶም ሓላፊ ኣብሪሆም ክብል ኪኢላ ፕረስ እታ ወረዳ መብራህቶም ለምለም ፀብፂቡ፡፡

## ዓዲግራት

ኣብ ከተማ ዓዲግራት ን100 ፅጉማት ወገናት ብሓደ ግዱስ በዓል ሃፍቲ ሓገዝ ተገይሩ።

ኣብ ከተማ ዓዲግራት ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ንዝተፀገሙ 100 ወገናት ብልዕሊ 50 ሽሕ ብር ዝተዓደጉ ዓይነት ምግብን ፈሳሲ ሳሙናን ብወናኒ ወልዋሎ ፋብሪካ ኣረቂ ኣይተ ኢሳያስ ተስፋይ ሓገዝ ከምዝተገበረሎም ምምሕዋር ከተማ ዓድግራት ኣፍሊጡ፡፡

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ርኽክብ ዝተረኸቡ ምክትል ከንቲባ ከተማ ዓዲግራት ኣይተ ለኣከ ተስፋመስቀል እቲ ዝተገበረ ሓገዝ ኣብቲ ኩቡር በዓል 20 ጉንበት ብምዃኑ ፍሉይ ዝኽሪ ኣለዎ እንትብሉ፣ በዓል ሃፍቲ ኣይተ ኢሳያስ ዝገበርዎ ሰናይ ተግባር መግለፂ ሓድነትን ምትሕግጋዝን ኩሉ ትግራዋይ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

በዓል ሃፍቲ ኣይተ ኢሳያስ ብወገኖም 10 ኩንታል ፊኖ፣ ክልተ ኩንታል መኮረኒ፣ 100 ሊትሮ ዘይትን 50 ሊትሮ ፈሳሲ ሳሙናን ንፅጉማት ወገናተይ ሓገዝ እንትገብር ካልኦት ሰብ ሃፍቲ እውን ነቲ ኣሰር ተኸቲሎም ዝከኣሎም ሓገዝ ንኽገብሩ ከለዓዕል ይኽእል እዩ ካብ ዝብል ሰናይ ተግባር እየ ተበጊሰ ክብሉ ኣገንዚቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ እቶም ንሕድሕዶም 10 ኪሎ ፊኖ፣ ክልተ ኪሎ መኮረኒ፣ ሓደ ሊትሮ ዘይትን ሓደ ሊትሮ ፈሳሲ ሳሙናን ሓገዝ ዝተገበረሎም ፅጉማት ወገናት ንዝተገበረሎም ሓገዝ ብምምስጋን ካብ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ዓርሶምን ስድርኦምን ከምዝከላኸሉ ተላብዮም ክብል ክኢላ ፕረስ እታ ከተማ ግርማይ በርሀ ፀብፂቡ፡፡

## ኣላማጣ

ኣብ ከተማ ኣላማጣ ን18 ደቂ ኣንስትዮ ዕድል ስራሕ ተፈጢሩ።

ኣብ ከተማ ኣላማጣ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ናብርኦን ከይህሰ ን18 ደቂ ኣንስትዮ ዕድል ስራሕ ከምዝተፈጠረ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳይ ከተማ ኣላማጣ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳይ ከተማ ኣላማጣ ወ/ሮ ፀጋ ገ/ማርያም ከምዝበልኦ፣ ብምኽንያት ሕማም ኮሮና ቫይረስ ክሳብ ሕዚ 5ሽሕን 280 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 6ሽሕን 280 ፅጉማት ወገናት ብ2.1ሚሊዮን ዝግመት ብዓይነትን ብገንዘብን ሓገዝ እናተገበረ ከምዝመፀ ገሊፀን፡፡

ከም ኣገላልፃ ወ/ሮ ፀጋ፣ እተን ዕድል ስራሕ ዝተፈጠረለን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከተማ ኣላማጣ እናተሰርሐ ኣብ ዝርከብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ቀላሚኖ፣ ኣብ ፈሊኻ መፅንሒ ተጠርጠርቲ ኮሮና ቫየረስ ብፅሬት፣ ኣብ ጉና ከም ሽኮር፣ ዘይትን ካልኦትን ዝበሉ ኣቑሑት ምርጋፍን ምፅዓንን ጎናጎኒ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ ተወዲበን ሰሪሐን ናብርአን ክመርሓ ከምዝተገበረ ኣብሪሀን፡፡

60 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 100 ስራሕ ዝሰኣኑ ወገናት ኣብ ስሚንቶ መከፋፈሊ ሸርከና ማሕበር ተወዲቦም ንኽሰርሑ ተመልሚሎም ኣለዉ ዝበላ እተን ሓላፊት፣ እቶም ዝተመልመሉ መናእሰይ ፍሉይ ፀገም ዘለዎም መናእሰይ ምዃኖም ገሊፀን፡፡

እቶም ዝተመልመሉ መናእሰይ ብወገኖም፣ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዕለታዊ ስራሖም ኣቋሪፆም ስለዝፀንሑ፣ ሕዚ ብዝተፈጠረሎም ዕድል ነቲ ሕማም እናተኸላኸሉ ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ገሊፆም ክትብል ኪኢላ ፕረስ ከተማ ኣላማጣ መናል ኢብራሂም ፀብፂባ፡፡

ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣
ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን
ናብ ተግባር ነሸርፎ!!



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ስሙር ሓድነት ንኩለመዳያዊ ለውጢ!!

ንመላእ ህዝቢ ውፁዓት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ወርሒ ግንቦት ንፀረ ህዝቢ ሓይልታት ካብ ሱሮም ዝተመሓወላ፣ ሕድሪ 11 ለካቲት ዝተዓወተላን ናብ ዝጭበጥ መድረኽ ዝተሰጋገረላን ብምኳና ድምቀትን ክብርትን ወርሒ እያ። ነዛ ወርሒ ዝፀልኡዋ እቶም ህዝቢ ከምህዝቢ ክፀንት ዝጓየዩ እምበር እቲ ውፁዕ ኣይኮነን። ኮታስ እዛ ወርሒ ሕዚ እውን ነቶም ኣመለኛታት ፀረ ህዝቢ ሓይልታት በቲ ንመንግስቲ ትግራይ ዝመርሕ ዘሎ ውድብ ህወሓት ኣቢሉ ረዚንን ዙርያ መለሽን ውሳነታትን ፃውዒታትን ዝተመሓላለፈላ ወርሒ ኮይና ሓሊፋ ኣላ።

ንሎሚ ካብቲ መግለፂ ኣብ ገሊኡ ኣትኩርና ኣለና። ጉጅለ 'ብልፅግና' ሉኣላውነትን መሰረታዊ ዝብሃሉ ጥቅምታት ሃገርን ንመሸጣ ብምቕራብ፣ ሕገ መንግስትን ስርዓትን፣ ኩሎም ዓይነታት ኣብ ቅድሚኡ ዝፀንሑዎ ሕግታትን ንቡር ናይ መንግስቲ ኣሰራርሓታትን ብምጥሓስ ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ ካብ ምውሳን ሓሊፉ ስርዓትን ሕግን ኣኽቢሮም ኣብ ልዕሊ ዝኸዱ ኣካላት ቅሉዕ ኵናት ናብ ምእዋጅ ተሰጋጊሩ ኣሎ። ንፀቢብ ረብሓ ክብሃል ረብሓ ሃገርን መላእ ህዝብታትን ናብ ገደል ደፊኡ ከፅድፍ 'ብልፅግና' ክንደየናይ ድልዊ ከም ዝኾነ ንኹሉ ግልፂ ኮይኑ እዩ። ዋላ እኳ ፈኸራታትን ሽርሕታትን እዚ ጉጅለ ንኣካይዳናን ህዝባዊ ቃልስና ተወሳኺ ሕራነን ሓቦን ካብ ምፍጣር ሓሊፎም ካልእ ፋይዳ የብሉን። እንተኾነ እቲ ወትሩ ህልውንኡ ንምርግጋፅን ረብሕኡ ኣብ ቅልፅሙን ርትዓዊ ኣተሓሳስብኡን ምኳኑ ብጭቡጥ ታሪኹን ቃልሱን ኣንዳዕዲዑ ዝፈልጥ ህዝቢ ትግራይ፣ ንቶም ቀፀልትን ዘይትኣደኑን መጥቃዕታት ፅግዕተኛታት ተፃዊሩ መኸትኡ ኣጠናኺሩ ቀፂሉ ከምዘሎ እዩ እቲ መግለፂ ዝሓበረ።

መኸተ ኮረና ቫይረስ ከምቲ ክሳብ ሕዚ እናተገበረ ዝፀንሐ ሓደሽቲ ምዕባለታት፣ ጭቡጥ ኩነታት እዛ ክልልን ሳይንሳዊ መረዳእታታትን መሰረት ብምግባርን ህዝቢ ትግራይ ንምድሓን እናተኸላኸለ ቁጠባዊ ጉድኣቱ ብዝንኪ መንገድን እናተገምገመ ብጥብቂ ክምራሕ እዩ። ብተወሳኺ ጉጅለ 'ብልፅግና' ካብ ጎሮሮ ድኻን ልምዓትን መንጢሉ ዘይትኣደነ ሃፍቲ እናፍሰሰ ሃገር ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክትሕመስ፣ብዶክመንተሪ ፊልምታት ዝተሓገዘ ፃውዒት ምፅናት ዘርኢ ክካየድን ኩሎም መሰላት ክርገፁን ዝገብሮ ዘሎ ዕሙት ፀረ ህዝብን ስልጣን ብገንዘብ ናይ ምዕዳግን ተግባር ደው ከብል ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ካብ መንገዲ ጥፍኣት ወፅዩ ብሕገ መንግስቲ መሰረትን ተሳትፎ ዝምልከቶ ኩሉ ብዘረጋግፅ መልክዑን ናብ ምኽንያታዊ ምይይጥ ክኣቱን መሊኡ ከይረፈደ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ካብ ምፍራስ ክቑጠብን ከምዘለዎ፤ ሙሉእ ምድላውን ጥንቃቐታት ምውሓስ ጥዕና ህዝብን ተገይሩ ብሕገ መንግስትን ዝተዘርግሐ ስርዓትን መሰረት ንኹሉ ብማዕረ ክርኢ ዝኽእል ሓይሊ ዝመርሖ ሃገራዊ መረፃ ክካየድ ምግባር እውን ወሳኒ ምኳኑ እውን እቲ መግለፂ ሓቢሩ እዩ። መረፃ ብብርኪ ሃገር ይኹን ክልልና ኣሻሓት ህይወትን ሰፍ ዘይብል ዋጋን ዝተኸፈለሉ ሕገመንግስታዊ ውሕስና ዝረኸበ መሰል እምበር ዘይተኣደነ ድሌት ውልቀ መላኺ ብወነኑ ዝተኹቦ ወይ ዝኸልኦ ምፅዋት ኣይኮነን ዝበለ መግለፂ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት፣ህዝቢ ትግራይ ካብ ቀደሙ እውን መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ብመስዋእቱ ዘረጋገፀ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ልዕሊኡ ኮነ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታት ባርነት ክነግስ ዘይፈቅድ ህዝቢ እዩ ኢሉ።

ህዝቢ ትግራይ ብመስዋእቱ ዘረጋገፆም መሰላቱ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ወይ ኩነታት ንዋጋ ዕዳጋ ከም ዘይቐርብ ንተግባራዊነት እዚ መሰል ንድሕሪት ክመልስ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይሊ ከምዘየለ እውን እቲ መግለፂ ኣስሚሩሉ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ስልጣን ፌደራል መንግስቲ ብውልቀ መላኽነት ብሒቱ ዘሎ ሓይሊ ብቲ ልሙድ ኣካይድኡ ንመሰል ህዝብታት እናረገፀ ዝኸደሉ ኩነታት ኣጠናኺሩ ቀፂሉ ስለ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ብመስዋእቱ ዘረጋገፆን ናይ ዝኾነ ሓይሊ ፍቓድ ዘይሓተሉ፤ ብሕገ መንግስትናን ዓለምለኸ ሕግታትን እውን ኣፍልጦ ዝተውሃቦ፤ መሰል ዓርሰ ምሕደርኡ ብተግባር ንምትርጓም ኣብ ክልልና መረፃ ንኽካየድን ተጀሚሮም ዘለዉ ምድላዋት ብሕጊ መሰረት ተጠናኺሮም ክቕፅሉን ክግበር እዩ ኢሉ።

ኣብ ትግራይ መረፃ ንምክያድ እንትውስን ብባህሪ ጉጅለ 'ብልፅግና' ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ናይ ምፍራስን ሃገር ናይ ምብታንን ከይዲ ናብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ይበፅሕ ምህላው ይረአ ኣሎ። ሕዚ እውን እንተኾነ ኩሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሕገ መንግስቲ እዛ ሃገር ዘረጋገፀሎም መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ከም ዋዛ ከይስእኑ ቃልሶም ከሐይሉ ከም ዝግባእን ማሕበረሰብ ዓለም እውን ንዚ ተረዲኡ ኣወንታዊ ታራ ክፃወት ለበዋ ቀሪቡ እዩ ኣብቲ መግለፂ። ከምኡ እውን ስራሕቲ ልምዓት፣ ምምዕባል ባህሊ ዲሞክራስን ኣብ ምሕደራ ዝተጀመሩ ለውጥታትን ብግዜ የለን መንፈስ ብዝበለፀ ናህሪ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓ ብልዑል ሓላፍነት ክሰርሕ፣መላእ ህዝቢ ትግራይን ኩሎም መሓውራት መንግስትን ውድብን ንኣዝዩ ሕሱር ረብሐኦም ክብሉ ናብ ዕግርግርን ጥፍኣትን ከእትው ዝረባረቡ ዘለዉ ሓይልታት ብልፅግና፣ መወልቱን ተለኣኣኽቱን ንምምካት ዝተጀመረ ቃልሲ ኸጠናኽር ከምዘለዎ ውሳነ ተመሓላሊፉ እዩ።

ብሓፈሻ እቲ መግለፂ እዋናዊ፣ ኣገዳስን ህላወና ዘረጋግፅ ብምኳኑ፣ ብፍላይ ኣብ መኸተ ኮሮና፣ ጉዳይ መረፃ፣ ስራሕቲ ልምዓትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ካልኦት ተዛመድቲ ዛዕባታትን ናብ ባይታ ወሪዶም ንክትግበሩ ግደ ኩሉ ወሳኒ እዩ። ስለዙይ ኣብዛ ቁርፂ እዋን ህዝቢ ትግራይ ተዓዊቱ ንምውፃእ ኢደይ ኢድካ ኢሉ እቶም መደባት ብሓባር ንክዕወቱ ክቃለስ ረዚን ሓላፍነት ነፍሰ ወከፍ ደቂ ትግራይ ስለዝኾነ፣ ኣብ ስሙር ሓድነት ዓሲልና ንኩለመዳያዊ ለውጢ ክንረባረብ ይግባእ።

# ብርዒ ኣንበብቲ



## " ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ዕርፊ ኣፅንዕ"

ሰላም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ከመይ ቀኒኹም ብምባል ናብቲ ከም ኣርእስቲ ናብ ዝተጠቐምኩሉ ብሂል ቋንቋ ትግርኛ ክመልሰኩም።

እሞ እንዳ ምስንዳእ መቓልሕ ከምዝፍለጦ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ብዝነበረ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ቅልውላው ተበሊፁ ብሽም ለውጢ ብተግባር ግና /ነውፂ/ ተጓዛጊዙ ናብ ስልጣን ዝደየበ ፅግዕተኛ ምብስባስ ሓይሊ ክሳብ ውሽጣ ውሽጡ ዝጐንጎኖ ሽርሒ ዝፍፅም ብመንታ ምልሓሱ እናደለለ ቀስ ብቐስ መንገዲ ስርዓት ዴሞክራሲ እናለቐቐ ናብ ስርዓት ኣሃዳዊ ብምዝንባል በትሪ ስልጣኑ ምስኣደላደለ ንሃርና ናብ ዝገደዱ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ኣውዲቅዎ ይርከብ።

ሕሉፍ ሓሊፉ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል ንቫይረስ ኮረና ከም ከውሊ ተጠቒሙ ብደም ኣዕፅምቲ ደቂ ህዝቢ ዝተሃነፀ ሕገ-መንግስቲ ብምጥሓስ ትርጉም ሕገ-መንግስቲ ኣብ ስልጣኑ ዘፅንሖ ዓንቀፅ ኣብ ኣፍልጦን ቅቡልነት ህዝቢ ከስፍር ላዕልን ታሕትን ይብል ከምዘሎ ንዕዘቦ ጉዳይ እዩ። እዚ ኩርኩር ኣዕራብን መንግስቲ ህግደፍ /ሻዕብያ/ ዝኾነ ሓይሊ ንመንነቱን ንስርዓት ዓርሰ ምምሕዳሩ ምሩፃት ደቑ ንዝገበረ ህዝቢ ትግራይ ሕገ- መንግስቲ መሰሉ ተጠቒሙ መረፃ ክካየድ መንግስቲ ትግራይ ዝሃቦ መግለፂ ቅቡል ስለዝገበረን ብፅንዓት ንምትግባሩ ጠጠው ስለዝበለ "ዝኣዘዘሉያ ወጠጦስ" ግዲ ኮይኑ መራሒ ፓርቲ ብልፅግና ብውልቆም ብዝውንንዎም ቴሌቪዥናት ናይዛ ሃገር ተጠቒሞም ካብ ኣየኦም ኮ/ር መንግስቱ ዝወረስዎ ጃህራን ፈኸራን ቅዳሕ ዘረባ ኣድሚፆምና።

ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ይትረፍዶ ብመልሓስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢ ኣሕመድ ብመርዛም ጋዝን ብብኤም ደርጋውያን ዝተሰኮነ ህዝቢ ኣይኮነን። ነቲ ጃህራ ግምት ከይሃበ በልዶ ናብታ መረበትና ትውር በላ ኢሉ ብዝበለፀ ሓሪኑን ዕጥቑ ኣስጢሙ ልምዓታዊ ስራሕቱ ኣብ ምስላጥ ይርከብ ኣሎ።

ስለዙይ ሕዝውን "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል" እዩም ብመንነትናን ብመሰልና ንዝመፅና ንዝኾነ ይኹን ሓይሊ ንምምካት ሓድነትና ኣጠናኺርና ንመኸተ ድልዋት ክንኸውን ይግባእ።

"ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ" ከምዝበሃል ንቫይስ ኮሮናን ንኣሃዳውያን ሓይሊ እናመከትና ተብሃጊት ትግራይ ንምህናፅ ንረባረብ!!

**ኣስረስ ኣረሩ /ጫሕማይ/**


**ዋና ኣሰናዳኢ - ኣለም ግርማይ**
**ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር**
**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ
- ኣረጋዊ ሓጎስ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

**ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ**
**- ፀሃይ ገብረ**

**ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ**
**ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ**
**ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25**



477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44


**ሓበሬታ**

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


መቓልሕ ትግራይ
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፣ ቁፅሪ 632
30 ጉንበት 2012 ዓ.ም


ጉንበት 20 እምነ ሰረት ማዕርነትን ብዙሕነትን እያ !

# ጠመተ

ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ር/ህ/መንግስትን ክልል ትግራይ

## መኸተና ንኩለመዳያዊ ዓወታትና!

ብሓፈሻ ህዝብና ብፍላይ ኣብ ገፀር ዝነብር ህዝብና፣ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ምምካት፣ ብፍላይ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምትግባር ዘርአዮ ተወፋይነት ዝነኣድ እዩ። ከም ኣብነት ድሕሪ በዓል ትንሳኤ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ መርዓን ካልኦት ዓበይቲ ማሕበራዊ ጉዳያትን፣ ህዝብን በቢከባቢኡ ዘለዉ ኣባላት ኣመራርሓን ብዝገበርዎ ምርድዳእ ከይ ተፀንበለ ተሪፉ እዩ።

እዙይ ብጣዕሚ ፅቡቕ ተግባር፣ ኮሮና ቫይረስ ንምክልኻል ጥራሕ ዘይኮነስ ብኽነት ኣብ ምቕናስ እዉን ኣዎንታዊ ግደ ዝነበሮ ብምዃኑ ተጠናኺሩ ክቕፀል ይግባእ። መናእሰይ ትግራይ እውን ኮሮና ቫይረስ ንምምካት፣ ብፍላይ ኣብ መጀመሪያ እዋን ፅቡቓት ተበግሶታትን ፈጠራታትን ሚሂዞም ተግባራዊ ገይሮም እዮም። እዞም ፈጠራታት ትካላዊ ቁመና ዝሕዝሉን ግቡእ ኣመራርሓ ዝረኽቡሉን ኩነታት እንተተፈጢሩ፣ ትግራይና ማእኸል ፈጠራን ቴክኖሎጂን፣ ንምግባር ዘሎ ራኢ ከም መበገሲ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ።

ይኹን ዳኣ እምበር ዋላ እዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ኣወንታዊ ጉዳያት እንተሃለዉ፣ ካብ ሸለልትነት፣ ብፍላይ ኣብዚ እዋን ንዝማዕበላ ሃገራት ዘሸገረ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፣ ንሕና እንታይ ክንገብሮ ዝብል ማለት እውን፣ ዳርጋ ነቲ ሕማም ኢድ ምሃብ ዝመስሉ ኣረኣእያታትን ዝንባለታትን ይንፀባረቑ ኣለዉ። ኣብዚ ብቐንዱ ኣብ ከተማታት ኣብ ዝነብር ህዝብናን ኣብ ቤት ዕዮታትን ዘሎ ዕሽሽ ምባል፣ ኣቐዲሙ ዝጎድእ ነቲ ሜላታት ምኽልኻልን ምኽሪ ሓኻይምን፣ ከምኡ ዉን ኣዋጅ መንግስቲ ዘየኽብር ሕድ ሕድ ሰብን ስድራን እዩ። ቀፂሉ ድማ ትግራይና ኣደዳ ሕማም ምግባር እዩ። ኮይኑ ግና ትግራይና ኮሮና ቫይረስ ምምካት ዘኽእል ወርቂ ተሞክሮ ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ካብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ጀሚሩ ብፍላይ ኣብዞም ዝሓለፉ 29 ዓመታት ብንፁር ብም ቕማጥ ተግባራዊ ገይራ ውፅኢት ዘመዝገበትሉ፣ ምክልኻል ማእኸል ዝገበረ ፖሊሲ ጥዕና ኣለዋ። ትካል ጥዕና ዓለም እውን ኣብዚ እዋን ኮሮና ቫይረስ ንምምካት ተግባራዊ ዝገብሮ ዘሎ ሜላታት ምክልኻል፣ ትግራይ ምስ እትኽተሎ ጥዕና ፖሊሲ ምክልኻል ተመሳሳሊ እዩ።

ብምዃኑ ክሳብ 27 ጉንበት 2012 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን፣ ብደረጃ ሃገር ብኮቪድ-19 ዝተትሓዙ 1636 ወገናት እንትኾኑ፣ ብሞት ዝተፈለዩ ድማ ቁፅሮም 18 በፂሑ ኣሎ። ኣብ ትግራይና ምርመራ ኮሮና ቫይረስ ካብ ዝተገበረሎም 3105 ሰባት፣ ድማ እቶም 56 እቲ ሕማም ተረኺብዎም ኣሎ።

ካብዚኦም ክሳብ ሎሚ ሓንቲ መንእሰይ ሓፍትና ህይወታ ሲኢና ኣላ። 47 ወገናት ድማ ኣብ መወሸቢ ኣለው። እዚይ ንሕድሕድና ከተሓሳስበና ይግባእ። እቲ ጉዳይ ቑፅሪ ግዳያትን ሞትን ውሒዱ ዶ በዚሑ ኣይኮነን። ኣብዚ ሳዕቤን እቲ ሕማም ኣብቲ ዘለናሉ ንኡስ መድረኽ፣ ኣጋጢምና ምስ ዘሎ ዝተሓላለኸ ኩነታት ማለት፣ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ፣ ናብ ሓደጋ ዘእትዎ ኩነታት ተዛሚዱ ክረአ ኣለዎ።

ሎሚ ህዝቢ ትግራይ ምስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኢድ ንኢድ ተታሓይዞ ንኮረና ቫይረስ ሓዊሱ ንኩሎም ፀገማት ኣብ ዝምከተሉ እዋን፣ ብሓይልታት ትምክሕቲ ዝምራሕ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ዘዋፈሮም ባንዳታትን ዑስባትን፣ ኣብ ኩለን ከባብታት ትግራይ ተዋፊሮም፣ በብቁሸትን ጣብይኡን፣ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ጉህሚ ክፈጥራ ይኽእላ እየን ዝበልዎን ነገራት ማለት፣ ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ዝተረኣያ ከም መንገዲ ምዕፃውን ካልኦት ሕቶታትን እናምበልበሉ ዝሰጠመ ሓድነትን ሰላምን ህዝቢ ትግራይ ክዘርጉ፣ ይንቀሳቀሱ ኣለዉ።

ኣብዚ ህዝብና ብቓልሱ ዘረጋገፆ፣ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ሕቶታት፣ ናብ መንግስቲ ከቕርብ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ብስርዓት ኣልቦ ሰልፊ፣ መንገዲ ምዕፃው፣ ንብረት ምብልሻው ወዘተ ግን ፈፂሙ ተቐባልነት የብሉን። ልዕልነት ሕጊ ናይ ምርግጋፅን ምኽባርን ሓላፍነት ዘለዎ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እውን ሕጋዊ ስጉምቲ ምውሳዱ ግቡእ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተርኣያ ዘይሕጋውን ብስምዒትን መንገዲ ምዕፃው፣ ጌጋ ምዃኑ ህዝብና ምቅባሉ፣ ህዝቢ ትግራይ ክንደየናይ ለባም መስ ተዉዐሊ ምዃኑ፣ ትግራይና እውን ዓዲ ሕጊ ምዃና ብምርግጋፅ፣ ነቶም ዓይኖም ኣንቂሖም ኣፎም ከፊቶም ደም ንምፍሳስ ይፅበዩ ዝነበሩ ፀረ ህዝብን፣ ፀረ ሰላም ሓይልታት እውን ናብ ዕግርግር ኣይኣቱን ኢሉ ሕልሞም ስለ ዝፈሸሎም በዚ ኣጋጣሚ ምስጋና እናገለፅና፣ ኣብ ኩሉ ከባቢ ዘሎ ህዝብና በብደረጅኡ ብዘሎ ብቤት ምኽሪ ዝተወሰነ ውሳነ ከኽብሮ ይግባእ።

ካብዚ ወፃኢ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ሰናይ ምምሕዳር ብምንጋስ ተገልገልቲ ንምዕጋብ ዓሚ ኣብ ጣብያታት ዝጀመሮ ፅቡቅ ስራሕቲ ሎሚ ዘበን እውን ከም ብሓዱሽ ዝተወደባ 94 ወረዳታት ትግራይ ናብ ጭቡጥ ተግባር ዘእቱ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ። ናይ ኣመራርሓ መረፃ ተወዲኡ፣ ናይ ሲቪል ሰርቫንት ምደባታት ንምስላጥ ኣድላይ ዘበሉ ምድላዋት ይግበር ኣሎ። ኣብዚ መብዛሓቲኡ ኣመራርሓን ስቪል ሰርቫንትን፣ ብሓፈሻ ናብ ዝተመደቦ ሕድሕድ ወረዳ፣ ኸይዱ ንምስራሕ ዘርኣዮ ውፍይነትን ተበግስኡን ክምስገን ይግባእ፣ ጥራሕ ከይኮነስ ሕድሪ ኩሎም ስውኣት ኣሕዋቱን ኣሓቱን ኣብ ሸቶ ንምብፃሕ ተረካቢ ሕድሪ ምዃኑ ስለ ዘረጋገፀ፣ ህዝብን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን በዚ ዘሐብን ተግባር ክብሪ ይስምዖም።

ኣብ መወዳእታ ብሓደ ኢድና ኮሮና ቫይረስ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ልዕሊ ሓሙሽተ ሚኢቲ ዕፅፊ ኮይኑ ክመፅእዩ ዝበሃል ዘሎ ዕስለ በረኻ ኣንበጣ፣ ባርኖስ ኣሜሪካን እናመከትና በቲ ኻልእ ድማ ናብ ደልሃመት ከእትወና ድቃስ ሲኢኑ ዘሎ ስልጣን ፌደራል መንግስቲ ተቖፃፂሩ ዘሎ ሓይሊ ሸርሒታት እናበጣጠስና፣ ሕድሕድ ኣመራርሓን፣ ስቪል ሰርቫንትን፣ ከምኡ እውን፣ ልምዓታዊ ሰብ ሃፍትን፣ ኣብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝሰርሑ ደቂ ትግራይን፣ ብዉሑዱ ኣብ ወርሒ ሰነ ግድን ክውገኑ ዘለዎም ዓበይቲ ተግባራት ለቑሞም ብምሓዝ ተረባሪቦም ከላእምዎምን ይግባእ። ብድማር “ሕዚውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ”! ኣብ ዝብል መሪሕ ቃል ዓሲልና፣ መኸተና ንኩለመዳያዊ ዓወት ከምዝኸዉን፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንፃት ዉን ፈፂሙ ኣይጠራጠርን።

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ**
**መቐለ፡ 28 ጉንበት 2012 ዓ/ም**

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

### ኣብ ዝቕፅሉ ኣዋርሕ ዕስለ ኣምበጣ ...

ኣመት ዉድብ ምግቢ ዓለም “ፋኦ” ከምዘ መልከቶ ኣብዝቕፅሉ ኣዋርሕ ከባቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ዕፅፊ በዝሒ ዘለዎ ዕስለ ኣምበጣ ክኽሰት እዩ፤ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ክልል ትግራይ ስራሕቲ ምድላው እናሳለጠ ከምዝኾነን ሓረስታይ ክልልና እውን እኹል ቅድመ ምድላው ንኽገብር ኣብ ምስራሕ ከምዝርከብን ኣብ ቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሚኪኤለ ምሩፅ ገሊፆም፡፡

እቲ ዝበሃል ዘሎ ዕስለ ኣምበጣ ኣብ ክልልና እንተተኸሲቱ ኣብ ቁጠባዊ ምድንፋዕ ማእቶት ሃሰያ ከብፅሕ ስለዝኽእል መላእ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ሓረስታይን ሰብ ሞያን እኹል ቅድመ ምድላው ክገብሩ ከምዘለዎም እቶም ዳይሬክተር ኣፍሊጦም፡፡

ሎሚ ዓመት ከም ክልል ብምግቢ ዓርስና ንም ኽኣል ተባሂሉ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ዕዉት ንምግባር ሓረስታይ እታ ዘላቶ መሬት ብእዋኑ ብዝግባእ ኣድለይቲ ዝበሃሉ እታዎታት ተጠቒሙ ክዘርእ ኣለዎ ዝበሉ ኣይተ ሚኪኤለ፣ እቲ ዝተዘርአ ዝራእቲ ብዕስለ ኣምበጣ ይኹን ካልእ ባልዕ ከይጥቃዕ ምስ ኣብ ቀረብኡ ዝርከብ በዓል ሞያ ብምትሕብባር ክሰ ርሕ ከምዘለዎ ኣብሪሆም፡፡

ከምቲ እናደጋገምና እንገልፆ ዘለና ሎሚ ዓመት ትኹረትና ኣብ ዕዳጋ ተኮር ዝራእቲ ዘይኮነስ ኣብ ንምግቢ ዝኾውን ዝራእቲ እዩ ዝበሉ እቶም ዳይሬክተር ምኽንያቱ ድማ ዝመፅእ ዘሎ እዋን ምስ ዕዳጋ ዓለም ዝጥዕም ስለዘይኮነ ቅድሚ ኩሉ ከም ክልል ብምግቢ ዓርስና ንኽእለሉ ባይታ ንምፍጣር እቶም ንምግቢ ዝውዕሉ ዝራእቲ ብምዝራእ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣገንዚቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበሩ ስራሕቲ ነቶም ዘጋጥሙ ፀገማት ብምንፅፃር ብዘላቕነት ንምፍታሕን እቶም ብመንግስቲ፣ ብሰብ ሞያ ጥዕናን ሕርሻን ዝወሃቡ መምርሕታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ ኩሉ ሕብረተሰብ ብስርዓት ተግባራዊ ክገብር ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም፡፡

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

### ብልዕሊ 20 ሚልዮን ብር ...

እተን ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለኣኻ ዘለዋ ሸር ችዋል ኮምፒዩተራት ማልት ናብ ዝሃነፀተን ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ሓዊሱ ብቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ናብ ዝተሓረያ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝዕደል እንትኾን ንሕ ድሕድ ቤት ትምህርቲ ድማ 48 ኮምፒዩተር ከም ዝወሃብ መምህር የማነ ገሊፆም። ኣብዚ እዋን ብምኽንያት ለበዳ ሕማም ቫይ ረስ ኮሮና ኣብያተ ትምህርቲ ተዓፅየን ምስ ምህላወን ተኣሳሲሩ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ኣቀማምጣ ጥንቃቐ ክግብራ ይግባእ ኢሎም።

**ካብ ገፅ 1 ዝዞረ**

### ዕለታዊ ምንቅስቓስና መልክዕ ክሕዝ ...

ወ/ሮ ኣስኳል ገብረትንሳኤን ኣይተ ፍረዝጊ ኣብ ራሃን ከም ዝበለዎ፣ ሕማም ኮረና ንምዕቡላት ሃገራት ልዑል ዋጋ ኣብ ዘኽፍለሉ ዘሎ ግዘ፣ ቁፅሪ በቲ ቫይረስ ዝተለኸፉ ወገናት ክልልና ድማ ናብ 45 በሪኹ ኣብ ንዕዘበሉ እዋን፤ ሞት ሓንቲ ንእስቲተርኣተሉን ኣብ ምንቅስቓስ ማሕበራዊ ጉዳያትና ተፈላሊና ስራሕትና እንተዘይኣኪብናዮ ልዑል ዋጋ ከኽፍለና እዩ ክብሉ ትዕዝብቶም ገሊፆም፡፡

ኣብ ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደር መራሒት ጉጅለ ሬጂስትራር ወ/ሮ ኣስኳል ገብረትንሳኤ፣ ሕማም ኮረና ቀታሊ ምዃኑ ቅድም ክብል እንዳ ሰማዕና መፂእና፣ ሕዚ ድማ ኣብ ክልልና ኣትዩ ወገናትና ክሓሙ ብዓይ ንና ንርኢ ስለ ዘለና፣ ጎና ጎኒ ምስላጥ እቲ ዕለታዊ ንጥፈታትና፣ ክብደት ሂብና ተዘይተጠንቂቕና እኩብ ሃሰያ ከየዕርፈልና ወሳኒ ኣቓልቦ ክንህቦ ይግባእ ክብላ ምዒደን፡፡

ኣብ ከተማ መቐለ ብስራሕቲ ንግዲ ዝማሓደር ኣይተ ፍረዝጊ ኣብራሃ ብወገኑ፣ መንግስትና ጥሜት ከየሰኩነና፣ ተፈናቲትናን ኣድለይቲ ናውቲ መከላኸሊ ተወኪስናን ዕለታዊ ናብራና ክነጣሓጥሕ ወገናዊ ሓልዮት ኣብ ዝገብረርልናን ኣስተምህሮ ዝህበልናን ዘሎ ግዘ፣ ንሕና ግና ዕለታዊ መነባብሮና ንምድፋእ ኣብ እንገብሮ ካብን ናብን ምንቅስቓስ ብሸለልትነት ከይንህሰ ውሕሉል ቀልቢ ንሃቦ ክብል መኺሩ፡፡

ብተወሳኺ ካብ ክልልና ወፃኢ ኣብ ዝንቀሳቐሱ ወገናትና፣ ፈለማ ዝህሰዩ ስድራኦም ስዒቡ ህዝቦም ምዃኑ ተገንዚቦም፣ ኣብ ምውሻብን ኣብ ጉዕዞን ብስርዓት ክፍፅሙ ይግባእ ምስ በሉ፣ ንእግረ መንገዲ ተንቀሳቐሾም ክሰርሑ ዘይኽእሉ ጠዋሪ ኣልቦ ወገናት እዛ ርካብና እናተማቐልና እዛ ፀዋግ እዋን ክንሓልፉ ከም ዝግባእ ወ/ሮ ኣስኳልን ኣይተ ፍረዝግን ብሓባር ተዛሪቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ እቶም ዝበዝሑ ኣብ ዝተፈላለየ ዶባት፣ ከተማታትን ገጠራትን ዝርከቡ ኣባላት ግብሪ ሓይልን ልዕልነት ሕጊ መሰረት ገይሮም ዝቃለሱ ዘለዉ ኣካላት ሕ/ሰብ ሓጋዛይ ኮይኑ ንኣዋጅ ህፁፅ እዋን ከተግብርን ሓጋዛይ ክኸውን ኩሉ ሕ/ሰብ እጃሙ ከወፊ ይግባእ ኢሎም፡፡

# ትግራይ መበቆል ታሪኽ

ብ ዲ/ን ሃ/ሚካኤል ከበደ

ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከምዝበሃል ኣብዚ ፅሑፍ ብዛዕባ ታሪክ ንግስተ ሳባን ንጉስ ሰሎሞንን ኣመፃፅኣ ታቦተ ፅዮንን ኣሃዱ ኢልና ኣቕሪብና ኣለና እሞ ሰናይ ንባብ፡-

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ኣኽሱም ሙዝየም ዝርከቡ እቶም ቀዳሞት ኣኽሱማውያን ቅድሚ 2500 ዓመት ነቲ ትውፊት ብዝተፈላለየ ስራሕቲ ስነ ጥበብ ይገልፅዎ ከምዝነበሩ የረድኣና፡፡ንግስተ ማክዳ ብኢትዮጵያውያን፤ ንግስተ ሳባ ብመላእ ዓለም ተባሂላ እትፍለጥ ግንንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣመሓዳሪት ብ10ይ ዓ/ዓ ነባሪት በዚ ናይ ሎሚ ኣፀዋውዓ ቤተ ጀወርግስ ጥንታዊ ሽሙ ደብረ ማክዳ ተባሂሉ ዝፍለጥ ድሕሪ ሓውልቲ ኣኽሱም ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታ ፈላማይ መናገሲ መስረተት፡፡ ነቲ ቦታ ከይዱ ንምህዋፅ ድሌት ዘለዎ ሰብ ብኣካል ክርእዮ ይኽእል፡፡

ኣፍቲ ሰፈራ ብዘመነ ኣኽሱማውያን ዝተሃነፁ ሓውልቲታት መካነ መቓብራት ከምኡ እውን መንበርታትን ብበዝሒ ይርከብ፡፡ ንግስተ ማክዳ መንግስታዊ ግዝኣታ ኣኽሱም ኣብ ተመሓድረሉ እዋን ኣብቲ ሽው እዋን ታሪኹ ዝገነነ ጠቢብ ንጉስ ሰለሞን ነበረ፡፡ ጠቢበ ሰሎሞን ኣብቲ ሽው ግዜ ንታቦተ ፅዮን መንበሪ ዝኸውን ቤተ መቅደስ ንም ስራሕ ንኹሎም ነጋዶ ዓለም ዘድልይዎ ነገራት ንኽምፅኡሉ መምርሒ ኣመሓላሊፉ፡፡

በቲ ሽው እዋን ብመርከብ ንግዶም የሳልጡ ካብ ዝነበሩ ነጋዶ ሓደ ኢትዮጵያዊ ነጋዳይ ታምሪን እቲ ዕድል ተጠቒሙ ብዛዕባ ጥበብ ንጉስ ሰሎሞን ዝተወሰነ ክርዳእ ከኣለ፡፡ ናብ ዓዱ ምስተመለሰ እውን ኩሉ ዝረአዮን ዝሰምዖን ንግስቲ ማክዳ ብዝርዝር ነገራ፡፡ ንግስቲ ማክዳ ድማ ብዝሰምዐቶ ነገራት ኣዝያ ስለ ዝተገረመት ነዚ ኩሉ ንምርግጋፅ ብኣካል ናብ እየሩሳሌም ዑደት ንምግባር ወሰነት ፡፡

ብሉይ ኪዳን ታሪኽ ዑደት ንግስተ ሳባ ኣመ ልኪቱ ኣብ መፅሓፍ ነገስት ከምዝሕብሮ ጥበብ ንጉስ ሰለሞን ንምርግጋፅ ኣብ ዝተጎዓዘትሉ እዋን ካብ ሃገራ ዘተኣኻኸበቶ ህያባት ንምጉዕዓዝ ሽውዓተ ሚኢትን ቴስዓን ሽውዓተን ኣግማል ፣ ኣብቓልን ኣእዱግን ብምድላው ወርቂ ፣ ስኒ ሓርማዝ ፣ ክባር ማእድናትን ዝተፈላለዩ ቅመማትን ብምፅዓን ኣብ እየሩሳሌም ብመልክዕ ህያብ ንጠቢብ ሰሎሞን ኣቕ ረበትሉ፡፡ ንሱ ድማ ብታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ ኣዝዩ ተገረመ ፡፡

ብውህብቶኣ ኣዝዩ ተሓጎሰ ፡፡ትዓርፈሉ ቦታ እውን ኣጠዓዓመላ፡፡ ኩሉ ዝደለየቶ ኣቕረበላ፡፡ ብመልክዓ ኣዝዩ ስለ ዝተማረኸ ምስኡ ንክትድቅስ ተመነየ፡፡ ነዚ ንምስላጥ እውን ጨው ዝበዝሖ ምግቢ ብምቕራብ ኣብ ክንዲ ማይ ሚየስ ክትሰቲ ብምግባር ድሌቱ ፈፀመ፡፡ ብመንፅር እዚይ እውን ዝምድና ኣኽሱምን እየሩሳሌምን ብስጋ ተተሓሓዘ፤ ንግስተ ሳባ ካብ ንጉስ ሰለሞን ቐዳማይ ሚኒሊክ ወለደት ፡፡

ውፅኢት ታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ ኣብ እየሩሳሌም ንኣኽሱም ሽሪፍና ክንሪኦ ከለና ብብ ዙሕ መዳይ ክንትንትኖ ንኽእል፡፡ ኣብዚ ጠመተ ጌይሩ ክረአ ዘለዎ ጉዳይ ካብ ሓደ ቦታ ተንቀሳቒስካ ናብ ካልእ ቦታ ዑደት ክትገብር ከለኻ ኣብቲ ቦታ ዝረአኻዮም ብሉፃት ተሞክሮታት ናብ ከባቢኻ ምትእትታው እዩ፡፡ ንግስተ ሳባ ናብ እየሩሳሌም ዑደት ኣብ ዝገበረትሉ እዋን ኣምልኾ ፀሓይን ወርሕን ትኽተል ከምዝነበረት እሞ ብጥበብ ንጉስ ሰለሞን ኣዝያ ስለ ዝተመሰጠት ናይ ቅድሚት እምነት ብምሕዳግ ብሓደ እግዚኣብሄር ክተምልኽ ከምዝጀመረት ታሪኽ ይሕብረልና፡፡ ናብ ትውልዲ ዓዳ ምስ ተመለሰት እውን ኣብ ኣኽሱም ብምኽንያት ታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ ካብ እስራኤል ብምቕፃል ኣምልኾ ሓደ ኣምላኽ ተስፋሕፍሐ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ንግስቲ ማክዳ /ሳባ/ ናብ ትውልዲ ዓዳ ክትምለስ ከላ ንዓዓ ዓጂቦም ብዙሓት ቤተ እስራኤላውያን ክተኣታተዉ ክኢሎም፡፡


ካብ ቅርስታት ስልጣነ ኣክሱማውያን ተጋሩ (ታቦተ ፅዮን)

ትውፊት ንግስተ ሳባ ምስ ኣኽሱም ተታሓሒዙ ኣብ መበል 14 ክ/ዘበን ብነብረኢድ ይሳቅ ዘ ኣኽሱም ብመልክዕ ፅሑፍ ተጠርኒፉ ዝርከብ መፅሓፈ ክብረ ነገስት ይሕብር፡፡ ነዚ ተወሳኺ ዝኾነና ብዙሓት መረዳእታታት ታሪኽ ከምዝሕብርዎ ታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ መበገሲኡ ኣኽሱም ከምዝነበረ ይፍለጥ፡፡

ኮስማስ ኢንዲኪላፕተስ ዝተብሃለ ግሪኻዊ ነጋዳይ ኣብ 6ይ ክ/ዘመን ናብ ኣኽሱም መፂኡ ብዛዕባ ኣኽሱም ዝፀሓፈ ከምዘሕብሮ ፣ ኩሎም ውህብቶታት ንግስተ ሳባ ንንጉስ ሰሎሞን ካብ ኢትዮጵያ ከምዝኸዱ በቲ ሽው ግዜ ካብ ዝረኸቦ መረዳእታ ይሕብር፡፡

ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ብ9ይ ክ/ዘመን ኤሌክ ሳንድረን ኣብ ዝፀሓፎ ታሪክ ከምዝሕብሮ ንግስተ ሳባ ቅ/ል/ክ/ 10ይ ክ/ዘበን ኣኽሱም ተመሓድር ከምዝነበረትን ካብ ኣኽሱም ከተማ ዝርከብ መንበረ መንግስታ ተበጊሳ ናብ ጠቢበ ሰለሞን ከተማ ዝኾ ነት እየሩሳሌም ዑደት ከምዝገበረትን ይሕብር፡፡

ልዕል ኢሎም ካብ ዝተጠቐሱ መረዳእታታት ታሪኽ ኣብ ቀረባ ግዜ ብጀርመናዊ ተመራማሪ ፕሮ ፌሰር “ ሄልወት ዘገርት “ ንግስተ ሳባ ተባሂሉ ኣብ ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ኣብ ዝገበሮ ምርምር ስነ ቅርሲ ቅ/ል/ክ/ ብ10ይ ክ/ዘመን ኣብቲ ቦታ ጥንታዊ ኣኽሱማውያን መነባብርኦም ይመርሑ ከምዝነበሩ ዘረድኡ መረዳእታታት ከምዝረኸበ ታሪኽ ፅሑፍ ይሕብር፡፡ በቲ ዝተጠቐሰ ዘመን እውን ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ሳባ ተባሂሉ ዝፍለጥ መንግስታዊ ግዝኣት ብጓል ኣንስተይቲ ይመሓደር ከምዝነበረ ብዝተረኸበ ጥንታዊ ፅሑፍ እምኒ ክረጋገፅ ክኢሉ፡፡ ካልእ ብምኽንያት ታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ ንኣኽሱም ዝመፀ ገፀ በረከት ፅላተ ሙሴ ዝኾነ ታቦተ ፅዮን እዩ፡፡ ትውፊትና ከምዝሕብረልና ቐዳማይ ሚኒሊክ ንዓቕመ ኣዳም ምስ በፅሐ ብዛዕባ ኣቡኡ ንጉስ ሰለሞን ክፈልጥን ክርዳእን ካብ ኣዲኡ ንግስተ ሳባ ፍቓድ ብምሕታት ናብ እየሩ ሳሌም ተጓዓዘ ፡፡

> **ኣብ እየሩሳሌም ብምኻድ እውን ወላዲቱ ንግስተ ሳባ ዝሃበቶ ቀለበት ንንጉስ ሰለሞን ክህቦ መንገዲ ምስ ጀመረ ገና ካብ ሩሑቕ ወዱ ካብ ኣኽሱም ምምፅኡ ፈለጠ፡፡ ቐዳማይ ሚኒሊክ ኣብኡ ሓቲቱ ናብ ትውልዲ ሃገሩ ክምለስ ምስ ወሰነ ንጉስ ሰለሞን በቲ ሽው ዝነበሩ ኩሎም ኣስራኤላውያን ቦኽሪ ደቆም ዓጂቦም ክኸዱ ገበረ፡፡ ንቀዳማይ ሚኒሊክ ዓጂቦም ዝመፁ ታቦተ ፅዮን ሒዞም ድማ ኣክሱም ኣተው፡፡ ካብ ኩሎም 12 ነገደ እስራኤል ነበሩ፡፡ በዙይ መዳይ እውን እቲ ኣብ ዓለምና ተወዳዳራይ ዘይብሉ ውህብቶ ፈጣሪ ዓለም ዝኾነ ታቦተ ፅዮን ኣኽሱም ከትውንን ክኣለት፡፡ ኣኽሱም ምስ ኣተወ እውን ቐዳማይ ሚኒሊክ ዙፋን ካብ ወላዲቱ ንግስቲ ማክዳ ብምርካብ መንግስታዊ ግዝኣቱ ከመሓድር ጀመረ፡፡**

ኣብ እየሩሳሌም ብምኻድ እውን ወላዲቱ ንግስተ ሳባ ዝሃበቶ ቀለበት ንንጉስ ሰለሞን ክህቦ መንገዲ ምስ ጀመረ ገና ካብ ሩሑቕ ወዱ ካብ ኣኽሱም ምምፅኡ ፈለጠ፡፡ ቐዳማይ ሚኒሊክ ኣብኡ ሓቲቱ ናብ ትውልዲ ሃገሩ ክምለስ ምስ ወሰነ ንጉስ ሰለሞን በቲ ሽው ዝነበሩ ኩሎም ኣስራኤላውያን ቦኽሪ ደቆም ዓጂቦም ክኸዱ ገበረ፡፡ ንቀዳማይ ሚኒሊክ ዓጂቦም ዝመፁ ታቦተ ፅዮን ሒዞም ድማ ኣክሱም ኣተው፡፡ ካብ ኩሎም 12 ነገደ እስራኤል ነበሩ፡፡ በዙይ መዳይ እውን እቲ ኣብ ዓለምና ተወዳዳራይ ዘይብሉ ውህብቶ ፈጣሪ ዓለም ዝኾነ ታቦተ ፅዮን ኣኽሱም ከትውንን ክኣለት፡፡ ኣኽሱም ምስ ኣተወ እውን ቐዳማይ ሚኒሊክ ዙፋን ካብ ወላዲቱ ንግስቲ ማክዳ ብምርካብ መንግስታዊ ግዝኣቱ ከመሓድር ጀመረ፡፡

ትውፊትን ታሪኽን ታቦተ ፅዮን ኣብ ኣኽሱም ንምዝርዛር ብዙሕ ፍልጠትን ግዜን ዝጠልብ ካብቶም ኣብ ዓለምና ደቂ ሰባት ክፈልጥዎ ዝደልዩ ታሪኻዊ ክስተታት ብቐዳማይ ደረጃ ይስራዕ፡፡ ብዙሓት ተመራመርቲ ደቂ ወፃኢ ኣብ ኣኽሱም ስፍሕ ዝበለ መፅናዕቲ እናካየዱ ፀኒሖም፡፡ ሐዚ አውን አንግሊዛዊ ተመራማሪ ታሪኽን ጋዜ ጠኛን ታቦተ ፅዮን ንምርዳእ ንምፅብፃብን ኣብ ዝንቀ ሳቐሰሉ እዋን ዘረጋገፆም ሓቅታት ብዙሓት እዮም፡፡

ካብዚኣቶም ቐዳሞት ኣክሱማውያን ኩሉ ህዝቢ ዓለም ቅድሚ ምንቅሑ ካብ እየሩሳሌም ብምቕፃል ብሕጊ ኦሪት ከምዝተቐበሉ ኣብ ጥንቲ ግዜ እውን እቲ ኣብ ዓለምና ክባር ዝኾነ ህያብ ፈጣሪ ሓድጊ ታቦተ ፅዮን ክውንኑ ከምዝኸኣሉ እዩ፡፡ ብምኽንያት ታሪኻዊ ዑደት ንግስተ ሳባ እየሩ ሳሌም ከምዝኾነ ክረጋገፅ ዝኽእል እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣብያተክርስትያናት ኣብ ዝተ ፈላለዩ ቅዱሳት መፃ ሕፍትን ሰንክሳራትን ብግእዝ ተፃሒፎም ይርከቡ፡፡


ብዛዕባ ታሪክ ሃገርናን ክልልናን ተዘርዚሮም ከውድኡ ዘይኽእሉ ታሪካት ክንፈልጦን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዓቂብና ክንሕዞን ክንርዳእን ይግባእ፡፡ ስለዚ ክቡራት ኣንበብቲ ናይዛ ኣብታሪኽ ኢትዮጵያ ኾነ ዓለም ዓብዩ ኣሰር ዘለዋ ኣንስተይቲ ኢትዮጵያዊት ንግስቲ ሳባ ታሪኻ ንምርዳእ ናብ ኣኽሱም ብምኻድ ብሽማ ዝፍለጥ ቤተመንግስቲ ንግስተ ሳባ ማይሹም /መሐመሲ ንግስተ ሳባ/ ደብረ ማክዳ ብተወሳኺ ድማ እቲ ኣብ ዓለምና ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ሓድጊ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባትን ፈጣሪናን ድልድል ብምዃን ከም ዘገልግል ዝእመነሉ ታቦተ ማርያም ፅዮን ዝዓረፈትሉ ቦታ ብዝበለፀ ብኣካል ብምኻድ እቲ ታሪኽ ንክንርዳእን ናይ ወለድና ታሪክ ንክን ዕዘብ ንሕብር ፡፡

**ፍልፍል ካብ መፅሓፈ ነገስት ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለዩ መፃሓፍቲ ታሪክ ዝተጨለፈ**



# ኣሰር

**ብሉፅ ተሞክሮን ምህዞን ፍሉጣት ሰባት ብምትእንጋድ ካልኦት ኣሰሮም ንኽስዕቡ ዝሰናዳእ ዓምዲ**



# ዓድኻን ዓውድኻን

**ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር**

ዞባ ደቡብ ትግራይ ሰፊሕ ንሕርሻን ልምዓት መስኖን ዝኸውን መሬት ዝሓዘ ከባቢ እዩ። ዞባ ደቡብ ትግራይ ምስቲ ሰፊሕን ልሙዕን መሬት ምህላዉ ብርከት ዝበለ ሓይሊ ሰብ ብም ውፋር ዝለዓለ እቶት ክርከበሉ ዝኽእል ዞባ እውን እዩ። ብዝተወደበ መንገድን ሰይንሳዊ ዝኾነ ኣጠ ቓቕማን ተኸቲሉ ንዝሰርሕ ኣካል ዝሓሸ ዕድል ዝህብ ከባቢ እዩ። ኮይኑ ግና ነቲ ጥጡሕ ባይታ ምጥቃም ዘይኸኣሉ ብርከት ዝበሉ መናእሰይ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ስደት መሪፆም ኣብ መንገዲ ህይወቶም ዝገበሩ፣ ኣካሎም ጎዲሎም ዓዲ ውዒላት ዝኾኑ፣ ኣብ መንገዲ ዝተረፉን ውሑዳት ኣይኮኑን። ድኽነት ባዕሎምን ስድርኦምን ከጥፍኡን ክሕግዙን ዝሓሰቡ ንባዕሎም ተጠወርቲ ዝኾኑን ብዙሓት እዮም።

ከምእኒ ክፍሎም እያሱን ኣባላቱን ዝበሉ መናእሰይ ግና ብማሕበርን ብውልቆምን ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምውፋር ኣብ ዓዶምን ከባቢኦምን ዝርከብ ሃፍቲ ገነት ብምጥቃም ንባ ዕሎም ተረባሕቲ ብምኳን ንስድርኦም ዝሕግ ዝሉ ባይታ ይፈጥሩ። መንእሰይ ክፍሎም ናይታ ማሕበር ኣባል እዩ። ብዛዕባ እታ መሕበሮም ኣጀ ማምራን ኣመፃፅኣን ኣመልኪቱ ከምዝስዕብ ይብል። “እዛ ማሕበር ብ2006 ዓ/ም ‘ማሕበር ራእይ መለስ’ ብዝብል ስያመ ተመስሪታ። ፈለማ ነዛ ማሕ በር ክንምስርት እንትንሓስብ ኣብ ጣብያ ፅግዓ ቁሸት ወይናለም ዝበሃል ከባቢ ንልምዓት ዝኸውን ቦታ ዝለዝነበረ ኣብኡ ተወዲብና ንኽነልምዕ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ሕቶ ኣቕሪብና። በዝሒ ኣባላ ትኩምን እተልምዕዎ ወይ እትሰርሕዎ ስራሕ እውን ኣነፂርኩም ምፁ ክፍቀደልኩም እዩ ዝብል ኣወን ታዊ መልሲ እውን ተወሃበና።

ኣብቲ ከባቢ ስራሕን መሬትን ዘይነበረና መናእሰይ ተኣኻኺብና። ዝተወሰኑ ኣብ ስደት በፂ ሖም ዝመፁ ኣባላት ሓዊስና 33 ደቂ ኣንስትዮ ዘለዋና ጠቕላላ 55 ኣባላት ኮይንና ከድና። ዝምል ከቶም ኣካላት እውን በቲ ዝሓሰብናዮ ስራሕ ኣብቲ ዝደለናዮ ቦታ ክወሃበና ፍቓድ ሃቡና። ከመይ ከምንሰርሕን እንታይ ዓይነት ኣሰራርሓ ከምእንኽተልን እውን ብቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ካልኦት መድረግቲ ኣካላትን መዕበዪ ግንዛበ ስልጠናታት ተወሃበና።

ብዝተወሃበና ስልጠና መሰረት እውን መን እንታይ ክሰርሕ ከምዘለዎ ስራሕ መቐሎ ብምግባር ሕድ ሕድ ኣባል መዓንጥኡ ኣስጢሙ ናብ ስራሕ ኣተወ። መጀመርታ ቐወምቲ ተኽልታት ከም ማንጎ፣ ፓፓዮን ካልኦትን ተኸልናሉ። ድሕሪኡ እቶም ዓበይቲ ተኽልታት ክሳብ ዝባፅሑ እናኾስኮስናን ዘድልዩ ክንክን እናገበርናን ኣብ እግር እግሩ ድማ ካልኦት ኣሕምልቲ፣ ኮሚደረን ሽጉርትን እናተኸልና እናባፃሕና ንቕድሚት መዋሳወሲ ዝኸውን ገንዘብ ምርካብ ጀመርና። እቲ ቦታ ኣዝዩ ልሙዕን ማይ ብቐረባ ዝርከበሉን ብምዃኑ ዝሃብካዮ ተቐቢሉ እኹል ዝኾነ ምህርቲ ዝህብ እዩ።

እቲ ኩሉ ስራሕ እንትንሰርሕ ድማ ካብ ኣማሓዳሪ ጣብያ ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ወረዳ ዝርከቡ ሰብ ሞያን ሓለፍትን ካብ ጎንና ከይተፈለዩ ምኽርን ማዕዳን ይህቡና እዮም። ብፍላይ ሰብ ሞያ ሕርሻ ዳርጋ ማዓልታዊ ክትትል ይገብሩልና እዮም። ብዝሃቡና ደገፍን ክትትልን ድማ ኣይከፍኣናን ስራሕ ዘይነበረና ተረጋጊዕና ክንሰርሕ ኪኢልና። መንበሪ ገዛ ዘይነበረና ሕድሕድና ኣብዛ ማሕበር ንርከብ ኣባት መንበሪ ገዛ ሰሪሕና። ንባዕልና ኮይንና ንስድራና ከይተረፈ እንሕግዘሉ ኣጋጣሚ እውን ተፈጢሩልና። ሕድ ሕድ ኣባል ካብቲ ብወርሒ ዝበፅሖ ኣታዊኡ ዝዓቐሮ ዕቋር እውን ኣለዎ።

ጎናጎኒ ልምዓታዊ ስራሕትና ኣብ ምህጣር እንሰሳት እውን ንነጥፍ ኢና። “ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ “ ከም ዝበሃል ካብቲ እነልምዖ ቦታ ነተን እነህጥረን እንሰሳት ቀለብ ንጥቀም። ካብቲ ልምዓት ተኸሊ ብዘይንኣኣስ ካብተን እንሰሳት እውን ዝሓሸ እቶት ይርከብ እዩ።” ብምባል ዝርዝር ስራሕ እታ ማሕበር ይገልፅ።

ካልኦት መናእሰይ ኣሰር እታ ማሕበር ተኸቲሎም ኣብ ምስራሕ ‘ኸ እንታይ ይመስሉ ? ንዝብል ሕቶ እንትምልስ መንእሰይ ክፍሎም ፣ “ኣብ መጀመርታ ከባቢ ስራሕ ንሰርሕ ዘለና እውን ኣይመስሎምን ዝነ በረ። ካብዚ ከባቢ እዚ ብርከት ዝበለ መንእሰይ ግዳይ ስደት ኮይኑ እዩ። ኣብ ስደት ከይዱ እውን እንትርፊ ሞትን ኪሳራን ዝሓለፈሉ መንእሰይ የለን።

ብርከት ዝበሉ መናእሰይ እውን ኣብ ስደት በፂሖም ምስተመለሱ ናይዛ ማሕበር ኣባላት ዝበፅሕዎ ደረጃ ለውጢ ተገንዚቦም ብውዳበ ይኹን ብውልቀ ተመ ሳሳሊ ስራሕ ዝሰርሑ መናእሰይ ኣለው። ዋላ ብማሕበር ተወዲቦም ከልምዑዎ ዝኽእሉ መሬት እንተሰኣኑ መሬት ወለዶም እንተስ ብናፃ እንተስ ተኻርዮም ኣብ ልምዓት ዝኣተው መናእሰይ ብዙሓት እዮም። ስለዚ እዛ ማሕበር ካብ ንኣባላታ እትህቦ ረብሓ ብዘይንእስ ንኻልኣት መናእሰይ እውን ሃፍተ ገነት ከባቢኦም ተጠቒሞም ኣብ ዓዶም ንኽሰርሑ መምሃሪት እውን ኮይናቶም እያ “ ይብል።

ምስ ምትእስሳር ዕደጋ ተታሓሒዙ ከመይ ከም ዝሰርሑ እውን እንትገልፁ፣ ኣብ መጀመርታ እዋን በዕላቶም ናብ ዕደጋ ሒዞም ብምኻድ ብዝሓሰረ ዋጋ ይሸጡ ከምዝነበረ ይገልፁ። ድሕሪ እዋን ግና እቲ ዘፍርዩዎ ምህርቲ ኣዝዩ ምሩፅን ተጠላብን ብምዃኑ ዓበይቲ ነጋዶ ናብቲ ናይ ልምዓት ቦትኦም እናኸዱ ምግዛእ ከምዝጀመርዎም ይዛረቡ። ኢሎም እውን ክሳብ ኣብ መቐለ ምስ ዘለዉ መከፋፈልቲ ብምት እስሳር ነቲ ፍርያቶም ብኩንታላት መሊኦም ብዓርሶም ፒዒኖም ናብቶም ነጋዶ ይሰድሎም። እቶም ነጋዶ እውን በቲ ዝተስማዕምዑዎ ውዕሊ ዋጋ መሰረት ፀብ ፂቦም ብባንኪ ኣቢሎም ገንዘቦም ይልእኹሎም።



**ፍርያት ማንጎ**

እታ ማሕበር ንቐፃሊ ዝሓዘቶም ለውጥታት እንትርአ እውን እቲ ልምዓትን ምህጣር እንሰሳትን ብዝበለፀ ብዘመናዊ መልክዑ ብምስራሕ፣ ካልእ ድማ ዝተፈላለዩ ፈልስታት እናፍለሰት ናብ ሕብረተሰብ እቲ ከባብን ካልኦት ከባብታት ምሻጥን ምክፍፋልን እዩ። እቲ ብቐረባ ፈልሲ ንምርካብ ዝፅገም ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ብቐሊሉ ብቐረባ ዝረኽበሉ መንገዲ ብምፍጣር ልምዓታዊ ዘርፊ እታ ማሕበር እውን ምዕባይ እዩ። ካልኦት ስራሕ ዘይብሎም መናእሰይ እውን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዕድል ስራሕ ዝረኽብሉ ባይታ ንምፍጣር እታ ማሕበር ከምትልሚ ዝሓዘቶ ውራይ እዩ።

ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቶም ኣብ ቤት ፅሕፈት ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኪኢላ ምልዓልን ምዉዳብን መናእሰይ ኣይተ ዳርጌ ጌጡ ምስ ኤፍ ኤም ድወት ኣብዝገበርዎ ዝርርብ ከምዚ ይብሉ። “በቢዓመቱ ክንደይ ዝኣክል ስራሕ ስኡን መንእሰይ ኣሎ ብምባል መፅናዕቲ ይካየድ እዩ። ብመሰረት ዝግበር መፅናዕቲ እውን እቲ ስራሕ ዘይብሉ መንእሰይ ብምውዳብ ናብ ስራሕ ዝኣትወሉ ተግባር ይስራሕ እዩ። ኩሉ ዝተወደበ መንእሰይ ናብ ስራሕ ይኣቱ ‘ዶ ዝብል ካልእ ጉዳይ ኮይኑ ፤ ብርከት ዝበለ መንእሰይ ግና ብማሕበር እናተወደበ ኣብ ስራሕ ብምእታው ፅቡቕ ዝበሃል ብርኪ ዝበፅሐ ኣሎ።

ብዙሓት መርኣያ ዝኾና ማሕበራት ከም ወረዳ ኣለዋ እየን። ካብተን ዘለዋ ማሕበራት ኣብ ጣብያ ፅግዓ ቁሸት ወይናለም 55 ኣባላት ዘለውዋ ማሕበር ራእይ መለስ እትበሃል ኣላ። እዛ ማሕበር ካብ እት ምስረት ጀሚራ ክሳብ ሕዚ ኣብ ፅቡቕ ለውጢ ትርከብ። ኩሎም ኣባላታ ኣብ ፅቡቕ ብርኪ ዝበፅሑ እዮም። ንኻልኣት ማሕበራትን መናእሰይን እውን መርኣያ እያ። ካልኦት ናታ ኣሰር ዝተኸተላ ውዳበታት ብዙሓት ኣለዋ።

ከም ወረዳ ኣብ ዝግበር መፅናዕቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 10 ሽሕን 231 ቁፅሪ መንእሰይ ስራሕ ስኡን ከምዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ ብዝተገበረ ፃዕሪ ብርከት ዝበለ መንእሰይ በቢ ሞይኡን ድሌቱን ተወዲቡ ንኽ ሰርሕ፣ ዝተፈላለዩ ነዋሕትን ሓፀርትን መዕበዪ ግንዛበ ስልጠናታት ብምሃብ ናብ ስራሕ ክኣቱ ተገይሩ እዩ። ሎሚ ዓመት እንትርአ እውን ብዝ ተገበረ መፅናዕቲ 6 ሽሕን 53 መንእሰይ ስራሕ ስኡን ነይሩ። ካብዚ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ምስ መድረግቲ ትካላት ብምዃን መዕበዪ ግንዛበ ስልጠና ብምሃብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዉዳበታት ማለት ኣብ ምሕዋይ ጎቦታት፣ ጉህምታትን መዓድናትን ተወዲቡ ክሰርሕ ተገይሩ እዩ። ይኹን እምበር ሕዚ እውን ኩሉ ዝተወደበን ዝሰልጠነን ናብ ተግባራዊ ስራሕ ኣትዩ ማለት ኣይኮነን። ኣቋሪፁዎ ዝወፅእን ዝኸይድን መንእሰይ ብዙሕ እዩ። መሊኡ ዘይተቐረፈ ኣተሓሳስባን ኣርኣእያን ኣብ ብዙሕ መንእሰይ ኣሎ።

ብሓፈሻ እንትርአ ክሳብ ሕዚ ዘሎ ኣፈፃፅማ ስራሕ ልዕሊ 63 ሚኢታዊ ብቐዋምን ግዝያውን ናብ ስራሕ ዝኣተወ መንእሰይ ኣብዛ ወረዳ ኣሎ። ከም ቤት ፅሕፈት እውን መናእሰይና ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ሃፍተ ገነት ተጠቒሞም ተረባሕቲ ንምግባር ብዙሕ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ። እተን ዝተወደባ ማሕበራት ከይፈርሳ ብዝተፈላለየ መንገዲ ሓገዝ ይግበር እዩ። ምስ ሞያን ክእለትን ተታሓሒዙ እውን ምስ ዩኒቨርሲቲ ራያን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ብምዃን ልዕሊ 150 ዝኣኽሉ መናእሰይ ስልጠናታት ተዋሂቡ እዩ። ብሰብ ሞያን ናይ ቀረባ ሓለፍትን እውን ብቐፃልነት ደገፍን ክትትልን ይግበር እዩ” ይብሉ።

ሓንቲ ዓዲ ህልውንኣ ዘረጋገፀት ዓዲ ክትከውን እንተኾይና መንእሰይ ክህሉ ግድን ይኸውን። ብምዃኑ መንእሰይና ከይብተን ፣ ከይጠፍእ ኣብ ዓዱ ኣልሚዑ ዓዱ ክሕሉን ክርከብን እንተኾይኑ ሎሚ ዝግበረሉ ሓገዝን ክትትልን ወሳናይ እዩ።

ስለዝኾነ መንግስትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ኣብ መንእሰይ ቆላሕታ ሂቦም ክሰርሑ ኣለዎም። መናእሰይ እውን ንዝግበረሎም ሓገዝ ብስርዓት ተቐቢሎም፣ እንጀራ ስደት እንተይ ኣቋመቱ ፣ ከምቲ ወለዲ ዝብልዎ “ሕማቕ ‘ያ ናትካስ እንተፀወዓኻዮ ኣቤት ይብለካ” ወይ ድማ “ዓድኻን ዓውድኻን ዝህቡኻ መን ይህበካ” እዩ እሞ ሃፍተ ገነት ከባቢኦም ብምጥቃም ተረባሕቲ ክኾኑ ኣለዎም መልእኽትና እዩ።

ውሕስና ምግቢ

እዚ ዓምዲ ብሉፃት ምህዞታትን ስራሕትን ዘፈር ሕርሻን ዝተኣናገደሉ'ዩ

# ሰነፍ ሐረስታይ ዶ ወይስ ሰነፍ መሬት!

**ብመ/ር ፀሃየ ሓጎስ(ኪኢላ ፕረስ ወረዳ ዓዴት)**



**ሓረስታይ ደበስ ገ/ስላሴ ነባሪ ጣብያ ዓዲ ሰላም**



**ኣይተ ኣብርሃም ገ/የሱስ ሓላፊ ዘፈር ቁጠባ ሕርሻ ወረዳ ዓዴት**

ቅድም ክብል ልዕሊ 247 ሽሕ ኩንታል ማዳበርያ ናብ ክልልና ኣትዩ። ሕዚ'ውን ይቕፅል ኣሎ። እዚ በቢእዋኑ ናብ ወረዳታት ይዃዓዓዝ ኣሎ። ዝተረፈ ናብ መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ክበፅሕ ዓበይቲ ፃዕርታት ይካየድ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ቁጠባ ሃገርና ኣብ ሕርሻ ዝተደረኸ ክምዝ ኸነን ብፍላይ ኣብ ክልልና እንተሪኢና ኣብዛሓ ማሕበረሰብና ኣብ ውፅኢት ቁጠባ ሕርሻ ዝተመስረተ ስራሕቲ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ሕሉፍ እዋናት ብኣብዝሓ ዝትግበር ዝነበረ ስራሕቲ ሕርሻ ድሑር ኣጠቃቅማ ሕርሻ ነይሩ። ተጠቃምነት ሓረስታይ ንዘመናት ከይተረጋገፀ ክምዝፀንሐ ይፍለጥ።

መንግስቲ ነዚ ፀገም ብምርዳእ ከም ክልልና ካብ ሕሉፍ ኣትሒዙ ሓደሽቲ ምህዞታት ሕርሻ ብምትእትታው ኣፈፃፅማ እቶት ሓረስታይና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ለውጢ እናመዝገበን ስርዓት ኣወሃህባ ግልጋሎት ኤክስተንሽን ሕርሻ እናተስፋሕፈሐን ሓረስታይና ተጠቃሚ ዝኾነሉ ግዜ እናተማሓየሸ መፂኡ።

እዋኑ ክራማት ስለዝኾነ ናብ ዞባ ማእኸል ወረዳ ዓዴት ማእኸል ተመኩሮ ክላስተር፣ ጣፍን ምሽላን ዝኾነት ወረዳ ዓዴት ቁሩብ እትገብሮ ዘላ ምንቅስቓስ ክነህውፀኩም።

ከም ኣገላልፃ ዘፈር ቁጠባ ሕርሻ ኣይተ ኣብርሃም ገ/የሱስ፣ ኣብዚ ወረዳ በቢ ዓመቱ ዝሳለጥ መፍረያይነት ብበዓል ሞያ ሕርሻ እናተመርሐ ንሓረስታይና እናደገፍና ብተኸታታሊ ከም ዞባ ማእኸል ትግራይ ወረዳና ማእኸል ተመኩሮ እና ኾነት ከምዝመፀት ይዛረቡ።

ከም ወረዳና ሎሚ ዓመት ሒዝናዮ ዘለና ትልሚ፣ ኣብ ፍርያትን መፍረያይነትን ዘመነ ምህርቲ 2011/2012 ዓ.ም ኣብ ቀረብ ይኹን ስራሕቲ ደገፍን ክትትልን ዝነበሩና ፀገማት ብዕምቆት ብምግምጋም ኣብዚ ዓመት ዝሳለጥ መፍረያይነት 2012/2013 ዓ.ም ምስ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ብዘይጓነፅ መል ክዑ፣ በዓል ሞያ ኣቐዲሙ ነቲ ሓረስታይ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ሂቡ። ብፍላይ ኣብ ኣጠቓቕማ ሙሩፅ ዘርኢ፣ ዘመናውን ተፈጥራውን ድኹዒ (ኮምፖስት) ንክጥቀም ብልምዓት ጉጅለን ኔት ወር ክን እናተሰርሓሉ ከምዝመፀ ይዛረቡ።

ከም ዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ዝነበሩ ዓፈንትን ረገፅትን ጉጅለታት፣ ሓረስታይና ተጠ ቃሚ መሬት ከይኸውንን ኣብ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ዝነበሮ ኣመለኻኽታ ክመክንን ቀጥቂጦም ከም ዝበታተንዎ ግሁድ እዩ።

ሕዚ ግና ካብ ግዜ ናብ ግዜ መንግስቲ ጠመተ ሂቡ ሓረስታይና ናብ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ንክሰጋገር ብመሰረት ዝሓንፀፆ ፖሊሲን እስት ራተጅን ሕርሻ ተጠቒሙ ከም ሓረስታይ ወረዳ ሙሩፅ ዘርኢ ይኹን ዘመናዊ ድኹዒ እናተ ለመ ይዋሃብ ነይሩ።

ኣብዚ ሕዚ ግዘ ግን ሓረስታይ ባዕሉ ብሰናይ ሓጋዩ ኣቀዲሙ ይጠለብ። ሽዑ ንስራሕቲ ፍርያትን መፍረያይነትን ግቡእ ምድላዋቱ ወጋጊኑ ኣብ ክላ ስተር ምሽላ ዝራእቲ ክነጥፍ ይርከብ።

ዓዴት ከም ወረዳ፣ 14531 ሄክታር ተሓራሲ መሬት ዝወነነት እያ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ 13 ሽሕ ኩንታል ዝፅጋዕ ዘመናዊ ድኹዒ ብምጥላብ፣ 8533.5 ሄክታር መሬት ብመስመር ዝተዘርአ እንትኸውን ኣብዚ ዓመት ድማ ከም ወረዳ 14 ሽሕ ኩንታል ዘመናዊ ድኹዒ ጠሊብና፣ ናብ 8500 ሄክታር መሬት ብመስመር ንምዝራእ ተሊምና ኣለና ይብል።

ክሳብ ሕዚ 8400 ኩንታል ዘመናዊ ድኹዒ ናብ ሓረስታይና ተኸፋፊሉ ይርከብ። እዚኦም ቃንጫ ዝራእቲ ብክላስተር እናዘርኡ ይርከቡ። ክላስተር ዝራእቲ ጣፍ ድማ ኩሉ ቀረባቶም ወድኦም መሬቶም ኣብ ምልስላስን ምልማዕን ከም ዝርከቡ ይገልፁ።

ስለዚ ከም ወረዳ ልዕሊ 302 ሽሕ ኩንታል እቶት ንምርካብ ተተሊሙ ኣሎ። ኣብዚ ሕርሻ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም፣ ሓረስታይና ዘድልዮ ክንክን ብምግባር፣ ዕዳጋ ተኮር ፍርያት ብምፍራይ፣ ምግቢ ውሕስንኡ ንምርግጋፅን ዝሕግዝ ሜላታት እናተጠቐመ ኣብ ምስ ራሕ ከም ዝርከብ ኣይተ ኣብርሃም ገ/የሱስ ገሊፆም።

ነባርነቶም ኣብ ዞባ ማእኸል፣ ወረዳ ዓዴት ዝኾኑ ሓረስታይ ደበስ ገብረስላሴ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ሕር ሽኦም ብባህላዊ ሜላ ኣዘራርኣ ይዘርኡ ነይሮም። ዝድለ ፍርያት ከይረኽቡ የፀግመሎም ነይሩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና መንግስቶም ብዘመዓራረየሎም ዕድል፣ ኩሎም ፓኬጃት ሕርሻ ብምጥቃም ዝራእቲ ጣፍ ብመስመር ብምዝራእ፣ ካልኦት ዓይነታት ዝራእቲ እውን ብሰብ ሞያ ዝዋሃቦም ምኽሪን ሓገዝን እናተቐበሉ የፍርዩ።

በቢ ግዝኡ ዝረኸብዎ ለውጢ እንትገልፅዎ፣ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ዝነበሮም ኩነታት እቶት ኣብ ኣዝዩ ትሑት ብርኪ ፀኒሑ። ካብ ፍርቂ ዓመት ቀለቦም ዘይሓልፍ ከም ዝነበረ ዘኪሮም ይዛረቡ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ኣብታ ዘላቶም መሬት ዘበ ናዊ ሜላ ማሕረስ እንዳተጠቐሙ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተማሓየሹ ከም ዝመፁ ይምስክሩ። ኣብ ስድራ ተኮር ከድህቡ ምርድዳእ ብምፍጣርን እኹል እታወታት ብምጥቃምን ኣብ ምህርቶም ዓብዩ ለውጢ ከም ዝረኸቡ ብኣንደበቶም ይዛረቡ።

በዚ መሰረት ኣብዚ ዓመት እውን ኣቐዲሞም ብሰብ ሞያ ዝተዋሃቦም ምኽሪን ሓገዝን ብምቕባል ክልተ ኩንታል ዘመናዊ ድኺዒ ጠሊቦም ኣለዉ። መፍ ረያይነቶም ንምድንፋዕ ቃንጫ ዝራእቲ ኣቀ ዲሞም ዘሪኦም ይርከቡ።

ኣብ ዝራእቲ ጣፍ ድማ ኣብ ከይዲ ምልስላስ መሬቶም ከም ዝርከቡ ኣብቲ ቦታ ኬድካ ምዕዛብ ይካኣል። ናይዚ ዓመት ኣዝመራ እውን ኣቀዲሙ ማይ ብምምፅኡ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከም ዘሎ ተዛሪቦም።

ኩቡራት ኣንበብቲ እዚ ዓንዲ ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ሕርሻ ዝመርሖ ኢንድስትሪ ኣመዓራርዩ ኢኮኖምያዊ ዕብየት ሓረስታይ ናብ ዝላዓለ ብርኪ ንምብፃሕ ብፍላይ ኣብ እዋን ክረምቲ ኩታ ገጠምን ብደረጃ ክላስተርን ዝተነፀሩ ኣዝ ርእቲ ኩሉ ሓረስታይ በቢ ልምዓት ጉጅልኡ ተሞክሮ ክለዋወጥ ከም ዝግባእ ምዒዶም።

ምስኡ ድማ ሰነፍ ሐረስታይ እምበር ሰነፍ መሬት ስለ ዘየለ! ሙሉእ ፓኬጅ ብምጥቃም ብምግቢ ዓርሱ ካብ ምኽኣል ሓሊፉ፣ ዕዳጋ ተኮር ፍርያት ብምፍራይ፣ ሓረስታይና ብትልሚ መሰረት ዝተቐመጡ ሽቶታት ንምዕዋት፣ ላዕልን ታሕትን እናበለ ምግቢ ውሕስንኡ ከረጋግፅን ኣብ ስራሕቲ ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ዕዉት ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ መልእኽትና እዩ። ሰናይ ክራማት

# ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ቫይረስ ኮሮና ኣብ ሃገርና ኮነ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ቁጠባ ዘብፅሖ ዘሎ ፅዕንቶ ኣሸንኳይ ዶ ንድካታት ሃገራት፣ ነተን ኣብ ጠርዚ ምዕባለ ዝበፅሓ ኣሜሪካ፣ ቻይናን ሃገራት ኣውሮፓ ዓብዪ ፅዕንቶ እናፈጠረለን ከምዝርከብ እናተገለፀ እዩ። ገለ ክኢላታት ቁጠባ ዓለምን ኣሜሪካን ከምዝበልዎ ኣሜሪካ ጥራሕ ኢኮኖሚኣ ብ30 ሚኢታዊ ክንኪ ከምዝኽእል ቢቢሲ እናፀብፀቦ ቀንዩ ኣሎ። ነዚ ንምክሕሓስ ድማ መንግስቲ ኣሜሪካ ከባቢ ሓሙሽተ ትርሊዮን ዶላር ልቓሕ ከምዝሓተተ ይሕብር። ብሰንኪ እቲ ቫይረስ ዓበይትን ኣናእሽተይን ፋብሪካታት ኣሜሪካ ስር ሐንን ኣታዊኦንን ብምንካዩ ሰራሕተኛታተን ክንክያ ተገዲደን። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣሜሪካ ጥራሕ ከባቢ 20 ሚልዮን ዜጋ ስራሕ ከምዝሳኣኑ ቢቢሲ ዝሰርሖ ዜና ሓቢሩልና።

ኣብ ክልልና መንግስቲ ትግራይ ቫይረስ ኮሮና ንምምካት ካብ ዘውፀኦ ኣዋጅ ሓደ፣ ተሸከርከርቲ ካብቲ ክፅዕነኦ ዝኽእላ ሓይሊ ሰብ ብፍርቂ ክፅዕና ኣለወን ተባሂሉ ብዝወፀ ኣዋጅ መሰረት ፋብሪካታት ክልልና ዘለወኦን መካይን ሰራሕተኛታተን ንምጉዕዓዝ ክኣኽለኦን ኣይካኣላን። ሓንቲ ፋብሪካ 10 መካይን እንተነይረንኣ፤ እቲ ሕማም ንምምካት ብዝወፀ ኣዋጅ መሰረት ተወሰከቲ 10 መካይን ዘድልየን ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ሕድ ሕድ ፋብሪካታት እንተወሓደ 500 ሰራሕተኛታት ኣለዉወን። ብሰንኪ ቫይረስ ኮሮና ቁጠባ ሃገራት እናተነቖተ ኣብ ዝመፀሉ እዋን ፋብሪካታት ሰራሕተኛታተን ንምጉዕዓዝ ተወሰኽቲ መካይን ክገዝኣሉ ዝክእላ ብርኪ ኮነ ምድላው ስለዘይገበራ መካይን ምግዛእን ምክራይን ኣፀጋሚ ይኮነን ኣሎ።

ብሓፈሻ ብሰንኪ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ፋብሪካታት ዝበፅሕ ዘሎ ኪሳራ ቀሊል ኣይኮነን። እዚኣተን እንተከሲረን ብዙሕ ፀገም ሒዘን እየን ዝመፃ። ሰራሕተኛታተን ክቕንሳ ይግደዳ፤ እዚ ኣብ መንግስቲ ኮነ ህዝቢ ዝህልዎ ሸኽሚ ቀሊል ኣይኮነን። ብኣንፃሩ ድማ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ስራሕ ተፀኒሐን፣ ንባዕለን ጥራሕ ዘይኮነ ንስድራ እውን ዝድግፋን ስለዝኾና ዓቕመን ኣታዉን ፋብሪካታት ምዕባይ ብቀጥታ ምስ እቶት ሰራሕተኛታት፣ እቶት ክልልናን ሃገርናን ምዕባይ ዝተተሓሓዘ እዩ።

ኣብ ከተማ መቐለ ዝነብሩ ወነንቲ ዉልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ነዚ ፀገም ብምርዳእ ኣብ መቐለ ኢንዳስትሪ ፓርክን ካሊእን ዘለዋ ፋብሪካታት ንሓገዝ ትራንስፖርት ዝዉዕላ 17 ኣውቶቡሳትን ኮስተራትን ብግዝያዉነት ንፋብሪካታት ከምዝሃባ ዳይሪክተር ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ክልል ትግራይ ዶክተር መብራህቱ መለስ ገሊፆም።

እቲ ብወነንቲ ኣካዳምታት መቐለ ዝተገበረ ሓገዝ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ። ጥዑይ ዜጋን ሰራሕተኛን እንተዘይሒዝካ ዝሃለወ ኢኮኖሚ እንተ ሃለወካ ዋጋ ኣይህልዎን። ፈለማ ክራኣይ ዝግበኦ ጥዕና ሰራሕተኛታትን ህዝብን ምቕዳምን ምርግጋፅን እዩ። ቫይረስ ኮሮና ንምምካት ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ ግደ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ዝናኣድ እዩ። ጥዕናና ምስ ምሕላው ኢኮኖሚ ክልልናን ፋብሪካታትን ንድሕሪት ንከይምለስ ኩሉ ትግራዋይ ኣድላይ ዝበሃል ስራሕ ክሰርሕ ከምዘለዎ ገሊፆም። እቶም ሰብ ሃፍቲ ዝገበርዎ ሓገዝ ኣዝዩ ዝናኣድ ምኧኑ ብምሕባር ብሽም ህዝብን መንግስቲ ትግራይን ነተን ትካላትን ዘለዎም ምስጋና ብምግላፅ ካልኦት ሰብ ሃፍቲ እውን ኣሰሮም ንክስዕቡ ፃዊዒቶም ኣቕሪቦም።




ደገፍ ዝተገበራ መኻይንን ወነንትን

ተወካሊ ወነንቲ ኣካዳምታት መቐለን ወናኒ ሻባ ኣካዳምን ኣይተ ሱራፌል በርሀ ብወገኖም ነተን ፋብሪካታት ደገፍ መኪና ክንገብር ዝሓሰብና መንግስቲ ትግራይ ህፁፅ ኣወጅ ምስ ኣዋጀ እዩ። ፈለማ ኣብተን ፋብሪካታት ዝሰርሓ ሰራሕተኛታት ተምሃሮናን ደቅናን እየን። ስለዚ ንደቅና ኢና ንሕግዝ ዘለና፤ እዚ ስለዝኾነ እዩ ቀዲምና ዝወሰንና ምስበሉ፤ እተን ሰራሕተኛታት ድሕሪ ስራሕ ይኹን ቅድሚ ስራሕ ምስ ስድራ ጎረባብትን ኣዕርኽተንን እየን ዝራኸባ። ሓደ ሰብ እንተ ሓሚሙ ብዙሕ ሰብ እዩ ዝልክም። እዚ ንከይኮን ኢና ግዴና ንዋፃእ ዘለና ይብሉ።

በቲ ዝገበርናዮ ደገፍ ሕጉሳት ኢና። ምኽንያቱ እተን ሰራሕተኛታትን ህዝብን ካብቲ ሕማም እናተ ከላኸልና፤ እተን ሰራሕተኛታት በሊዐን ንክሓድራ ኢና ንገብር ዘለና። ሰብ በሊዑ ክሓድር ክትሪኢን ክትሰምዕን ተለኻ ዝህበካ ቅሳነትን ታሕጓስን ድማ ልዕሊ ኩሉ እዩ። ስለዚ ዓቕምና ክሳብ ዝፈቕዶ እተን ሰራሕተኛታት ካብዚ ሕማም ክድሕና ንምግባር ክንሕግዝ ኢና። ሰራሕተኛታት ፋብሪካታት ትግራይ እውን ሰብ ሃፍትን መንግስትን ንዐኦን ካብ ሕማም ንምሕላው ዝገብርዎ ዘለዉ ፃዕሪ ብምርዳእ ፈለማ ጥዕነኦን ክሕልዋ፣ ትካለንን ዓርሰንን ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ንክበፅሓ ክፅዕራ ኣለወን ኢሎም።




ሚስተር ፋንቲኖ

እተን ፋብሪካታት እውን ብሰንኪ ሕፅረት ትራንስፖርትን ሰራሕተኛን ስርሖም ክተኣጓጎል የብሉን። ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ሕፅረት ትራንስፖርት እንተደንጉየንን እሞ እንተተባሪረን፤ ሸኽሚ ወለድን መንግስቲ ትግራይ እየን ዝኾና፤ ብዘቕረብናለን ሓገዝ ትራንስፖርት ተሓጊዘን ስርሐን ብኣግባቡ እንተሰሪሐን ድማ ዓርሰን ክኢለን እዛ ክልል ኮነት ሃገር ኣታዊ ንክትረክብ እየን ዝሰርሓ ዘለዋ። እዚ ማለት ከምቲ ወለድና ዝብልዎ "ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ" ማለት እዩ። ስለዚ ንገብሮ ዘለና ሓገዝ ንዐኦን ምሕጋዝ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኩልና እዩ። ጥዕናና እናሓለዉና ቁጠባና እውን ክሕይል ንምግባር እዩ። እዚ ዝኾን ፈለማ እተን ሰራሕተኛታት እንተጥዕየን እዩ። ከምኡ እውን ቤተሰብን ህዝብን ኣብ ምጥዓይ ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ እውን ልዑል ምኳኑ ይገልፁ።

ቫይረስ ኮሮና ንምምካት ዝግበር ቃልሲ ንመንግስቲ፣ ንሰብ ሃፍትን ትካላት ጥዕናን ጥራሕ ዝሕደግ ኣይኮነን። መላእ ህዝቢ ትግራይ ብቀጥታ ዝምልከቶ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ቫይረስ ንኣሜሪካን ቻይናን ካልኦት ሃፋትም ሃገራት ከመይ ከምዘ ሳቕየን ዘሎ ንሪኦን ንሰምዖን ኣለና። ቫይረስ ኮሮና ከም ህዝቢ እውን ከብርሰና ዝኽእል ሓደገኛ ሕማም ስለዝኾነ፤ ኩሉ በብዓቕሙ ክድግፍን ክሰርሐሉን ኢሉ እውን ኣድላይ ጥንቃቐ ክገብር ከምዘለዎ ፃዊዒት ኣቕሪቦም።

ኣይተ ሙሴ ገ/ክርስቶስ ካብ ቤት ትምህርቲ ዳግም ኣምሳል ብወገኖም ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ዳርጋ መላእ ዓለም ትራንስፖርት ደው ዝበለሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። በዚ ካብ ወፃኢ ዝኣዘዝዎም እታወታት ንምርካብ ዝፅገሙሉ ኩነታት ምህላዉ ይነግሩና እዮም። በዝን ካሊእን ከይተሰከኑ፣ ኣብቲ መፀገሚ ጊዜ ሰራሕተኛታት ክንንክይን ክንብትን ኣይንደልን ሓግዙና ዝብል ሕቶ ብምቕራቦም ክምስገኑ ይግበኦም ምስበሉ፤ ወነንቲ ኣካዳምታት መቐለ ዘሎ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታዉ ኢና ነተን ፋብሪካታት ሓገዝ መኪና ጌርና ዘለና። እዚ ድማ ኣዝዩ ንእሽተይ ነገር ምኳኑ ብምግላፅ ካልኦት ሰብ ሃፍቲ እውን ኣሰሮም ንክስዕቡ ፀዊዖም።

ካብ ሓገዝ ረኺብቲ ፋብሪካታት ኢንዳስትሪ ፓርክ ከተማ መቐለ ሚስተር ፋንቲኖ ተወካሊ ፋብሪካ ጨርቃ መርቂ ህንዲ ብወገኖም፣ እቲ ፋብሪካ 10 መካይን እኳ እንተሃለዎ፤ ብሰንኪ እቲ ሕማምን ኣዋጅን ንሕፅረት መኪና ክንቃላዕ ገይሩና ኣሎ። እዚ ብምኳኑ ቁፅሮም ዘይናዓቑ ሰራሕተኛታት ብእግሮም ናብ ስራሕ ክመላለሱ ዝተገደድሉ ኩነታት ኣሎ። እቲ ፀገም ንመንግስቲ ኣፍሊጥና ምስ ሰብ ሃፍትን ኮሌጃትን ተዘራሪብና መልሲ ክንህበኩም ኢና ኢሉና ነይሩ። መንግስቲ ትግራይን ሰብ ሃፍትን ዝገበርዎ ምይይጥ ውፅኢት ኣፍርዩ፤ ቅልጡፍ ምላሽ ተዋሂቡና ኣሎ። ከምዚ ዝበለ ቅልጡፍ ምላሽ ኣድላይን ንኩልሻብ ክልመድ ይግበኦም። ምኽንያቱ ናብዛ ክልል ካልኦት ሓደሽቲ ኢንቨስተራት ክሳሓቡ ዝኽእሉ ዘሎ ምቹው ኩነታትን ዝግበረሎም ደገፋት፣ ቅልጣፍኡ፣ ፅፈት ኣሰራርሕኡን ሕጉን እናራኣዩን እናሓተቱን ስለዝኾነ ይብሉ።

ካብ ወነንቲ ኣካዳምታት መቐለ ዝረኸብናዮ ሓገዝ መኪና ነቲ ፀገም መሊኡ ዝፈትሕ እዩ። ካልኦት ሰብ ፋብሪካ እውን ተመሳሳሊ ፀገም ስለዝህልዎም ወነንቲ ኮሌጃትን ኣብያተ ትምህርትን መንግስትን ንዓዓቶም እውን ክበፅሕሎም ኣለዎም ምስበሉ ድሕሪ ሕዚ ብእግሮም ዝጓዓዙ ሰራሕተኛታት ኣይህልዉናን፤ ጉልበቶምን ጊዜኦምን ኣብ ስራሕ ከውዕሉ እዮም ክብሉ ንመንግስቲ ትግራይ ንሓገዝ ገበር ትን ምስገነኦም ኣቕሪቦም።

ኣይተ ተካ ኪዳነማርያም ሰራሕተኛ ዲቤሪ ኢንዳስትሪ ብወገኖም ንምምካት ቫይረስ ኮሮና ብብርኪ ክልልና ህፁፅ ኣዋጅ ምስተኣወጀ ንፋብሪካና 10 መካይን ሓገዝ ተዋሂቡና እዩ። ሕዚ ድማ ውልቀ ወነንቲ ኣብያተ ትምህርቲ መቐለ ሓገዝ መካይን ገይረናልና ኣለዋ። ደገፍ እቲ ፋብሪካ ዘለዉዎ 500 ሰራሕተኛታት ብሙሉእ ዓቕሙ ንክሰርሕ ኣብ ምግባር ዓብዩ ሓገዝ እናገበረሎም ምኳኑን በዚ ሰራሕተኛታቶም ከይተፃበቡ ከይፈርሑን ብምጉዕዓዝ ስርሖም ብኣግባቡ ኣብ ምስራሕ ከምዘለዉ ገሊፆም።

ሕማም ቫይረስ ኮሮና ከምቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝገለፆ እተን ቀፀልቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ንኣፍሪካ ፀልማት እየን። እዚ ማለት ኣብ ኣፍሪካ ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ ከቢድ ከምዝኾን እዩ ዘርኢ። እዚ ከይኾን ድማ ኣቐዲምካ ጥንቃቐ ምግባር ንሓደ ወገን ጥራሕ ዝግደፍ ኣይኮነን። መላእ ህዝቢ ምስ መንግስቲ ተሓባቢሩ ክሰርሕ ኣለዎ። ኣድለይቲ ዝበሃሉ ጥንቃቐታትን መከላኸሊ ሜላታትን ሸለል መለል ከይበለ ክጥቀም ኣለዎ። እዚ ተዘይኮይኑ ግና እቲ ሕማም ከም ህዝቢ እውን ከጥፍኣና ስለዝኽእል ክንጥንቀቕ ኣለና። ፈለማ ንጥዕናና ዓብይ ትኹረት ክንህብ ኣለና። እዚ ተጌርና ጥዕናና እናሓለዉና ኢኮኖሚና እውን እንተዕቢና እዩ፤ ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ ዝኾን እሞ ሕዚ እውን ኩሉ ጥንቃቐናን ማሕበራዊ ርሕቐትናን ብምሕላው ስራሕና ንዕመም።

# ዓቕሚ ውዳበ ዘርኣየ ማሕበር

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**





ግልጋሎት ፊዚዮቴራፒ

ድሕሪ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት እቲ ፀረ ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ደርግ ምስወደቐ፣ ብኽብሪ ካብ ዝተመለሱ ጀጋኑ ተጋደልቲ እቶም ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካሎም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ጉዱኣት ኲናት እዮም። ካብ መንጎ እዚኣቶም ገሊኦም ዓንዲ ሑቘኦም፣ ገሊኦም ኢዶም ወይ እግሮም፣ ገሊኦም ዓይኖም ገሊኦም ድማ ክልተን ልዕሊኡን ክፍሊ ኣካሎም ዝተጎድኡ እዮም። ብኣሸሓት ዝቑፀሩ ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ኣብ ርእሲ እቲ ጉዱኣት ምዃኖም ንመነባብሮ መበገሲ ዝኸውን ሃፍቲ ኣይነበሮምን። ደፋእፋእ ኢሎም ከይሰርሑ ድማ ጉዱኣት ኣካል እዮም። ኣብ ኩለመዳይ ምሕደራዊ ደገፋት ፍትሓዊ ተጠቃምነት ንኽረኽቡ እውን ከምቲ ካልእ ሙሉእ ኣካል ኮይ ኖም ጉዳዮም ኣብ ምስላጥ ዝፅገሙ እዮም።

ስለዝኾነ እዚ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ጉድኣት ኲናት ብብዙሕ መንገዲ ጠበቕኦምን ዋሕ ሶምን ዝኸውን ውዳበ ከምዘድልዮም ግልፂ ኮይኑ። ብመሰረት እዚ ድማ ዝተመዝገቡ 1,200 ኣባላት ሒዙ ብ1988 ዓ.ም ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ከም ዝተጣየሸ ንመበል 45 ዓመት በዓል 11 ለካቲት ምኽንያት ብምግባር ዝተ ሰናድአ በራሪ ፅሑፍ እቲ ማሕበር ይገልፅ። እቲ ማሕበር ንፁራት ዕላማታት፣ ራእይን ተልእኾን ሒዙ ተጣይሹ።ጉዱኣት ኲናትን ስድረኦምን ኣብ መትከል ዓርሰ ምኽኣል ብምእማን ዓርሶም ዝኽእልሉን መፍረይትን ንክኾኑን ሕብ ረተሰብ ማእኸል ዝገበረ (ኩሉ ሕብረተሰብ ዝልወጠሉን ንጉዱኣት ኲናት ሓጋዚ ዝኾነሉን) ተሃድሶ ምግባር ተልእኾ እቲ ማሕበር እዩ። እዚ ተልእኾ ብምፍፃም ድማ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ተጠቃ ምነት ኣባላቱ

ንምርግጋፅ፣ ካብዚ ሓሊፎም እውን ኣብ ህን ፀት ዓዲ ናይ ባዕልቶም እጃም ክፃወቱ ንምግባር ዕላማ ሒዙ ዝተጣየሸ ምዃኑ ሰነዳዊ መረዳእታ እቲ ትካል ይሕብር። እዚ ብ 1,200 ኣባላት ዝጀመረ ማሕበር ኣብዚ ሕዚ እዋን በዝሒ ኣባላቱ ናብ 27 ሽሕን 527 ዘዕበየ እንትኸውን ጠቕላላ ሃፍቱን ንኣባላቱ ዝገብሮ ሓገዝን እውን ካብ ግዘ ናብ ግዘ ናብ ዝሓሸ ብርኪ የሰጋግር ኣሎ።

እቲ ማሕበር ክሳብ ሕዚ ንኣባላቱ ዝተፋለለዩ ሓገዛት ዝገበረ እንትኸውን ካብኣቶም እቶም ቀንዲ ንምጥቃስ፣ ኩሎም ኣባላቱ ኣብ ካበቢኦም ካብ ዘሎ ጣብያ ጥዕና ክሳብ ሪፈራል ሆስፒታላት ምስ ሙሉእ ስድርኦም ብናፃ ይሕከሙ። ካብ መንበሪ ገዝኦም ከምኡ ድማ ካብቶም ጣብያታት ጥዕና ናብ ሪፈራል ሆስፒታላት እንትኸዱ ንመጐዓዚ፣ ንዓራትን ምግብን ብዙሕ ወፃኢ ስለ ዝሓቶም እዚ ድማ ምስቲ ዘለዎም መነባብሮ ዝኸብዶም ብምዃኑ እቲ ማሕበር ብዘለዎ ዓቕሚ ይሸፍነሎም። ካብ ዝኾነ ይኹን ከባቢ ትግራይ ተበጊሱ ኣብ መቐለ ዝተሓከመ ኣባል ወይ ዝተሓከመት ኣባል ዘውፅእዎ ወፃኢ ብሕጋዊ ቅብሊት ይወራረደሎም።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብተን ሪፈራል ሆስፒታላት እኹል ዝኾነ መድሓኒት እንትስኣን ካብ ናይ ውልቀ ፋርማሲታት ክዕድጉ እንትእዘዙ ምስ ዓደጉ ናይቲ ዝዓደጉሉ ሕጋዊ ቅብሊት ሒዞም ናብ ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ብምቕራብ ይትከኣሎም። ስለዝኾነ ማሕበራዊ ብመዳይ ሕክምና፣ ዙርያ መለሽ ድጋፍ እናገበረሎም ይርከብ። ካብዚ ሓሊፉ፣ እቲ ማሕበር ንትምህርትን ሞያን ቆላሕታ ሂቡ ኣብ ኣባላቱን ደቂ ኣባላቱን ይሰርሕ። እዚ ብኽልተ መንገዲ ዝፍፀም እዩ። እቲ ሓደ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ዝነብሩ ተምሃሮ ቀዳማይ ብርኪ ኮኑ ካልኣይ ብርኪ ከምኡ ድማ ኣብ ዩኒቨርሲቲታትን ኮሌጃትን ዝመሃሩ

ኣባላቱን ደቂ ኣባላቱን ብድጎማ ገንዘብ ይሕግዝ። እቲ ካልኣይ ድማ ኣብቶም ደቂ ኣባላት መሰረታውን ዘላቕን ረብሓ ዘምፅእ፣ ካብኡ ሓሊፉ እውን ንዓዲ ዓብዪ ዓቕሚ ዝኾኑ ብቑዓት ምሁራት ኣብ ዝፈርይሉ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ እዮም።

እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ኒኮላስ ኮይኑ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘምህር ዘመናዊ ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ደቂ ኣባላት እቲ ማሕበር 527 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,035 ተምሃሮ እንትኾኑ በቲ ማሕበር ደገፍ እናተገበረሎም ብናፃ ዝመሃሩ እዮም፡፡ እቲ ማሕበር ካብ ዝጣየሸ ክሳብ ሕዚ 8,482 ኣባላቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዘፈር ልምዓት ክዋፈሩ ገይሩ እዩ።

እዚ ዝገበረ ልቓሕን መስርሒ ቦታን ብምም ችቻው፣ ፍሉይ ፀገም ንዘለዎም ድማ ናፃ መበገሲ ድጎማ ብምግባር፣ ስልጠና ክረኽቡ ብምግባር ወዘተ እዩ።ካብቶም ስራሕቲ ዝተወሰኑ ንምርኣይ ዝኣ ክል ምክፍፋል ፍርያት ፋብሪካ፣ ምህጣር ከፍቲ፣ ምርባሕ ጠለበጊዕን ደርሁን ከምኡ ድማ ልምዓት ፀባ ላሕሚ ይጥቀሱ። ኣብዚ ንፁር ዝኾነ ኣሰራርሓ ዘለዎ እንትኸውን ንኣብነት፣ እቶም ብናፃ ዝሕገዙ፣ እንድሕር ኣባጊዕ ኮይነን 15፣ ኣብዑር እንተኾይኖም ሰለስተ፣ ላሕሚ እንተኾይና ሓንቲ ሆለስቴን፣ ደርሁ እንተኾይነን ድማ 150 ይዕደልኦም።እዚ ምስ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ብምትሕግጋዝ ዝስራሕ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ብምትሕብባር 3,361 ኣባላትን 321 ደቂ ኣባላትን እውን ኣብ ስራሕቲ ምንፃፍ እምኒ ክሳተፉ ብምግባር እቶት ክረኽቡ ተገይሩ።

ነቶም ክሰርሑ እናደለዩን እናኸኣሉን ብሰንኪ ሕፅረት መበገሲ ካፒታል ደው ዝብሉ ድማ ምስ ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ደደቢት ብምትሕብባር ልቓሕ ክምቻቸወሎም ይግበር። ኣብዚ እቲ ማሕበር ዝገብሮ ድጎማ ኣሎ። ወለድ ደደቢት 17 ምኢታዊ ስለዝኾነን እዚ ድማ ነቶም ኣባላት ስለ ዝጎድኦምን ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ንሕድሕድ ተለቃሒ እታ ሸውዓተ ምኢታዊ ወለድ ይሸፍነሉ። እቲ ተለቃሒ 10 ሚኢታዊ ወለድ ጥራሕ ይኸፍል ማለት እዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ድማ እቶም ኣባላት ንኽልቅሑ መትሓጃ ስለዝሕተቱ እቲ ማሕበር ካብቲ ዝልቅሕዎ 20 ምኢታዊ ውሕስና ፈንድ የትሕዘሎም። ብዞም መልክዓት እዚኣቶም ክሳብ ሕዚ ን7,499 ኣባላት ልቓሕ ክረኽቡ ብምግባር ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈት

እናተሳተፉ ዳግማይ ኣብነታዊ ተግባር ይፍፅሙ ከምዘለዉ ካብቲ ሰነድ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላክት።

ካብዚ ብተወሳኺ፣ ጉዳይ መንበሪ ኣባይቲ ቁልፊ ድሌት ኣባላቱ ከም ዝኾነ ብምእማን ድማ ምስ መንግስቲ ብምዝርራብ ዓበይቲ ስራሕቲ ተሰሪሑም እዮም። ኣብቲ ሰነድ ጉዳይ ገዛ ኣመልኪቱ እንትገልፅ፣ “እዚ፣ መንግስቲ ንጉዱኣት ተጋደልቱ ንምሕጋዝ ክንዲ ዝከኣሎ ደገፍ ይገብር ከምዘሎ እዩ ዘርእይ” ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ብቐንዱ እቶም ኣባላቱ ልም ዓታዊ ኣተሓሳስባ ሒዞም፣ በታ ዝተረፈቶም ኣካሎም ኣብ ዘዝኽኣልዎ ስራሕ ተዋፊሮም መነባብሮኦም ዝመ ርሕሉ ዓቕሚ ክፈጥሩ ኣብ ምግባር ቆላሕታ ሂቡ ዝሰርሕ ኮይኑ ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ድማ ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾኑ ነገራት ብናፃ ዝድገፍሉ ዕድል ፈጢሩሎም እዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ዝገደደ ፀገም ንዘለዎም፣ ይውሓዳ ይብዝሓ ብቐዋምነት ዘይተርፈኦም ውሱናት ድጎማ እውን ይገብር እዩ። ብመሰረት እዚ መንግስቲ ክልል ትግራይ ን5,529 ኣባላት ሕድሕዶም 452 ብር ወርሓዊ ዝኸፍል ኮይኑ ካብ ቀዋሚ ኣታዊ እቲ ማሕበር ድማ ግድድ ዝበለ ፀገም ንዘለዎም 1,333 ኣባላት ብቐደም ስዓብ ክብደት ጉድኣቶም ኣብ ግምት ዘእተወ ካብ ዝተሓተ 750 ብር ክሳብ ዝዓበየ 2,700 ብር ወርሓዊ ቀዋሚ ድጎማ እናገበረ ይርከብ።

ብቐጥታ ቁጠባዊ ውሕስነኦም ንምርግጋፅ ካብ ዝስርሑ ስራሕቲ ብተወሳኺ፣ ምስ ጥብቅና፣ ስራሕቲ ኦርቶፊዝዮ ቴራፒን ምድጋፍ ሰብ ስራሕ ኣካልን ወዘተ ተተሓሒዞም እውን ብዙሓት ስራሕቲ ይስርሑ እዮም። ብድምር እዚ ማሕበር፣ ፅላል ኣባላቱ ኮይኑ ክሳብ ሕዚ ፈፂምዎም ዘሎ ዕማማት ኣዝዮም ዓበይቲ እዮም።

ኣብዚ ኩሉ እናገለፅናዮ ዝመፃእና ከይዲ ምዕባለ እቲ ማሕበርን ጉዱኣት ኣባላቱ ዝረኽብዎም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ደገፋትን ንምትግባር፣ ትእምት ነቲ ማሕበር እትገብሮ ደገፍ ዝለዓለ ቦታ ዝወሃቦ ከም ዝኾነ እቲ ሰነድ የረድእ። ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ፣ ኣብ ከተማ መቐለ፣ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ዝርከብ ልዕሊ 60 ክፍልታት ዝሓዘ ደረጃኡ ዝሓለወ በዓል ሽዱሽተ ደብሪ ህንፃ ብናይ ባዕላ ሙሉእ ወፃኢ ሰሪሓ ነቲ ማሕበር ዘረከበተቶ ትእምት እያ። እቲ ህንፃ ከም ቤት ፅሕፈት ኮይኑ ካብ ምግልጋሉ ብተወሳኺ፣ ካብ ክራይ እቲ ህንፃ ዝርከብ ገንዘብ ድማ ቀዋሚ ኣታዊ ኮይኑ ነቲ ማሕበር ብዙሓት ስራሕቲ እናሸፈነሉ ይርከብ። ኣብ

ርእሲ እዚ ድማ ትእምት ነቲ ማሕበር በብዓመቱ ምሕዞ ዕድል ስራሕ፣ ንሕክምና፣ ንትምህርትን ፈንድ ልቓሕን ገንዘብ በጀታ ኣታዊ ትገብር እያ። ንኣብነት ኣብዚ ዓመት ነዞም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝውዕል 22 ነጥቢ 2 ሚልዮን ብር ሓጊዛ እያ። ንኣብነት፣ እቶም ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ “ሪፈር” ተባሂሎም ናብ ዝተፈላለዩ ሆስፒታላት ከይዶም ዝሕከሙ ጉዱኣት ኣባላት ወፃኢታቶም መሸፈኒ ዝኸውን 4 ነጥቢ 8 ሚልዮን ብር ከምኡ ድማ ኣብቲ “ኒኮላስ” ዝበሃል ቤት ትምህርቲ ንዝመሃሩ ደቂ ጉዱኣት ዝኾኑ ተምሃሮ ዝኽፈል 2 ነጥቢ 6 ሚልዮን ብር ካብዚ በጀት ዝሸፈን እዩ።

ስለዝኾነ ትእምት እቲ ማሕበር እግሪ ክተክል ካብ ምግባር ኣትሒዛ ክሳብ ቀፃልነት ዘለዎም ሓገዛት ምግባር እትገብሮም ዘላ ሓገዛት ዓንዲ ሑቐ ኮይኖም ዘገልግሉ ከም ዝኾኑ ዋና መካየዲ ስራሕ እቲ ማሕበር፣ ተጋዳላይ ጨርቆስ ወለማርያም ይገልፅ። እቲ ማሕበር ካብ ካልኦት ሰብ ሃፍትን ትካላትን እውን ሓገዝ ከም ዘድልዮ ድማ የረድኡ። ድጋፍ ኣካል ዘድልዮም ጉዱኣት ተጋደልቲ ኣለዉ።

እቶም ኣባላት ብቲ ዝድለ መልክዑ ኣብ ልም ዓታዊ ንጥፍታት ክዋፈሩ፣ ደቆም ብዝተፈላለየ ሓገዛት ናብ ቁም ነገር ንምስግጋርን ብዙሕ ወፃኢ የድሊ። ብፍላይ ሕዚ ኣብ ርእሲ እቲ ጉዱኣት ምዃ ኖም ዕድሚኦም እውን ይደፍእ ስለ ዘሎን ስድራ ናይ ምምራሕ ዓቕሞም እናተሓተ ስለ ዝኸይድን ሓላፍነት እቲ ማሕበር ናብ ዝኸበደ ብርኪ እዩ ዝስጋገር ዘሎ።ስለዝኾነ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ እጃሙ ክዋፃእ ግቡእ እዩ፡፡ እምበኣርከስ ጉዕዞ ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይን ጥንካረታቱን፣ እቲ ማሕበር ብኣውርኡ ሳላ ውዳበ ኣብ ዝነኣድ ብርኪ ከም ዝበፅሐን እቶም ጀጋኑ ተጋደልትና ብፍርቂ ኣካሎም ዳግማይ ጅግንነት ይፍፅሙ ከም ዘለዉን ሪእና ኣለና።

ትእምት ነቲ ማሕበር እትገብሮ ዘላ ሓገዝ እውን ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ትእምትን መንግስትን ጥራሕ ሓጊዞም ግና ነቲ ማሕበር ዝደልዮ ሸቶ ከውቅዕዎ ኣይኽእሉን። ካልኦት ሰብ ሃፍቲ እውን ሓላፍነት ወሲዶም ኣብ ሕድሕድ ዓመት ነቲ ጀጋኑ ክልተ መዋእል ዝተሓቖፍሉ ማሕበር ዝሕግዝሉ ተበግሶ ክወስዱ ይግባእ። እቲ ሰላምም ወኒኖምዎ ዘለዉ ሃፍትን ብሳላ ጉዱኣት ኣካል እዞም ጀጋኑ ስለ ዝኾነ ክንዲ ዝኸኣልዎ እንተስ ብገንዘብ እንተስ ብንዋት እቲ ማሕበር ዝምጥንኻር ተሳትፎ ምግባር ግቡእ እዩ። ክብሪ ንጅጋኑና!

# ሰገር ዶብ



# ኮሮና Covid – 19

ብስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

ሕዚ'ውን ዓለም ለኻዊ ለበዳ ስግኣት ወዲሰብ ብምኳን ይቕፅል ኣሎ፡፡ ኣብ 188 ሃገራት እግሩ ረጊፁ ኣስታት 6 ሚሊዮን ደቂ ኣዳም ለኺፉ ፣ 375,000 ሰባት ሓመድ ድበ ኣእትዩ ይርከብ፡፡ እንኮ ምድራዊት ሓይሊ ምኳና ዝንገረላ ሃገረ ኣሜሪካ 105,000 ዜጋታታ ብ Covid – 19 ለበዳ ተነጢ.ቓ ኣብ ገዚፍ ማሕበራዊ ቁጠባውን ፓለቲካውን ነውፂ ትርከብ፡፡

ነዚ ለበዳ ምቁፅፃር ኣብይዋ ሓደ ሻብ ንውድብ ጥዕና ዓለም ፀኒሓ ድማ ብሰንኪ ቻይና ናብዚ ፀገም ከትኣቱ ከምዝኽኣለት ፀለመን ጥርዓንን ኣብ ምቕራብ ትርከብ፡፡ ኣማኢት ዓማውቲ ዝተሃነፀ ማሓውራትን ስርዓት ኒዮ-ሊበራሊዝም ተቐራሲሙ ግዳይ ኮቪድ -19 ኮይኑ ኣሎ፡፡ ተዛሪቦም ዘይስምዑ ንመኸተ ዝኸውን ህዝባዊ ምንቕናቕ ክፈጥሩ ዘይምኽኣሎም ስርዓት ኒዮ-ሊበራሊዝም ናብ ሕቶ ኣትዩ ንዕዘብ ኣሎና፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ምብራቓዊ ሓይሊ ህዝባዊት ሪፓፐሊክ ቻይና ሰዓራይነታ ጐሊሁ ወፂኡ ኣሎ፡፡

ንሕና'ውን ካብ ቻይናውያን ተሞኩሮ ወሲድና ኣብ ህላዌና ዘንፀላለወ ሓደጋ ምኳኑ ብምርዳእ ፣ ኣብ ጐኒ መንግስትና ደው ብምባል መኸተና ክነሓይል ግቡእ ኣሎና፡፡



ደቂ ኣንስትዮ ቻይና ኣብ መኸተ ኮሮና







# ረ ዊ ና



# ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ እንታይ ይዕመም ኣሎ?

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

ኣብ ስርዓት ምሕደራን መሪሕነትን ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኣወዳድባ፣ ስርዓተ ፆታ ምኽታት ምርጫ ዘይኮነስ ግድን እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ሃርና ነዚ ዝድግፍ ሕገ መንግስቲ ድሕሪ ምፅዳቕ ስትራቴጂ ስርዓተ ፆታ መንግስታዊ ኣሰራርሓ ኮይኑ ዝተዘርገሐሉ ኩነታት ስለተፈጠረ ብርክት ዝበሉ ለውጥታት ተራእዮም እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ተሳተፍትን ተጠቀምትን ዝኾናሉ ዘበን ይጠቐስ እንተተብሃለ እዚ ዘለናሉ ዘበን እዩ።

እዚ ግን ምስቲ ዝሓለፈ ዘበን ብምንፅፃር እምበር ሐዚ እውን "እቲ ክብፃሕ ዝግበኦ ደረጃ መዓርነት ስርዓተ ፆታ በፂሑ እዩ" ምባል ግን ኣይከኣልን። እዚ ንምርዳእ ድማ ኣፈፃፅማ ትሽዓተ ወርሒ 2012 ዓ/ም ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ምርኣይ እኹል እዩ።

ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምር ግጋፅ ኢሉ እውን ከም ክልል ዝተትሓዙ ንፁራት ፖሊስታትን ስትራቴጂታትን ምፍፃም ዘኽእል፣ ኣብ ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ንቡር ኮይኑ ንክኸይድ ዘኽእል ትልሚ ክዳሎ ተገይሩ እዩ። ድሕሪ እዚ እውን ክኢላታት ስርዓተ ፆታ ክልልን ወረዳን፣ ፈፀምቲ ኣካላት ሪኢቶ ብምሃብ ኣማዕቢሎምዎ እዮም። ቀፂሉ እውን ነቲ ዝወፀ ትልሚ ቅድሚ ናብ ተግባር ምእታዉ ንፈፀምቲ ኣካላት ግንዛበ መዕበዩ ስልጠና ተዋሂቡ።

ብመሰረት እዚ ብብርኪ ወረዳን ክልልን ሓለ ፍትን መዳለውቲ ትልምን ኣብያተ ዕዮ፣ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን፣ ኪኢላታት ኣብያተ ዕዮ፣ መምህራንን ተምሃሮን፣ ተወከልቲ ስርዓተ ፆታን ካልኦትን ዘካተተ 9463 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከ በኦም ን17 ሽሕን 881 ተሳተፍቲ መድረኽ ምልዕዓል ተኻይዱ እዩ።

በቲ ዝተገበረ ምልዕዓል ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ስረሐይ ኢሉ ክሰርሐሉ ዘኽእል ኩነታት ተፈ ጢሩ። ንኣብነት ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ምትላምን ምፅብፃብን "ተባዕታይ፣ ኣነስታይ" ኢሎም ኣብ ምፍላይ ዝነበረ ፀገም ብመጠኑ ክፍታሕ ጀሚሩ። ክልቲኡ ፆታ ብምንፅፃር ዘለውሉ ብርኪ ብዘርኢ መልክዑ ክቐመጥ ክኢሉ። ሐዚ እውን ግን መሊኡ ዘይተሰገረ ኣፈፃፅማ ኣሎ። ብፆታ ተፈልዩ ዋላ እውን እንተተቐመጠ ሓፈሻዊ ኣፈፃፅማ ዓበይቲ መደባት ግን ፅቡቕ ዝበሃል ኣይኮነን።

ንኣብነት ኣብ መዳይ ትምህርቲ ከም ክልል ተሳትፎ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ክፍልን ካብ ታሽዓይ ክሳብ 12 ክፍልን ተሳትፎኦን 50 ሚኢታዊ ዝበፅሐ እኳ እንተኾነ ካብ ሓምሻይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ግን 41 ሚኢታዊ ከም ዝኾነ እዩ ፀብፃብ ትሽዓተ ወርሒ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዘመላኽት።

እዚ ኮይኑ ኣብ መሪሕነት መማህራንን እውን ዝተሓተ እዩ። እዚ ማለት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ዝርከባ ርእሰ መማህራን 15 ሚኢታዊ፣ ምክትላት 37 ሚኢታዊ፣ ካብ ታሽዓይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘለዋ ርእሰ መምህራን ሰለስተ ምኢታዊ፣ ምክትላት 12 ሚኢታዊ ጥራሕ እየን። እዚ ድማ ኣብ በቢደረጅኡ ዝርከባ ተምሃሮ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣመራርሓ ክኾና ከም ዘይኽእላ ዘረድእ ሕማቕ መርኣያ ካብ ምኳኑ ሓሊፉ ደቂ ኣንስትዮ በዚ ኣቢለን እናበቕዓ ናብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ መሪሕነት ንከይመፃ ዝገብር እዩ።

በዚ ኣቢልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ መሪ ሕነት ዘለወን ተሳትፎ እንትንርኢ ድማ በቲ ውድብን መንግስትን ዝደለዮ 50 ሚኢታዊ ናብ ኣመራርሓ ዘይ ምምፃእ ኣሎ። እዚ እውን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ወረዳ 35 ሚኢታዊ፣ ምክትላት 42 ሚኢታዊ እንትኾና ኣብ በቢ ኣብያተ ዕይኡ ዝርከባ በዝሒ መተሓባበርቲ ከይዲ ስራሕ ግን 22 ምኢታዊ ጥራሕ እየን። ኣብ ካቢኔ ጣብያ እውን ካብ 34 ሚኢታዊ ዘይ በልፃ፣ ምምሕዳር መሬት 39 ሚኢታዊ፣ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ 41 ሚኢታዊ ተሳትፎ ኣለወን። ብድምር በቢግዚኡ መሪሕነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ክንዲ ምውሳኽ ምቕናስ ተርእዮታት ኣለዎ።

ኣብ ገጠር ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እውን ካብቶም ካልኦት መደባት ዝሓሸ ውፅኢት ዘለዎም ኣይኮኑን። ንኣብነት መስኖ ካብ ዘልምዑ 97 ሽሕን 399 ሓረስቶት እተን 18 ሽሕን16 (ንፅፅር ምስ ደቂ ተባዕትዮ 18 ሚኢታዊ) ጥራሕ ደቂ ኣንስትዮ እየን መስኖ ተጠቀምቲ።

ኣብ ሃፍቲ እንስሳ እውን እንተኾነ ምስ ደቂ ተባዕትዮ እንትነፃፀር ካብ 25 ሚኢታዊ ዘይበልፃ ደቂ ኣንስትዮ እየን ተጠቀምቲ። ኣብ ገጠር እቲ ዝሓሸ ዝበሃል 43 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ተወዲበን እናተለቀሓን እናዓቖራን ተጠቀምቲ ምኳነን እዩ።

ብካልእ መዳይ ኣብ ከተማ፣ ምስ ዕድል ስራሕ ምፍጣር ተኣሳሲሩ ድማ ኣብቶም ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ቀዋሚ ዕድል ስራሕ ካብ ዝተፈጠረሎም 15 ሽሕን 892 ወገናት እተን 55 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ግዝያዊ ዕድል ስራሕ ካብ ዝተፈጠረሎም 10 ሽሕን 645 ወገናት ድማ እተን 47 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ እየን።

ካብዚ ሓሊፉ ምትእስሳር ዕደጋ ካብ ዝተገበረሎም 14 ሽሕን 703 ወገናት እተን 49 ምኢታዊ፣ ልቓሕ ካብ ዝረኸቡ 14 ሽሕን 083 ወገናት 46 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ እንትኾና ኣብ ከተማ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ንምግባር ዝሓሸ ምንቅስቓስ ከም ዘሎ የመላኽት። ኩለን ዳህሳስ ዝተገበረለን ኣባላት ጉጅለታት ልምዓት ኣባላት ውድብን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን እየን። በዚ ውዳበአን ኣቢለን ድማ ዘጋጥምወን ማሕበራዊ ፀገም እናተረዳደኣ ዝፈትሓ ምኳነን እዩ።

ኣብዚ ከም ክፍተት ዝተርኣየ ግን ኣመራርሓ ጉጅለ ልምዓት ስርሐንን ሓላፍነተንን ዘይፈልጣ ምኳነን፣ ኣብ ክፍለ ከተማ ዘለዋ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ጉጅለ ከም ዘይተወደባ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።

ትልሚ፣ ካብቲ ክፅወት ዝደለኻዮ ሽቶ ክንደይ ዝኣክል ከም ዝረሓቕካን ከም ዝቐረብካን ክትፈልጥ ስለ ዝሕግዝ ቅድሚ ናብ ስራሕ ምእታው ትልሚ ክወፅእ ኣለዎ። እዚ ስለዝኾነ እዩ ድማ እቲ ዳህሳስ ምድላው ትልሚ ሓደ ትኹረት ነጥቡ ዝገበሮ።

ብመሰረት እዚ ዝተኻየደ ዳህሳስ መብዛሕቲአን ጉጅለ ልምዓት ኩሎም ግንባራት ዘካተተ ትልሚ ኣዳልየን እየን። ኣብተን መብዛሕቲአን ዝተዳህሳሳ ክፍላተ ከተማን ጣብያን ስትሪንግ ኮሚቴ፣ ጥምረት፣ ኣብያተ ፅሕፈት ክፍላተ ከተማ ትልሚ ኣለወን።

እዚ ኮይኑ ከም ልምዓት ጉጀለን ኔትወርክን ንንባዕልካ ዝግበር ደገፍን ክትትልን ዝተሓተ እዩ። ሴክተራት ብፍላይ ድማ ሰብ ሞያ ደኣንት ብዝተዋደደ መንገዲ ንልምዓት ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ደገፍን ክትትልን ከም ዘይገብሩ፣ ወረዳ ስትሪንግ ኮሚቴን ጥምረትን ስሩዕ ቸክሊስት ኣዳልዩ ንቀበሌ ስትሪንግ ኮሚቴ ዝገብሮ ደገፍን ክትትልን ከም ዘየለ እቲ ዳህሳስ ይገልፅ።



ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ክልል ትግራይ

ኣብ ምድላው ትልሚ ከም ክፍተት ዝተርኣየ ድማ ብደረጃ ጉጅለ ልምዓትን ስትሪንግ ኮሚቴ ጣብያን ዝተዳለወ ትልሚ ዝዕቅን ሽቶን ዝርዝር መተግበሪ ትልምን ዘይብሉ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ። ብተወሳኺ ክፍለ ከተማ ሰሜን ጉጅለ ልምዓት ፅንዓት ብደረጃ ጉጅለ ልምዓት፣ ጣብያን ክፍለ ከተማን ናይ ውልቀ፣ ኔትወርክን ዋህዮን ትልሚ ኣይተዳለወን።

ካብዚ ሓሊፉ ብልምዓት ጉጅለ ዝዳለዉ ትል ምታት ደኣንት ማእከል ገይርካ ዘይምድላው፣ ብጣ ብያን ክፍለ ከተማን ዝተዳለወ ትልሚ ኩሎም ኣባላት ስትሪንግ ኮሚቴ ዘይተረዳድኡሉ ምኳኖም፣ ኣብ ሴክተራት ዝዳሎ ትልሚ መሓንቓት ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ ዘየነፀረን መፍትሒ ዘየቐመጠን ከም ዝኾነ እዩ እቲ ዳህሳስ ዘመላኽት።

ኣብ መብዛሕተአን ኣብያተ ፅሕፈት ሓለዋ ጥዕና፣ ፀጥታ፣ ደኣንትን ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ንጉጅለ ልምዓት ዝሓሸ ድጋፍ ከም ዝገብሩ፣ ኣብ ዘርፊ ዕብየት ተኮር ዝተወደባ ደቂ ኣንስትዮ ብሰብ ሞያ ኢንዳስትርያል ኤክስቴንሽን ዝግበር ድጋፍ ምህላው (ክፍለ ከተማ ሰሜን) እቲ ዝተገበረ ዳህሳስ የረድእ።


ደቂ ኣንስትዮ ቁጠባዊ ዓቕሚ ንምዕባይ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕቲ ብምንቅስቓስ መነ ባብሮአን ካብ ምምሕያሽ ንላዕሊ ሃፍቲ ዘኻ ብታሉ ብርኪ በፂሐን ይርከባ፡፡

ብሓፈሻ ደቂ ኣንስትዮ ከም መጠን ክፋል ሕብረተሰብ ማዕረ ናይ ምጥቃም ሰብኣውን ዲሞክራ ሲያውን መሰል ኣለወን። እቲ ባይታ እዚ ንምግባር ምዕሩይ ስለዘይኮነ ግን ውፅኢቱ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ለውጢ የለን እኳ እንተዘይተብሃለ ከምቲ ዝድለ ማዕረ ተጠቀምቲ ኣይኮናን።

ስለዝኾነ ልክዕ ከምቲ ብሓደ መንፈር ዘይንፈር ሓደ ኣካል ጥራሕ ሒዝካ ልምዓት ኣይረጋገፅን። ስለዚ ከም ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኮነ መዳርግቲ ኣካላት ናብ ውፅኢት ዘሰግር ስራሕቲ ክስራሕ፣ ስርዓተ-ፆታ ትካላዊ ብምግባር ተሳትፎን ተጠቃም ነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ዝተዋደደ ስራሕ ክው ገን ይግባእ፡፡

# ማህደረ ቅያ

ኣብ ተጋድሎ፣ ጅግንነትን ታሪኽን ህዝብና ዘድህበ ዓምዲ




## ዓሰርተ ካብ ሓደ ስድራ

**ብተሻለ ገ/እግዚኣብሔር**

ህዝቢ ትግራይ ወፅዓን ብሄራዊ ጭቆናን መሪርዎ ኣንፃር ጨቋኒ ስርዓት ቃልሲ እንትጅምር ብዘይካ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣይዕወትን ዝብል ፅኑዕ እምነት ሒዙ እዩ ተመሪሑ ። ካብቲ እምነት ንሱ ብምብጋስ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ናብ ቃልሲ ክስለፉ መሪሑወን። ንሳተን እውን ኣብ ኩሎም ዓውድታት ቃልሲ ብፅንዓት ተቓሊሰን። ኣብ ቅድመ ግምባር ተሰሊፈን ተዋጊኤን፣ ኣዋጊኤን፣ ተሰዊኤን፣ ቆሲለን፣ ኩሉ ዋጋ ከፊለን ፀላእቲ ሲዒረን። ዕምበባ ዕድሚኤን ኣብ በረኻ ረጊፉ፡፡

ደጀን ኮይነን ዉጉእ ኣላዒለን፣ ቁሱል ሓኪመንን ሓበሬታ ኣቕቢለን። ደቀን መልሚለን ናብ ቃልሲ ኣሰሊፈን። ኣብ መትከል ባይቶ ምድንፋዕ ማእቶትን ንጡፍ ተራ ተፃዊተን። ማእገር ወያነ ኮይነን።

ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ምጅማር ቃልሲ ኣትሒዘን ኣብቲ ቃልሲ ክሳተፋ ጀሚረን። ኣብ ከተማታት ዝነብራ ኣብ ስርዒታዊ ስራሕቲ እንትሳተፋ፣ ኣብ ገጠር ዝነብራ ድማ ተጋደልቲ እናዓንገላ፣ ሓበሬታ ፀላኢ እናኣከባን ምሽጥር ገድሊ እናዓቀባን ከምኡ እውን ድሕሪኡ ንዝነበሩ ምዕራፋት ቃልሲ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዘካየድኦ ተጋድሎ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ዝለዓለ ቦታ ኣለዎ።

ደሃብ ተስፋይ እያ ትብሃል። ኣብ 1935 ዓ/ም ኣብ ዓዲ ነብርኢድ ተወሊዳ። ከም ቆልዓ ፀወታ ቆልዑ ተፃዊታ እንተይመነወት ኣብ ትሽዓተ ዓመታ ንሰብኣይ ተወሂበት። ፈትያ ፀሊኣ ሓዳር ክትቅፅል ስለዝነበራ ሓደ ቆልዓ ክሳብ እትወልድ ኣብ ሓዳራ ፀንሐት። ነቲ ፀቕጢ ክትፃወሮ ስለዘይከኣለት ግና ኣብ 15 ዓመታ ናብ እንዳ ወለዳ ተመለሰት። ኣብ ትሽዓተ ዓመታ ተመርዕያ ኣብ 15 ዓመታ ዝተፋተሓት ደሃብ ኣብቲ ዘመን ንሱ ንመላእ ህዝብታት ኢትዮድያ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝመረረ እዋን ነይሩ። ኣብርእሲ እቲ ንኹሉ ዝበፅሖ ደርባውን ብሄራውን ወፅዓን ጭቆናን ካብ ስድራአንን ካብ ሓዳረንን ዝበፅሓን ፀቕጢ ወሰን ኣይነበሮን። መሬት ዘይበፅሓንን ፍርያት መሬት ዘይጥቀማን እየን ነይረን። ብሰንኪ እቲ ዓቕን ዘይብሉ ባህላውን ማሕበራውን ፀቕጢ ርእሰን ኣድኒነን ክነብራ ይግደዳ ነበራ። እቲ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ዕብለላ ናብራ ደቂኣንስትዮ ትግራይ ሕሱምን መሪርን ክኸውን ገይርዎ ነበረ።

ደሃብ ምስ ቀዳማይ ሰብኣያ ምስተፋተሐት ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ 17 ዓመታ ንኻልእ ሰብኣይ ተወሃበት። ካብቲ ዳሕረዋይ ሰብኣያ ድማ ኣከታቲላ ሽውዓተ ቆልዑ ወለደት። ኣብ ስድራኣ ድሓን ዝበሃል መሬትን ጥሪትን እኳ እንተነበረ ይብፀሓኒ እዩ እትብሎ ግና ኣይነበራን። ኣብ ከምኡ ዝዓይነቱ ኩነታት እናሃለወት ቃልሲ ህወሓት ተወልዐ። በዓል ቤታ ኣይተ ይርጋለም ገ/ማርያም ኣብ 1967 ዓ/ም ኣብቲ ከባቢ ይንቀሳቐሱ ምስ ዝነበሩ ተጋደልቲ ምልላይ ገበሩ።

ንተጋደልቲ እኽለማይ ምቕራብ፣ መንገዲ ምሕባር፣ ሓበሬታ ምቕባል ፣ወዘተ. ዝበሉ ሓገዛት እናሃቡ ምስፀንሑ ኣብ ወርሒ ጉንበት 1967 ዓ/ም ስሩዕ ኣባል እቲ ቃልሲ ኮኑ። ኣይተ ይርጋለም ቅድም እንትብል ዝነበሮም ባህሪ ገዲፎም ብኣተሓሳስባን ተግባርን ከም ተጋደልቲ ህወሓት ኮኑ። ኣብ በዓልቲ ሓዳሮም ዘብፅሕዎ ዝነበሩ በደልን ወፅዓን ንሓዳሮምን ንበዓልቲ ሓዳሮምን ከኽብሩ ጀመሩ።

ከምኡ እንትኸውን ደሃብ ብዛዕባ ተጋደልቲ ኣይተፈልጥን ነይራ። ፅቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎም ዕጡቓት ኣለዉ እንትበሃል ጥራሕ እያ እትፈልጥ። እናወዓለት እናሓደረት ንደቂ ኣንስትዮ ዝጠቅም ዕላማ ዝሓዙ ምዃኖም እናተገንዘበት ከደት። ነብሶም ኣሕሲሮም ፈቓዶ በረኻ ከርተት ዝብልሉ ዕላማ ዝምልከታ ምዃኑ እውን ተረድአት። ድሕሪኡ ንሳ እውን ከም በዓል ቤታ ደጋፊት ቃልሲ ህወሓት ኮነት።

ምስ መላእ ስድራኣ ዝተቓለሰት ደሃብ ተስፋይ ማሕበራት እንትጣየሻ ጠርናፊት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ብምዃን ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምልዕዓል፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣተሓባቢራ ኣብ ዓውደ ኲናት እናኣተወት ንዝተወግኡ ተጋደልቲ ኣብ ምልዓልን ምክልኻልን መሪሕ ብምዃን ተቓለሰት።

ብሓፈሻ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዘይተነገረለን እምበር ዘይ ሰርሐኦ ተኣምር የለን። እቲ ልዕል ክብል ዝቐረበ ዛንታ ተጋድሎ ደሃብ ተስፋይ ንመርኣያ ዝቐረበ እምበር ከም ናይ ደሃብ ዝዓይነቱ ታሪኽን ፅንዓትን ተጋድሎ ዝሰርሓ ዋዕሮታት ትግራይ ብዙሓት እየን። እዘን ከም ደሃብ ዝበላ ዓሰርተታት ኣሻሓት ጅጋኑ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ደጀን ኮይነን ተጋደለቲ ኣብ ምስናቕ ኣብ ምዕጣቕ፣ ኣብ ምምስራት ባይቶን ምትካል ዲሞክራሲያዊ ምምሕዳርን፣ ኣብ ምእካብ ሓበሬታ ፀላኢን ምስላጥ መደባት ገድልን ዝተፈላለዩ ፖለቲካዉን ስርዒታውን ስራሕቲ እንትሰርሓ፣ ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑፀራ ድማ ኣብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብረት ሒዘን ብቐጥታ ተሰሊፈን ተዋጊኤን እየን። ካብተን በዚ መልክዕ እዚ ተቓሊሰን ንወሎዶታት ዝተርፍ ቅያ ሰሪሐን ክቡር መስዋእቲ ከፊለን ዝሓለፋ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ሓንቲ ብፆታ ማርታ እናበሉ ዝፅውዕዋ ተጋዳሊት ካሕሳ ተስፋይ እያ።






እኽለማይ ካብ ምቕራብ ሓሊፉ ምሽጥራዊ መልእኽቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምብፃሕ ዕላማ ተሰኪማ ምንቅስቓስ ጀመረት። በዓል ገዝኣ እውን ወያናይ ኮይኖም ቀፀሉ። እንተኾነ ግና ነዊሕ ኣይፀንሑን። ኣብ መወዳእታ 1969 ዓ/ም ምስ ኢዲዩ ኣብ ዝተኻየደ ኲናት መስዋእቲ ከፈሉ።

ደሃብ ድሕሪ መስዋእቲ በዓል ቤታ ገዲዳ ሓረነት። ፈለማ ኢዲዩ፣ ድሕሪኡ ደርግ እናተባረዩ ንብረታን ጥሪታን እናወረሩን እናቃፀሉን ግፍዕታት እንተብፅሑላ እውን ፈሪሓ ካብ ቃልሲ ንድሕሪት ኣይበለትን። ብሓደ ገፅ ቆልዑ እናዕበየት ብኻልእ ወገን ድማ ዉራይ ገድሊ እናፈፀመት ብምፅናሕ ንቃልሲ ዝባፅሑ ዕሽላት ደቃ ኣብ ቃልሲ ንክሳተፉ መሪቓ ኣውፈረቶም። ከፊል፣ ዘመሽ፣ ኣባዲ፣ ማሚት፣ ድራር፣ ለገሰ፣ ፍፅምትን ፍትሃነገስን ዝተባሃሉ ሸሞንተ ክፋል ዕትብታ ዝኾኑ ደቃን ባዕላን ንበዓል ገዝኣ ኣከታቲላ ተጋደለት።

እቲ ዋና ዕላማ ክኸውን ዘለዎን ፍሉይ ትኹረት ዝሓትትን ጉዳይ እቲ ካብ ሓደ ስድራ ክሳብ ዓሰርተ ሰብ ዝተቃለስሉን ስፍሪን ቁፅርን ዘይብሉ ህይወትን ኣካልን ዝተኸፈሎ ስርዓት ከፍርሱ ለይትን ቀትርን ዝፅዕሩ ዘለዉ ትምክሕተኛታት ሓይልን ደርጋውያንን ብትረት ምምካት እዩ ዋና መልእኽቱ። “ ወዲ ሓዊ ሓሙኸሸቲ” ከይኸውን ነገሩ ታርኽን ስረን ህዝቢ ትግራይን ጅጋኑ ኣያታትናን ኣስጢምና ንሓሉ። ብግዝያዊ ነገር ከይንዕሾ፣ ከይንታለል ካልኣይ ዋጋ ከየኽፍለና ፣ እቶም ምእንተ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ክብሉ ካብ ሓደ ገዛ ክሳብ ዓሰርተ ዝተቓለስሉን ዝተሰዉኡሉን ዕላማ መፃወቲ ባንዳን ትምክሕተኛን ከይኸውን ብትረት ብምቅላስ መፃ ኢት ትግራይ ብሩህ ንግበር መልእኽትና እዩ።

**/ፍልፍል፡ ቅያ ተጋድሎ፡ ብሃሴት ፍስሃ ዝተፅሓፈ መፅሓፍ ገፅ 348-351 /**




መመልከቲት ወ/ሪት ሂወት ምዑዝ ካብ ክርስትና ሃይማኖት ናብ እስልምና ሃይማኖት ዝኣተኹ ምኽንያ ብእስልምና ሃይማኖት ሽመይ ወ/ሪት ሓያት ምዑዝ ተባሂለ ንክፅውዕሉ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 17-10-2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቓዲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቓዲ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ሃፍቱ ጎዲፋይ ተስፋይ መንነ ብዘሎ ናይ እምነት ምጉዳል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 24/10/2012 ዓ/ም ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1. ኣማኒኤል ኣማረ ገ/ማርያም መንነ ብዘሎ ናይ ከ/ ስርቂ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 8/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ኣይተ ሓየሎም ተክሉ ገ/ሄር

ተኸሳሲ 1. ደውሊው ኤልዋይ /WLY/ ጠቕላላ ኮንስትራክሽን መንነ ብዘሎ ናይ ቼክ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 17/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ፡- ኣይተ ነጋሲ ሃይላይ

ኣፈ/ተኸሰስቲ ፡- 1.ወ/ሮ ፅጌ ኣባዲ ፣ 2.ወ/ሪት ኣለም ሃይላይ ፣ 3.ኣይተ ዮውሃንስ ሃይላይ መንነ ብዘሎ ብናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ጉዳይ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሰሜን ዝርከብ ብሽም ኣይተ ሃይላይ መለስ ተ/ሃይማኖት ገዛን ቦታን ዝፍለጥ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ - 483 ፣ ብምዕራብ 479 ፣ ብሰሜን - መንገዲ ፣ ብደቡብ 480 ስፍሓቱ 325 ካሬ ሜትር መበገሲ ዋጋ 1,500,444.31 /ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ምስ 31 ሳንቲም / ተጫረትቲ ኣብዚ ቦታ ክትሳተፉን ጨረታ ሰዓራይ ናይ ዝሰዓረ መጠን ገንዘብ ሽዑ ንሽዑ 25% ከትሕዝ ዝኽእል ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ድማ ናይቲ ዘሸነፎ መጠን ገንዘብ ጠቕሊሉ ዘእቱ ሽም መዘዋወሪ ወፃኢ ዝኸፍልን ኣብቲ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 30/10/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ሰዓት ናይ ቀትሪ ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ዞባ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ፡- ወ/ሮ ይርጋለም ኪዳኑ ኣብርሃ ኣድራሻ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ሰሜን ጣብያ ኢንዱስትሪ

ተፀዋዒ ኣሸናፊ ገ/ሄር ኪዳነ ኣድራሻ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ሰሜን ጣብያ ኢንዱስትሪ መንነ ብዘሎ ብናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ሕቶ ጉዳይ ተፀዋዒ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ኢለን መመልከቲት ብዘቕረብኦ ማመልከቻ መሰረት ተፀዋዒ እንተሃሊኹም ንዕለት 30/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ ክ/ከ/ሰሜን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን**
**ምድብ መጋባእያ**

መመልከቲ 1.ገ/ስላሴ ደሳልይ ፣ 2.ገ/ሚኬኤል ሃ/ይመር ፣ 3.ነጋሲ ወላይ ዝተብሃሉ ብሽም ገ/ስላሴና ገ/ሚካኤል ጠጠር መምረቲ ሕ/ሽ/ማሕበር ብዝብል ሽም ዝፍለጥ ይፍረሰልና ክብሉ ስለ ዘመልከቱ ተቃዋሚ እንተሃልዩ ብጋዜጣ መቓልሕ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትርን ክ/ከተማ ሓድነት ንክቐርብ ንሕብር ፡፡

**ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትርን**
**ክ/ከተማ ሓድነት**

ኸሰስቲ እኒ መለስ ሓጎስ 2ተ ቁፅሪ

ተኸሳሲ 1. ዳንሜራ ኮንስትራክሽን መንነ ብዘሎ ናይ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 08/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ - ገ/መድህን ወ/ስላሴ

ተኸሳሲ - መለስ ከበደ ናይ መኪናን ኮንስትራክሽ መሸነሪ ኣካራይ መንነ ዘሎ ናይ ብውዕሊ መሰረት ይፈፀመለይ ክሲ ፍታብሄር ክትዕ ጉዳይ ንምዕራይ ኸሳሲ ንተኸሳሲ ኣሊሸ ኣብ ኣድራሽኡ ሲኢነዮ ስለ ዝበሉ ቅድሚ ቆፀሮ ዕለት 21/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክሲ ቅዳሕ ካብ መዝገብ ወሲድኩም መልሲ ብ3ተ ቅዳሕ ኣዳሊኹም ንክተቕርቡ እንተዘይኣቕሪብኩም ግን መልሲ ናይ ምቕራብ መሰልኩም ዝሕለፍ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቀዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ከሳሲዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ረዳኢ ንጉሰ ወልደገብሪኤል ኣ/ሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ብዝተ ኸሰስኩምሉ ከ/ኣ/ጉድኣት ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 01/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ**
**ዓ/ጉደም**

ከሳሲዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሕሉፍ መሓሪ ታደለ ኣድራሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ብዝተ ኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 05/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ**
**ዓ/ጉደም**

## ዞባ ማእኸል

መመልከቲ 1.ኣይተ ገ/ሄር ሃይለ መተራት ፣ 2.ኣይተ ወ/ኪዳን ኣብርሃ ሙሩፅ ፣ 3.ኣረጋይ ሕሉፍ ገዙ ኣብ መንነ ብዘሎ ናይ ማሕበር ምፍራስ ሕቶ ኣመልኪቱ ቤት ፍርዲ ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ገ/ሄር ወኪዳን እና ኣረጋይን ስራሕቲ ህንፃ ማሳርያ ሕብረት ሽርክና ማሕበር ይፍረሰልና ኢሎም ስለ ዘመልከቱ ነዚ ናይ ማሕበር ምፍራስ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 01/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓ/ዓዲ ንክቐርብ ቤ ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ከተማ ዓ/ዓዲ**

ኸሳሲ 1. ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኣንገሶም ይርጋ ታመነ ኣ/ሻ ጣ/ያ ቤት ገበዝ ቁ/ት ዓዲ ቀልቀል መንነ ብዘሎ ናይ ኣገዲድካ ምድፋር ክሲ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተደሊኹም ከትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 13/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3ተ ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጮ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ነፍልጥ ክብል እንትጮ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**እንትጮ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ መርሃዊት ግርማይ

ተፀዋዒ በዓል ሓዳረይ ኣይተ ነጋሲ ፍሰሃ ፅገ ካብ ዕለት 07/09/2009 ዓ/ም ካብ መንበሪ ገዛና ምስ ወፀ ክሳብ ሎሚ ደሃዩ ስለ ዝጠፍአ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ኣብ ልዕሊ ኣይተ ነጋሲ ፍሰሃ ፅገ ቅድሚ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ምሃቡ ኣይተ ነጋሲ ፍስሃ ፅገ ኣብ ዘለዎ ዝፈልጥን ናይ ምጥፋእ ውሳነ ክዋሃብ የብሉን ዝብል ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 05/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ብኣካል ቀሪቡ ተቃውምኡ ንክቕርብ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት ወ/ሮ ገነት ታፈረ

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ተሸመ ገ/ማርያም መንነ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ኣብ ከተማ እንትጮ ቀበሌ 02 ዝርከብ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ገ/ሂወት ፀጋይ ፣ ብምዕራብ ስላስ ገ/ፃድቃን ፣ ብሰሜን ፅርግያ ፣ ብደቡብ በሪሁ ኣብርሃ ስፍሓት ቦትኡ 140 ሜ/ካሬ ሜትር ዝኾነ ብሽም ኣይተ ተሸመ ገ/ማርያም ዝፍለጥ ብመበገሲ ዋጋ ብር 800,000 / ሸሞንተ ሚኢቲ ሽሕ ቅርሺ / ክሸየጥ ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 4፡00 ክሳብ 5፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቦታ ቀሪቡ ንክጫረት ጨረታ ሰዓራይ ኮይኑ ዝተረኽበ 50,000 ከትሕዝ ከምዘለዎ ውፅኢት ጨረታ ዝቐርበሉ ድማ በቲ ዕለት ጨረታ ዝካየደሉ ኮይኑ ሰዓት 8፡00 ከምዝኾነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ እንትጮ**
**ቤት ፍርዲ**

ናብ ገፅ 14 ይዘውር ...

... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ ንግዲ ባንኪ ኢት/ያ ጨ/እ/ስላሰ

ተኸሳሲ 1.ኣይተ ደሳለይ ገ/ፃዲቅ ብስራት ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 11/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ከሳሲ ፦ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ፦ ኣይተ ምዕሾ ገ/ሂወት ኣድ/ወ/ላ/ ኣድያቦ ጣብያ ሕብረት ቁሸት እንዳማርያም ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክርክር ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 25/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ በሪሃ ንጉሰ

ተፀዋዒ ኣይተ ሓጎስ ልኡል ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይዋሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ ሓጎስ ልኡል ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 08/10/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ወ/ኣስ/ ፅምብላ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ኣስ/ፅምብላ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣስ/ፅምብላ**
**ምድብ መጋባእያ**

**ንኹይ ግዜ ዝወፀ ጨረታ**

ኣፈ/ኸሳሲት ፦ ወ/ሮ መብርሂት ገ/ማርያም ገረኪዳን ኣድራሻ ወ/ከ/ሽራሮ ጣብያ ሰድር ቁሸት ውህደት

ኣፈ/ተኸሳሲ ፦ ኣይተ ኣረጋዊ በርሀ ዘለለው ኣድራሻ ወ/ከ/ሽራሮ ጣብያ ሰድር ቁሸት ውህደት ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ፍ/ሄር ኣፈፃፀም ክርክር ኣብ ወረዳ ከተማ ሽራሮ ጣብያ ሰድር ቁሸት ውህደት ዝርከብ ስፍሓቱ 200 ሜ/ካሬ መዋሰኒኡ ብምብራቅ = R-45 ብምዕራብ R-43 ብሰሜን = R-52 ብደቡብ = መንገዲ ዝኾነ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ዝፍለጥ ሓደ ክፍሊ መንደቕ ብቆርቆሮ ዝተኸደነ ገዛ ዝሓዘ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 103,980.19 / ሓደ ሚኢትን ሰለስተን ሽሕን ትሸዓተ ሚኢትን ሰማንያን ብርን ዓሰርተ ትሻዓተ ሳንቲምን / ክጫረት ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 22/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ኣብቲ ዝተጠቐሰ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ቐሪቡ ንክጫረት ወ/ከ/ሽራሮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ከተማ ሽራሮ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ ኣይተ ፍታነገስ ኪዳነ ወ/ህላሰ ዝተብሃሉ ቅድም ክብል ብሽም ፍታነገስ ኪዳነ ወ/ ህላሰ እናተብሃልኩ ዝፅዋዕ ዝነበርኩ ተሪፉ በቲ ትኽክለኛ ሽም ኣቦይን ኣባሓጎይን ኣይተ ሓጎስ ተስፋይ ተባሂለ ንክፅዋዕ ይቀየረለይ ክብሉ ስለ ዘመልከቱ ነዚ ሽም ኣቦን ኣባሓጎን ይቀየረለይ ክብሉ ስለ ዘመልከቱ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ መቃወምያኹም ሒዝኩም ንዕለት 6/11/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወ/ላ/ቆራሮ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወ/ላ/ቆራሮ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ልኡል ተክላይ ኣድራሻ ከ/ሽራሮ ጣ/ሰድር ቁ/ኩሓለ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 13/11/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ**
**ሰ/ምዕራብ ከተማ ሽራሮን**
**ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1. ኣፈወርቂ እያሱ ሓጎስ ኣ/ሻ ወ/ፀ/ጣ/ማ/ ዓይኒ ስደተኛ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ብናይ ኣገዲድኻ ርክብ ግብረ ስጋ ምፍፃም ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ሐበን የማነ የውሃንስ ኣ/ሻ ወ/ፀ/ጣብያ ማይዓይኒ ማዓስከር ዞንD ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ብናይ ፈተነ ኣገዲድኻ ርክብ ግብረ ስጋ ምፍፃም ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 19/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

## ዞባ ምዕራብ

መመልከቲት ወ/ሮ ፋና ኣስገዶም በዓል ገዛይ ኣይተ ኣለምብርሃን ለምለም ኣድራሻ ሰ/ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 02 ዝኾነ ኣብ 2008 ዓ/ም ናብ ሃገረ ሱዳን ገዲፉኒ ምስ ከደ ከይተመለሰ ስለ ዝተረፈ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ በምባል ስለ ዘመልከተት ነዚ ጉዳይ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ተቓውሞ ሒዙ ንዕለት 10/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ክብል ከ/ሰ/ ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

1.ኣይተ ገ/ማርያም ወ/ጊዮርግ 2.ኣይተ ኣለም በዛብህ 3.ኣልማዝ ገ/ሂወት 4.ሃ/መኮነን ወ/ገሪማ 5.ወ/ሮ ኣስኳል ኣብርሃ 6.ኣይተ ደጀን ወ/ኤል 7.ኣይተ ሃ/ማርያም ገ/ማርያም 8.ኣይተ ብርሃነ ሃይለ 9.ኣይተ ሓድጉ ምላው 10.ኣይተ ማእርግ ታደሰ 11.ኣይተ ኣማረ ገ/መድህን 12.ኣይተ ገ/ሂወት ታደሰ 13.ኣይተ ኤፍሬም ፃሃየ 14.ኣይተ ዮውሃንስ ተክላይ 15.ኣይተ ሓዱሽ ኣሰፋ 16.ኣይተ ገብሩ ገ/ንሳኤ 17.ኣይተ ከንፈ ግርማይ 18.ወ/ሪት ሄለን ተስፋይ ኣብ ዘለኹምዎ ፤ ኸሰስቲ እኒ ቀሺ ሕሉፍ ገ/ጀወርግስ 8ተ ሰባት ተኸሰስቲ እኒ ኣይተ ገ/ማርያም ወ/ጊዮርግ ኣብ መንጎኹም ብዘሎ ናይ ፍታብሄር መሰረት ብተኸሳሲ ክሲ ቅዳሕ 2ተ ገፅ መርትዖ 15ተ ንሰደልኩም ምዃና ፈሊጥኹም መልስኹም ብ3ተ ቅዳሕ ኣዳሊኹም ንዕለት 22/10/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ሒዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም መልሲ ናይ ምቅራብ መሰልኩም ተሓሊፉ ዋኒኑ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰቲት ሑመራ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሳሲ ፦ 1. ኣይተ ሙሉቀን ተረፈ ይርሳው ኣድራሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ከተማ ዳንሻ ቀጠና 03 ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ቀትለት ሰብ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ሕጊ ቁፅሪ 539/1/ሀ ተኸላኸሉ ዝተብሃልኩም ምዃንኩም ፈሊጥኹም ንዕለት 17/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ኣለኒ እትብልዎ መከላኸሊ መረዳእታ ሒዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ናይ ምክልኻል መሰልኩም ተሓ ሊፉ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

## ዞባ ምብራቕ

መመልከቲ ኣይተ ሕሽ ንጉስ ኣማረ

በዓልቲ ገዛይ ወ/ሮ ራሄል ሓለፎም ተክለ ካብ እንነብረሉ ወረዳ ክልተኣውላዕሎ ጣብያ መሳኑ ቁሸት ኣደንጋር ብዕለት 25/12/2008 ዓ/ም ወፂኣ ምስ ከደት እስካብ ሐዚ ኣበይ ከምዘላ ክፈልጥ ስለ ዘይኽኣልኩ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ይብሉ ስለ ዘለው ነዚ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 18/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ከምዝቐርብ ተቃሚ እንተዘይሃልዩ ግና ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ወረዳ ፅራእ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ**
**ወረዳ ፅራእ**

ኸሳሲት ፦ ወ/ሮ መድህን ተኣምር ጣብያ ዓዲ መሳኑ ቁሸት ዓ/ከበሮ

ተኸሳሲ ፦ ኣይተ ደስታ ብርሃን በርሀ ጣብያ ዓዲ መሳኑ ቁሸት ዓ/ከበሮ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ቀለብ ቆልዓን ኣቦነትን ዝብል ፍታብሄር ክርክር ኮይኑ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 04/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 መልሲ ብፅሑፍ ኣዳሊኹም እንተዘይቀሪብኩም ብፅሑፍ ናይ ምቅራብ መሰ ልኩም ተሓሊፉ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ወረዳ ኣፅቢ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ**
**ወረዳ ኣፅቢ**

## ዞባ ደቡብ

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/እ/ኣላጀ

ተኸሳሲ ኣይተ ደጀን ካሳየ ደስታ ብዝተኸ ሰስኩምሉ ከብድ ኣካል ምጉዳል ገበን መሰረት ተኸ ሳሲ ንዕለት 17/10/2012 ዓ/ም ኣብ ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ወ/እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓድሽሁ ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓዲ ሽሁ**

ኸሳሲት ወ/ሮ እምበቱ ኣድሄና ኣብርሃ

ተኸሳሲ ኣይተ ካሳ ሙላው ነጋሽ መንጎ ብዘሎ ስብኣይን ሰበይትን ፍትሕን ንብረት መቐሎን ክትዕ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኽብኩም እዚ ምልክታ ምስ ተቓለሐ ኣብ ዘሎ 10 መዓልቲ ውሽጢ ዝቐረበኩም ክሲ ካብ ቤት ፍርዲ ወሲድኹም መልስኹም ብፅሑፍ ንዕለት 10/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ከምትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን መሰልኩም ተሓሊፉ ብዘየለኹምሉ ምስማዕ ዝቅፅል ምዃኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ኮረም**
**ምድብ መጋባእያ**

# ኣብ ጓጓና



# ክልተ በትሪ ስደት

ብይርጋ ኣብርሃ

ናብ ስደት ክትወፅእ በትሪ፣ ክትኣቱ በትሪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዝያዳ ተጠቃዕቲ መናእሰይ እዮም። ካብ መረበቶም ንስደት እንተ ንቅሉ ንደለልቲ ገንዘብ ከፊሎም ብእግርን ባሕሪ ኣቋሪፆምን ንምኻድ ኣብ በረኻታት ስሃራ መሊሶም ደለልቶም ብዝፈጠርዎ መርበብ፣ ገንዘብ ክፈሉ እንዳተብሃሉ ዝሕየሩ፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ተቐ ቲሎም ውሽጣዊ ኣካሎም ንመሸጣ ዝውዕሉሉ ኩነታት ልሙድ እዩ።

ብመንገዲ ሶማሊያ ወይ ጅቡቲ ዝኸዱ መናእ ሰይ ኣብ ዶብ የመንን ስዑድ ዓረብን ዝርከብ ራጎ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ እንትበፅሑ ኣብ ኢድ ደለልቲ ይወድቁ። ደለልቲ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለው ስድርኦም ኣጨኒቖም ገንዘብ ክኸፍሉ ይገብሩ። እዞይ ሓሊፎም ስዑድ ዓረብ ዝበፅሑ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዘይቀንዮም እንትተርፉ ተጠሪዞም ጥራሕ ኢዶም ዘይ እንዳበሉ ዓዶም ይምለሱ።

ንደለልቲ ዝኸፈልዎ ገንዘብን ዝረኣይዎ ላዕልን ታሕትን፣ዘጥፍእዎ ወርቂ ግዚኦም እንትድመር ዓብዪ ኽሳራ እንትኾን፣ዕድል ገፃ ኣዚራትሎም ዝተረፉ ድማ እንተስ ብኣስራሕቶም ተቐቲሎም ወይ ተሰንኪሎም ይተርፉ፤ ነጋሪ ወረ ዘይብሉ ድማ ኣደዳ ዓሳ ባሕሪ ይኾኑ።

እቲ ሕዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ቫይረስ ኮሮና ድማ ዝያዳ ነቶም ተጋሩ ኣሕዋትና ብሓፈሻ ንኢትዮጵያውያን ስደተኛታት ዝለዓለ ፈተና ህይ ወት ኮይንዎም ኣሎ።

ዓለም ለኸ ትካል ስደተኛታት ኣብ ዝዘርግሖ ዕላዊ ሓበሬታ ኣብ 2017 ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ዓዶም ናይ ምምላስ ወፍሪ ኣካይዱ። ስዑድ ዓረብ "ጥሕሰት ሕጊ ዘይርኣየላ ሃገር ምፍጣር" ብዝብል ፕሮጀክታ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲታት ነታ ሃገር ለቒቖም ክወፁን ነቲ ዝተውሃቦ ግዘ ገደብ ዝሓለፎም ድማ ክትኣስር ምኟና ገለፀት። ኣብቲ ግዘ ንሱ ፍርቂ ሚልየን ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ኣብታ ሃገር ምህላዎም ኣፍለጠት። ካብዚኦም እቶም 340 ሽሕ ዝኾኑ ናብ ዓድዋ ከምእተመለሱ ኣሚኒስቲ ኢንተርናሽናል ዕላዊ ገበረ። ካብኣቶም ግና እቶም 120 ሽሕ ዝኾኑ ኣብ 2019 ዓመተ ምህረት መሊሶም ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ስዑድ ዓረብ ከምእተመለሱ ፀብፃባት ይገልፁ።

እዚ መመሊሱ እናደገሰ ይሓድር ዘሎ ሕዱር ፀገም ዘይሕጋዊ ስደት ብርክት ዝበሉ መናእሰይ ድራር ዓሳ ምግባሩ ጥራሕ ከይኣክል መናእሰይ ንኣደዳ ዘይሕጋውያን ደለልቲ ተቓሊዖም ህይወ ቶምን ኣካሎምን ምጉዳሉ ፤ ኣብ በረኻታት ሰሃራ ተቐቲሎም ውሽጣዊ ኣካሎም ንዕዳጋ ምቕራቡ፣ ስድራ ግዳያት ደሃይ ዘይብሎም ምትራፎም ሓዊሱ ብርክት ዝበለ ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣጋጢሙ ከም ሃገር ኮነ ከም ክልል ርእሰኻ ዘድንን ውርደት የስከመና ኣሎ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ዘጋጠማ ሓደጋ ዘስዓቦ በሰላን ቀሊል ኣይኮነን። ካብ ሓንቲ ወረዳ 46 መናእሰይ ካብኣቶም እቶም 16 ዝኾኑ ድማ ደቂ ሓንቲ ቁሸት ዝበዝሑ ኣባላት ሓደ ዓሌት ኮይኖም ናይ 16 ሰባት ሓዘን ኣብ ሓደ ዳስ ተፀሊሉ ህዝቢ መሪር ሓዘን ኣሕሊፉ እዩ።

እዚ ብተደጋጋሚ ሞት ዝነገሰሉ መንገዲ ስዑድ ዓረብ መሊኡ ደው ዝብል ደለልቲ ብምእሳር



ኣይተ ሓለፎም ኣየለ

ጥራሕ ኣይኮነን። እንኮላይ ቁጠባዊ ፀገሞም ምፍታሕን ንቕሓተ ሕሊና እቶም መናእሰይን ምብራኽ ይሓትት። ምኽንያቱ እዚ ዘይሕጋዊ ስደት መንቀርሳ ዕቤትናን ክቡር ሕላገትናን ስለዝኾነ።

መናእሰይ ጥፍኣት ስደት ክርድኡን ንስደት ክፀየፉን ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ንክልወጡን መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ቆላሕታ ሂቦም ይሰርሑ ኣለው። ስደት ሓደግኡን ሳዕቤኑን ካባና ካብ ተጋሩ ንላዕሊ ጣልያን ኣፀቢቓ እያ ትፈልጦ። ብሊቢያ ኣቢሎም ናብ ኣውሮፓ ዝሰግሩ መናእሰይ ዓሳታት ባሕሪ ጣልያን ዝበልዖም መናእሰይ ገዛ ይቑፀሮ ኢላ ስቕ ኣይበለትን። ጣልያን ኣብተን ስደት ዝረኣየለን ሃገራት ዘይሕጋዊ ስደት ንምዕጋት ፕሮጀክት ቀሪፃ ትሰርሕ ኣላ።

ካብዚኦን ሓንቲ ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ድማ ኣብ ዞባ ማእኸል ወረዳ ኣሕፈሮም፣ ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳታት ኢሮብ፣ጉሎመኸዳን ሳዕስዕ ፃዕዳ እምባን ኣብ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ስደት ዝጠመተ ምንቅስቓስ ይስራሕ ኣሎ።

መተሓባበሪ ፕሮጀክት ምትሕብባር ልምዓት ጣልያን ጨንፈር ትግራይ ኣይተ ሓለፎም ኣየለ፣ እቲ ፕሮጀክት ኣብተን ወረዳታት ዝርአ ዘይሕጋዊ ስደት ንምዕጋት ይሰርሕ ምህላዉ ይዛረቡ።

ዛጊድ ንመምህራንን ሱፐርቫይዘራትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ሓዊሱ ንልዕሊ 300 ወገናት ስልጠና ምብራኽ ኣተሓሳስባ፣ ልምዓት ምፅያፍ ስደትን ዝጠመተ ስል ጠና ተዋሂቡ እዩ። 40 ሰብ ሞያ ጥዕና እተን ወረዳታት ን 672 መናእሰይ ኣሰልጢኖም ኣተሓሳስበኦም ዘበርኽን ስደት ዝፅየፍ ኣተሓሳስባ ክጭብጡን ተንቀሳቒሶም እዮም።

ብድማር ኣብተን ወረዳታት 7 ሽሕን 200 ንዝኾኑ ወገናት እቲ ስልጠና ተዋሂቡ እዩ። ከምቲ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ ካሊእ ፕሮጀክት ጣልያን መናእሰይ ናብ ስደት እንተይኸዱ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ንክልወጡ ዘኽእል ፕሮጀክት ተቐሪፁሎም ኣብ ስራሕ ፈጠራን መጀመሪ ዝኸውን ገንዘብን ብምሃብ ደገፋት ይግበሩ ምህላዎም ኣይተ ሓለፎም ይዛረቡ።

ይኹን'ምበር ሕዚ'ውን መናእሰይ እግሮም ናብ ስደት ምልዓሎም ኣይተርፍን። ብኣውርኡ ኣብ ዓደይ ሰሪሐ ክልወጥ እየ ዝብል ኣተሓሳስባ ክሳብ ዘይተፈጠረን ቁጠባዊ ለውጢ ክሳብ ዘይተረጋገፀን እቲ ፀገም ከጋጥም እዩ። እዞይ ክፍታሕ እንተኾይኑ ግና ኩሉ ማሕበረሰብ መናእሰይ ዘማእኸለ ስርዓተ ንቕሓተ ሕልና ምብራኽን ብመንግስትን ዘይመንግስታውን ኣካላት ደገፍ ገንዘብ፣ መስርሒ ቦታን ስልጠናን ምምችቻው የድሊ።

እዞይ እንትግበር ስደት ደው ይብልን ዝለምዐ ኣታሓሳስባ ዝወነነ መንእሰይ ዘለዋ ምዕብልቲ ትግራይ ድማ ትፍጠርን።




ዘይሕጋዊ ስደት



መምህር መብራህተን ገ/ማርያም

እቲ ተመኩሮ ዘይብሉን ካብ ዓዲ ወፂኡ ዘይፈ ልጥን መንእሰይ ኣብ ጉዕዝኡ ዝፅበዮ ዘሎ ሓደጋ ብኣጋ ተረዲኡ ኣብ ዓዱ ሰሪሑ ዝበልዐሉ ኣተሓሳስባ ከማዕብልን ንስደት ክፀየፍን ንቕሓተ ኣእምሮ መናእሰይ ብሓፈሻ ድማ እቲ ማሕበረሰብ ዘበርኹ ስራሕቲ ከም እተሰርሑ ይገልፁ።

ብተወሳኺ መስካሕክሓይ መልክዕ ስደት እናፀብፀባ፣ንስደት ዘቃልዑ ደጋውን ውሽጣውን ደፋእቲ ነገራት መዚዘን ብምትንታን መራኸብቲ ሓፋሽ ዝሰር ሖኦ ስራሕ ናይ ባዕሉ ግደ ኣለዎ ዝበሉ መምህር ጋዜጠኝነት ዩኒቨርስቲ መቐለ መምህር መብራህተን ገብረማርያም እዮም።

መምህር መብራህተን ከምዝገለፅዎ፣ መራኸብቲ ሓፋሽ ብቐሊሉ ኣብ ልቢ ሰማዒ፣ተመልካታይ ወይ መንበባይ ዝበፅሕን፣ዝሓርይኦ ኣጀንዳ ዘይተረሳዓይን ልቢ ዝትንክፍን ክኸውን እንተኺኢሉ ስደት ደው ዝብለሉ መንገዲ ወይ ዝንክየሉ ኩነታት ምፍጣር ከምዝካኣል፤ ንስደት ዝተዳለወት ሓንቲ ንእስቲ፣ ንስድርኣ ሓደ መሰከፊ ዝኾነ ቪድዮ ክሪኡ ብምዕዳም እታ ንእስቲ ካብ ስደት ክትተርፍ ከምዝገበሩ ብኣብነት ይገልፁ።

ስለዚይ መራኸብቲ ማዕኸናት እቲ ኣሉታዊ መልክዕ ስደት ብምቅላሕ ሞትን ኣካላዊ ማህሰይትን መናእሰይ ትግራይ ንምትራፍ ኣብ ምሕራይ ኣጀንዳን ሜላ ዝርግሐ ሓበሬታን ትኹረት ጌረን ክሰርሓ ኣገንዚቦም።



# መናእሰይን ስፖርትን



ዝተፈላለየ ንጥፈታት መናእሰይን ስፖርትን ዘተኣናግድ መደብ

## መንገዲ ሲኦል !

**ብግርማይ ተ/ብርሃን**

ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ሃገርና ኮቪድ 19 ምስተከስተ ሃገራት በረን ብምዕፃወን ብርክት ዝበሉ ኣፍሪካዉያን ኣብ ከቢድ መከራ ምእታዎም በብእዋኑ ዝንገር ዘሎ ጉዳይ እዩ። ካብዚኦም ገሊኦም ኢትዮጵያውያን ይርከብዎም። 11800 ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ናብ ዓዶም ምምላሶም ዓለም ለኻዊ ትካል ስደተ ኛታትዓለም (IOM) ኣብ ፀብፃቡ ከምዘ ስፈሮ ይፍለጥ። እዚ ኣሃዝ ሎሚ ካብቲ ብዕፅፊ ክውስኽ ከምዝክእል ምግማት ይካኣል እዩ። ብኣንፃሩ ድማ መምለሲ ዓዶም ዝሳኣኑ ኣብ በረኻን ብጥሜትን ካሊእን ዝሳቐዩን ብፁሑልናን ዝብሉ ዘለዉ ኢትዮ ጵያዉያን ቁፅሮም ውሑድ ኣይኮነን።

ዓለም ለኻዊ ትካል ስደተኛታት ዓለም (IOM) ኣብ ዘውፅአ ፀብፃብ ሃገራት ዓለም ብሓባርን ብተናፀልን ለበዳ ቫይረስ ኮሮናን ንምምካት ብዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ምኽንያት ካብ መጋቢት 23/2012 ክሳብ ጉንቦት 5 ኣብ ዘሎ ጊዜ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ወሰን ሃገራት ብምቁርራፅ ዝተሰደዱ 11800 ኢትዮጵያውያን ዝነበሩለን ሃገራት ብዘውፅአኦ ህፁፅ ኣዋጅ ምኽንያት ናብ ዓዶም ንክምለሱ ከምዝተገበረ ገሊፁ። ድሕሪ እዚ እውን እንተኮነ ምምላስ ስደተኛታት ደው ኣይበለን ኣብ መፋርቕ እዚ ወርሒ መንግስቲ እዛ ሃገርን ስዑድ ዓረብን ብዝገበርዎ ምርድዳእ 330 ኢትዮጵያውያን ካብ ኩዌት ምምላሰን ብሚድያታት እዛ ሃገር እናተፀብፀበ ፀኒሑ እዩ።



ብኢድ ፀጋም ዘሎ መንእሰይ ደጀኔ ደገፋ

ካብቶም ተመለስቲ ስደት እቶም ሰለስተ ሽሕ ካብ ስዑድ ዓረብ፣ 3827 ካብ ሱዳን፣ 3332 ካብ ጅቡቲ፣ 1336 ካብ ሱማሊያን ከምኡ እውን 505 ካብ ኬንያ ምኧኖም እቲ ሪፖርት ይገልፅ። ካብዚኣቶም ተመለስቲ እቶም 5175 ናብ ፈሊኻ መፅንሒ ዝኣተዉ ምኧኖም ዘረጋገፀ እንትኮን፤ ኮይኑ ግና እቶም ተመለስቲ ጥራሕ ኢዶም ዝተመለሱ ብምኧኖም ኣድላይ ቀረብ ምግቢ እናተገበረሎም ምንባሩ ሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብዛ ሃገር ዓብዪ ሓዘን ተኸሲቱ ምንባሩ ይዝከር። ንሱ እውን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ማላዊ ናብ ሞዛምቢክ ካብኡ ንደቡብ ኣፍሪካ ንምኻድ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ጉዕዞ እዩ። ኣብ ኮንተይነር ተዓፅዮም ይኸዱ ዝነበሩ 78 ኢትዮጵያዉያን፣ እቶም 64 ምማቶም ብሚድያታት ዓለም መዘራረብን መሕዘንን ምንባሩ ይዝከር። ካብቶም ነዛ ሃገር ዘንብዕዋ ሓደጋታት ዘይሕጋዊ ስደት ሓደ እዩ።

ካብቶም ዝሞቱ 64 ብሂወት ዝተረፉ 14 እዮም። እቲ ፍፃመ ኣብ ሃገረ ሞዛምቢክ ክፍለ ከተማ ቴቴ ኣጋጢሙ። እዚ ክፍለጥ ዝካኣለ ሰራሕተኛታት ኢምግሬሽን እቲ ከተማ ካብ ውሽጢ እታ ኮንተይነር ዝሰምዕዎ ድምፂ ብምንባሩ፤ እታ መኪና ንክትፍተሽ ተገይራ። ፈለማ ግን እቲ ሽፉር ደው ክብል ኣይደለየን ነይሩ። መንቀሊ እቲ ሞት ብሰንኪ ሕፅረት ኣየር ምኧኑ ናይ ሞዛምቢክ ቢሮ ኢምግሬሽን ቃል ኣቀባሊ ሚስተር ኣሜሊያ ደሪዬሮ ገሊፆም እዮም።

ካብቶም 14 ብሂወት ዝተረፉ ወዲ 18 ዓመት ኢትዮጵያዊ ደጀኔ ደገፋ ሓደ እዩ። ኣብዚ መፋርቕ ዓመት ብሞያሌ ኣቢሉ ሃገሩ ሓዲጉ ናብ ደቡብ ኣፍሪካ ጉዕዞ ክጀምር ከሎ ኣብ ጅቡኡ 3000 ብር ጥራሕ ነይረኒ። እዘን ገንዘብ ናብቲ ዝሓሰቦ ደቡብ ኣፍሪካ ንምብፃሕ ንሽድሽተ ኣዋርሕን ንኣርባዕተ ሃገራት ንምቁራፅን ክጥቀመለን ተሓሲበን ተታሒዘን ነይረን። ደጀኔ ናብቲ ዝሓሰቦ ምብፃሕ ይትረፍ እሞ ንሂወቱ እውን ፈታኒ ነገር ገጢምዎ።

ደጀኔ ዝተወለደሉን ዝዓበየሉን ንከተማ ሆሳእና ብቀረባ ርሕቀት ትርከብ ኣብ ሻሸጎ ወረዳ ዝበሃል እዩ። ወላዲቱ ብምማተን ኣቡኡ ምስ ደጀኔ ንኣርባዕተ ኣሕዋቱ እናሓረሱ ንከዕብይዎም ፀዓርዓር ይብሉ ነይሮም። ኮይኑ ግና ከምቲ ፃዕሮም ክሰምረሎም ኣይ ካኣለን። ኣቦኦም እታ ምግቢ እውን ብስርዓት ንደ ቆም ምቕራብ ኣይኮነሎምን። ናብራ ብምኽባዱ ደጀኔ ትምህርቱ ራብዓይ ክፍሊ ከቋርፆን ንዓርሱን ቤተሰቡን ዝድግፈሉ ስራሕ ክደልይ ተገዲዱ።

ስራሕ ንክደልይ ካብ ደቡብ ክልል ናብ ኦሮምያ ከተማ ቢሸፍቱ ኣምሪሑ። ኣብኡ መዓልታዊ ስራሕ ክሰርሐ እንተሎ፤ ብወረያ ወረ ናብራ ሕልሚ ደቡብ ኣፍሪካ ጁሃንስበርግ ክህንጠ ጀመረ። ልቡ ንስደት ዝተሃንጠየሉ ምኽንያት ሓደ ቤተሰቡ ቅድሚ ውሱን ዓመታት ናብ ደቡብ ኣፍሪካ ጁሃንስበርግ ከይዱ፣ ምቸዉ ናብራ ዝመስረተ ንዓ ዝብል ምኽሪ እዩ። ብዙሓት ኣዕርክቱን ኣዝማዱን ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከይዶም ሰሪሖም ይልወጡ ብምስምዑ። ኣነ እውን ሰሪሐ ከዓቢ ይኽእል እየ ዝብል መሰረት ዘይብሉ ተስፋ ወረ ሒዘ መስከረም ክልተ ጉዕዞ ጀሚረ ይብል ደጀኔ።

እቲ ጉዕዞ ከምዚ ነይሩ። ካብ ከተማ ቢሸፍቱ ናብ ሃዋሳ ጉዕዞ ስደት ሓደ ኢሉ ተጀሚሩ። ካብኡ ብሞያሌ ገይሩ ናብ ኬንያ/ናይሮቢ/ ብምኻድ ካብኡ ድማ ብሞምባሳ ገይሩ ናብ ታንዛንያ ንምስጋር እዩ ሓሲቡ ተላዒሉ። ኣብ እዋን ጉዕዞ ግና በብዓዱን ዘለዉ ኣካላት ፀጥታ ንከይረኽብዎም እቲ ጉዕዞ ኩልሻብ ምሸት ምሸት ዝግበር እንትኾን፣ ንመጓዓዓዚ ዘድሊ ነገር ድማ ከከም ኩነታት እቲ ዝኸድሉ ቦታትን ኣብተን ሃገራት ዘለዉ ኣካላት ፀጥታ ከይነቕሑ ብዝ ገብር በብእዋኑ ዝቀያየር እንትኮን፤ እቲ ዝበሕዝ ጉዕዞ ብእግሪ ብበረኻታትን እንትኾን ኣብዚ እዋን ሰሙንን ልዕሊኡን ኣብ ብረኻን መሮን ምግቢ ከይረኸቡ ንሰሙናት ክፀንሑ ዝግደድሉ ኩነታት ኣሎ። ብብዙሕ ጥንቃቐ እኳ እንተተጓዓዙ ኣብ ታንዛንያ ምስ በፅሑ ብፀጥታ ኣካላት 20 ሰባት ተታሒዞም። ክልተ መዓልቲ ምስተኣሰሩ ተፈቲሖም። ብከመይ ተፈቲሕኩም ንዝብል እንትምልስ ምናልባት እቶም ስደተኛታት ዘዘዋዉሩ ሰባት ነቶም ኣካላት ፀጥታ ጉቦ ከምዝሃብዎም ይግልፅ።

ምስኣቶም ዝፀንሑ ስደተኛታት በዝሖምን እቶም መዘዋወርትን በብግዚኡን ቦትኡን ከምዝቀያየሩ ይዛ ረብ። እቲ ሓደ ሓንቲ ቦታ ምስ ኣስገረካ ንካሊእ እዩ ዘርክበካ። ስለዚ ፈፂምካ ምርድዳእ ኣየካኣልን። ቋንቋ እውን ዓርሱ ዝኻኣለ ዕንቅፋት ምንባሩ ይዝከር። እኒ ደጀኔ ማላዊ ተሳጊሮም ሞዛምቢክ ምስ ኣተዉ ግና ጉዕዞ ንሂወትና እውን ኣዝዩ ፈታኒ ምኧን ጀሚሩ ይብል።

ጉዕዞ ኣብ ኮንተይነርን ስቅያት ካብዚ ስለዝጅምር። ብግምት ናይ ምሸት ከባቢ ኣርባዕተ ሰዓት ምስኮነ እቶም መዘዋወርቲ ንደጀኔ ሓዊሱ 57 ስደተኛታት ኣብ ሓደ ወሰን ፅርግያ ኣቐሚጦምና። ፅንሕ ኢሎም ድማ 21 ስደተኛታት ወሲኾምልና ብሓፈሻ 78 ኮንና። ንደቡብ ኣፍሪካ ዘብፅሐኩም መኪና ይመፅእ ኣሎ ኢሎም ኣዚና ተሓጒስና ኔርና ይብል።

ኮይኑ ግን ታሕጓስና ከም ንፋስ በኒኑ ጠፊኡ። እቲ መኪና ኮንተይነር ዝፃዓነ ነይሩ። እዚ ምስ ራእና ኣይንኣቱን ኢልና ኣቢና ኔርና፣ ገሊኦም እምቢ ኢሎም ጎዮም ነይሮም” ይብል ደጀኔ። ኮይኑ ግና እቶም መዘዋ ወርቲ ብበትሪ፣ ብፋስን እናፈራርሑን እናወቐዑን እንተለዉ ኣብቲ ኮንተይነር ምእታዉ ዘለዎ ሳዕቤን እንተነገርዎምን እውን እቶም መዘዋወርቲ ክሰምዑ ኣይካኣሉን። ገሊኦም እግሮም ስለዝተወቅዑ ብግዲ ክኣትዉ ከምዝገበርዎምን ኣብቲ ኮንተይነር ክፀቓቐጡ ገይሮም ከምዘእተዉዎምን ጉዕዞ ምስጀመሩ ዋላ ድምፂ ሓግዙና እንተስምዑ፤ እቲ ሽፉር ኮነ እቶም መሰጋገርቲ ክሰምዕዎም ከምዘይደለዩ ይገልፅ።



ናብቲ ኮንተይነር ብሓይሊ ኣትዮም ጉዕዞ ምስ ጀመሩ ሓንቲ ምስኦም ዝነበረት ተሰዳዲት ጓል ነቲ በሪ ስበርዎ ብምባል ንክተበረታትዮም ነቲ ኮንተይነር ክትወቅን ጀሚራ። በዚ ድማ ተለዓዒሎም ነቲ በሪ ንምስባር እኳ እንተመኮሩ ኣይኮነሎምን። ድሕሪ ግዜ ዳርጋ ኩሉ እናደከመ መፅዩ እታ ጓል እናለመነትን እናተማሕፀነትን ተላ ቀዲማ ሙሚታ ከምዝዝክር ይገልፅ። ድሕሪ እዚ ደጀኔ እውን ምድካም ጅሚሩ። እቲ ድካምን ምዕፋንን ምስሓየሎ ዓርሱ ስሒቱ ወዲቑ። እታ መኪና ግና ኮንተይነራ ተሸኪማ ምኺድ ኣየቋረፀትን። ከባቢ 11 ሰዓት ኣጋወጋሕታ ደጀኔ እን ተነቕሐ እቲ ኮንተይነር ተከፊቱ ነይሩ። ኣብ እግሩ ግና ክልተ ኣዕርክቱ ወዲቖም ነይሮም። ዓይኑ ክፍት እንተበሎ ሰማይ ይርኢ። ሽዑ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ኣካላት ፀጥታ ኢትዮጵያዉያን ዲኹም ኢሎም እንትሓቱ ከምዝሰምዐ ይዛረብ።

ካብ 64 ሂወት ኢትዮጵያዉያን ስደተኛታት ዝበልዐ ኮንተይነር ዘምለጠ ደጀኔ ብሓገዝ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት ኣይኦኤም ምስ ካልኦት 10 መሳድድቱ ናብ ዓዱ ተመሊሱ። ዓዱ ምስኣተዉ ናብ ቤተሰቡ ደዊሉ መን ኢኻ እንትብልዎ ደጀኔ እዩ ምስበሎም፣ ሞይቱ ኢሎም ጠርጢሮም ስለዝነበሩ ዓባይ ሓፍቱ ደንጊፃ ስልኪ ዓፅያቶ። ደሓር ተረጋጊዓ ተመሊሳ ደዊላትሉ። ኣብ መወዳእታ ግና ይብል ድሕሪ ሕዚ ስደት ዝበሃል ፈፀመ ኣይሓስቦን። ብቤሎያ ቤሎ ወረ ተታሊለ ንመንግስተ ሰማይ ክወስደኒ ዝሓሰብክዎ መንገዲ ሲኦልን ሞትን እዩ ኮይኑኒ ነይሩ ይብል።

እዚ ንኣብነት ኣቕሪብና እምበር ሎሚ ተጋሩ ኮኑ ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት ኣብ ዘዝተሰደድሉ ከባብታት ብሰንኪ ቫይረስ ኮሮና ብርክት ዝበሉ ፀገማት እናተቃልዑ ከምዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሚድ ያታትን ማሕበራዊ ሚድያን በብመዓልቱ ዝግለፅ ዘሎ ነገር እዩ። እዚ ዝኮነሉ ምኽንያት ድማ እቶም ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዝኣተዉለን ሃገራት ብሰንኪ እቲ ቫይረስ ዘውፅአኦ ፖሊሲ ዶባት ምዕ ፃውን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዘይምቕባልን ነቲ ሕማም ከጋዱዱልና እዮም ዝብል እዩ። በዚ በለ በቲ ግና እቶም ስደተኛታት ዝበፅሖም ዘሎ ስቃይን መከራን ካብ ዝኾነ ጊዜ ዝኸፍአ እዩ። ዘይ-ሕጋዊ ስደት ብፍላይ ብተጋሩ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ደው ክብል ዝኽእል፤ መናእሰይ ትግራይ ዘመናዎት ጊልያ ኮይኖም፣ ዓዲ እማቶም ካብ ዘልምዑ ንእሽ ተይ እቶት ዘለታ ስራሕ ዓዶም ብምምራፅ ኣብ ልምዓት ዓዶም ኣበርክቶ እንትመርፁ ጥራሕ እዩ። እዚ ንክኾን ድማ መናእሰይና ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ንክሕዙ፣ ፍቕሪ ሃገርን ክልሎምን ንክህልዎም ወለ ድን ዝምልከቶም ኣካላትን ኣብዚ ብዙሕ ምስራሕ የድሊ።

ፍልፍል፡- ቢቢሲ ኣምሓርኛ

ሕዚ'ውን መስመርና ኣፀኒዕና ንመኸተ !



ሜጋ ሕትመት ሓ/ዝ/ው/ማሕበር